ሰነ 2007 ዓ.ም.ግ (2015)

# መንፈሳዊ ህይወት ኣብ ግብሪ

ቀሺ ኣትናትዮስ እስክንድር/Fr Athanasius Iskander
ትርጉም፣ ፍኖተኣትናቴዎስ HTTP://FNOTEATNATIEWOS.COM/

# መዉጽኢ


መእተዊ ........ 3

ምዕራፍ.1፦ ኣእምሮካ ምግዛእ ........ 6

ረብሓ ዘይብሉ ፍልጠት ........ 6

መንፈሳዊ ፍልጠት ........ 8

ምዕራፍ፡2 ፍቓድኻ ምቁጽጻር ........ 9

ምዕራፍ፡3- ምቁጽጻር ህዋሳት ........ 12

ዓይኒ ........ 13

ቅኑዕ ኣጠቃቕማ ዓይኒ ........ 14

እዝኒ ........ 15

ቅኑዕ ኣጠቃቕማ እዝኒ ........ 16

መልሓስ ........ 16

ብመልሓስ ዝፍጸም ካልእ ሓጢኣት ........ 17

ብዙሕ ምዝራብ ........ 17

ምዕዶ ........ 17

ኣፍንጫ-ናይ ምሽታት ህዋስ ........ 18

ቅኑዕ ኣጠቃቅማ ኣፍንጫ ........ 18

ናይ ምድህሳስ ህዋስ ........ 18

ምዕራፍ፡4 - ምቁጽጻር ዝኽሪን ሕልማዊ ሓሳብን ........ 19

ናይ ዝክሪ ሓጢኣት ........ 20

ዝሙት ........ 20

ሕርቃን ........ 20

ኣብ ካልኦት ምፍራድ ........ 20

ውዳሴ ከንቱ ........ 20

ናይ ሓሳብ ሓጢኣት ........ 21

ዝሙት ........ 21

ሕርቃን ........ 21

ኣብ ካልኦት ምፍራድ ........ 21

ከንቱ ውዳሴ ........ 21

ሕልሚ ቀትሪ ........ 21

ፍቅሪ ዓለም ........ 22

ብልዒ ምፍታው ........ 22


መፍትሒ ........ 22

ምዕራፍ፡5- ናይ ድፍረትን ትዕቢትን ሓጢኣት ........ 22
ገለ ኣብነታት ናይ ድፍረት ሓጢኣታት ........ 23
1.ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምዉካል ........ 23
2. እምብዛ ጽድቂ ........ 23
3 . ገዛእ ርእስኻ ምቕጻዕ ........ 23
4.ገዛእ ርእስኻ ካብ ሓጢኣት ምፍታሕ ........ 23
5.ኣደናጋሪ ጽድቂ ........ 24
6.ናይ ሓሶት ራእይን ሕልምን ........ 24
7.ናይ ሓሶት ውህብቶ ........ 25
8.ናይ ሓሶት ዕረፍትን ናይ ሓሶት ንብዓትን ........ 25
9.ቅድሚ ማዕበል ዘሎ ህድኣት ........ 26
10.ኲናት ኣንጻራዊ ሓሳባት ........ 26
11.ኲናት ኣንጻር መንፈሳዊ ዕብየትካ ........ 26
12.ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓጢኣት ........ 26
ምዕራፍ፡6- ስነ-ምግባር ........ 27
ተኣዛዝነት ........ 28
ምልምማድ ተኣዛዝነት ........ 28
ትዕግስቲ ........ 29
ምልምማድ ትዕግስቲ ........ 29
ምዕራፍ 7 - ለዉሃት (ሕያዉነት-ምስኪን ምኳን) ........ 30
ደረጃታት ለዋህነት ........ 31
ለዋህነት ምልምማድ ........ 31
ምዕራፍ፡8-ንጽህና (ድንግልና) ........ 33
ንጽህና (ድንግልና) ንምሕላው ዝግበር ቃልሲ፣ ........ 36
ፈተናታት ዲያብሎስ ........ 37
ምዕራፍ.9 - ምልላይ ሓሳባትን ምናፍስትን ........ 38
ምልላይ ሓሳባት ........ 38
ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ፣ ........ 40

# መእተዊ

## ብስም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣ ሓደ ኣምላኽ፡ ኣሜን!

*ሰላም ንዓኹም ክቡራት ኣንበብቲ፣ እዛ ሕጂ ኣብ ኢድኩም በጺሓ እተንብብዋ ዘለኹም መጽሓፍ፣ ቅድሚ 8 ዓመት ኣቢሉ ይኸዉን ኣብ ቤተክርስቲያንና ንዘተ ክትኸዉን ብምባል ኣብ ጥራዝ ቶርጊመያ ኔረ። ሕጂ ከኣ ግዚኡ በጺሑ በዚ መልክዕ ቀሪበልኩም ኣለኹ። እዛ መጽሓፍ ቅድሚ ኣብ ኢንተርነት ምዝርግሓ፣ ፍቓድ ነዛ መጽሓፍ ዘዳለውዋ ኣቡነ ኣታናስዩስ እስክንድር ከም ዝሓተትኩ፣ ንሶም ዉን ፍቓዶም ከም ዝሃቡኒ ብትሕትና ክሕብረኩም ይፎቱ። ርእይቶ ምስዳድ ኣይትሕመቑ። ብሩኽ ናባብ!*




ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት፡ ሰብ ብመልክዕን ምስሊን ኣምላኽ ከም ዝተፈጥረ ይነግረና። ስለዚ ከኣ`ዩ ሰብ ብተፈጥርኡ፡ ናብቲ ንሱ ዝተፈጥረሉ ምስሊ፡ ናብ ኣምላኽ ዝጥምት። ብዘይካ`ዚ ዉን፡ ሰብ ካብ ካልኦት ፍጥረታት ፍልይ ዘብሎ፡ ብሰናይ ድሌትን ፍቓድን ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እዩ ተፈጢሩ። ማለት፡ ሰብ ብሰናይ መገዲ ምእንቲ ክመላለስ እዩ ተፈጢሩ። ምኽንያቱ ብፍቓድ`ቲ ምንጪ ኩሉ ሰናይ ነገር ዝኾነ፡ እግዚኣብሔር ስለ ዝተፍጥረ። እዚ ሰናይ ነገር ክንገብር ዝድርኸና ሓይሊ፡ ባሕሪያዊ (ተፈጥሮኣዊ) ሓይሊ ኮይኑ፡ ሰናይ ነገር ክንገብር ድማ ሓይሊ ይህበና። እዚ ባህሪያዊ ሓይሊ`ዚ፣ "ናይ ሕልና ሕጊ" ይበሃል /ሮሜ2፡14/።

ኣዳምን ሔዋንን ድሕሪ ምውዳቖም፡ ህይወት ደቂ ሰባት ክበላሸዉ ጀመረ። ሓጢኣት ዉን ናብ ባህሪ ደቂ ሰባት ኣተወት። ኣብ ፍቓድን ኣተሓሳስባን ደቂ ሰባት ዉን፡ ክግመት ዘይክእል ኣሉታዊ ለዉጢ ኣተወ። እቲ ብባህሪኡ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ዝዉከልን፡ ናብቲ ምስሉን መልክዑን ዝኾነ ኣምላኽ ዝጥምት ዝነበረ ሰናይ ባህሪ ደቂሰባት ተጸየቐ። ሓጢኣት ከኣ «ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ» ዝብል ጠባይ ኣተኣታተወት። እዚ ኸኣ፡ ንዓና ንደቂ ሰባት ኣብ ክልተ ባህሪ ከም ንቕርቀር ገበረና። እቲ ሓደ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ክትዉከልን ክትሙርከስን ዝገብር ዝዓበየ ድሌት፡ እቲ ካልኣይ ድማ ገዛእ ስጋኻ ከተዕግብ ዝደፋፍእ ዝተሓተ ድሌት። ብተወሳኺ፡ ሓጢኣት ምስ ሕጊ ሕሊና ዝጻረር ካልእ ሕጊ ሓጢኣት ብምትእትታዉ፡ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ኣርከሰቶ። እዚ ኩነታት እዚ፡ ናብ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ፈተናታት ከም ንኣትዉ ገበረና። ቅዱስ ጳዉሎስ ባዕሉ፡ ኣብ መልእክቱ ነዚ ነገር ገሊጽዎ ኣሎ/ሮሜ 7፥18-19/ *“ሰናይ ንምግባር ደኣ ድሌት ኣለኒ እምበር፡ ምግባር ሰናይሲ የብለይን። ስለዚ ኣባይ፡ ማለት ኣብ ሰብ ሰብኣዊ ባህርየይ ሰናይ ከም ዘየልቦ እፈልጥ ኣሎኹ። ነቲ ኽገብሮ ዝደልዮ ሰናይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኽገብሮ ዘይደልዮ ነገር እየ ዝገብር ዘሎኹ”* ።

ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብተዋህዶ ነቲ ድኹም ስጋና ምስ መለኮቱ ኣወሃሂዱ ምስ ተገልጸ፡ ነቲ ረኺሱ ዝነበረ ባህሪና፡ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ማለት ናብቲ ብመልክዕን ምስሊን ኣምላኽ ዝተፈጥረሉ ደረጃ መለሰና። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ብምሟት ድማ፡ ሓጢኣት ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝነበሮ ልዕልና ከም ዝኽትም ገበሮ። ብናይ ጥምቀት ምስጢር ኣቢልና ድማ፡ ምስኡ ሕብረትን ሓድነትን ብምፍጣር፡ ንሓጢኣትን ርኽሰትን ተቓሊስና ንስዕረሉ ጸጋ ተዓደለና። ብሚስጢረ ጥምቀት ዳግማይ ካብ ማይን መንፈስን ንዉለድ፡ መንፈስ ቅዱስ ዉን ንቕበል። መንፈስ ቅዱስ ከኣ፡ ናብ ቀደም ክብሪና፡ ንምስሊ ኣምላኽ ዳግማይ ክንመስል ኣብ ንገብሮ ነዊሕ ቃልሲ፡ ኣባናን ምሳናን ኮይኑ ብምስራሕ፡ ዳግማይ ነቲ ዝዓበየ ክብሪ ክንበቅዕ ይገብረና።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ኣንቀጸ ብጹኣን ክምህር እንከሎ፣ *«ከምቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ ንስኻትኩም ዉን ፍጹማት ኩኑ»* /ማቴ 5፥18/ በለና። ዳግማይ ብጥምቀት ተወሊድና፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተሓዲስና ንጺህናን ፍጹማን ክንኸዉን፡ እኳ ደኣ ከምቲ ናይ ሰማይ ኣቦና ፍጹማን ክንኸዉን፡ ጐይታ ነገረና። እዚ እዩ ከኣ «ክርስቲያናዊ ፍጹምነት» ዝበሃል። ባህሪኻ ለዊጥካ፡ ናብ ናይ ቀደም ክብሪ፡ ንምስሊ ኣምላኽ ምሓዝ።

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ናይ ፍጹምነት ደረጃ ክንበጽሕ ከም ዝግብኣና፡ ብብዙሕ መንገዲ ይነግረና። ሓደ መንእሰይ ናብ ጐይታ ቀሪቡ፡ "ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብሲ፡ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?" ኢሉ ምስ ሓተተ። ጐይታ፡ «ንምንታይ ብዛዕባ ጽቡቕ ትሓተኒ ኣሎኻ፡ እቲ ጽቡቕሲ ሓደ እዩ። ናብ ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሌኻ ግና፡ እተን ትእዛዛት ሓሉ.. ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ብጻይካውን ከም ነፍስኻ ፍቶ፡ በሎ።

እቲ ጐበዝ፡ `እዚ ኹሉ ካብ ንእስነተይ ሒዘ እሕልዎ አሎኹ፡ እንታይ ደኣ እዩ ዚጐድለኒ ዘሎ? በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ ፍጹም ክትከውን እንተ ደሌኻስ፣ ኪድ፡ ዘለካ ሼጥካ ንድኻታት» /ማቴ 19፡16-21/ በሎ። ብኸምዚ መገዲ ድማ፡ ጐይታ ነቲ ሕጊ ኩሉ ፈጺመ እየ ዝበለ መንእሰይን፡ ነቶም ፈጸምቲ ሕጊ ኢና በሃልቲ ፈሪሳውያንን (ነቶም ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለና ሰባትን) ሓደ መልእኽቲ ኣመሓላለፈ። ንሱ ድማ፡ ኩሉ ሰብ ክርስቲያናዊ ፍጹምነት እንተ ዘይብሉ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይወርስን። እዚ መንእሰይ ክቕበሎ ዘይከኣለ፡ ክርስቲያናዊ ፍጹምነት፡ ኣዝዩ ኣገዳስን ኣድላዪን እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዘለኣለማዊ ህይወት ወይ መንግስተ ሰማያት ክንወርስ እንታይ ከም ዘድልየና ይነግረና እዩ። ብኸመይ መንገዲ ንዝብል መስርሒ ግና፡ ኣነጺሩ ኣይነግረናን። እዚ ንነፍሲ ወከፍና ዝግደፍ ጻዕሪን ገድሊን እዩ። «ከምቲ ኩሉ ሳዕ ዝተኣዘዝኩምዎ፡ ብፍርሓትን ብራዕድን ምእንቲ ድሕነት ናይ ገዛእ ርእስኹም ድሕነት ስርሑ» ከም ዝበለ ቅዱስ ጳውሎስ /ፊሊ. 2፡12/። ቃል ኣምላኽ ከም ዝምህረና፡ ድሕነት ክንረክብ ጻዕሪን ገድሊን ኣድላዪ እዩ። እቲ ዘሐጉስ ነገር ግና፡ ኣብዚ ጻዕሪ`ዚ በይንና ኣይኰንናን። ኣባና ሓዲሩ፡ ምሳናን ብኣናን ምእንታናን ኢሉ ዝዓዩ፡ መንፈስ ቅዱስን ጸጋ ኣምላኽን ኣሎና።

ቤተክርስቲያን ድሕሪ ምምስራታ ዝነበሩ ቀዳሞት ክርስቲያናት፡ ድሕነት ንምርካብ ብፍሉይ መስዋእትነት ማለት ብሰማእትነት እናሞቱ መንግስተ ሰማያት ይወርሱ ነበሩ። ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ክፍለ ዘመናት ዝነበሩ ክርስቲያናት፡ ነፍሶም ኣሕሊፎም ብምሃብ፡ ደሞም ምእንቲ ክርስቶስ ኣፍሲሶም፡ ናይ ዘለዓለማዊ ህይወቱ ይወርሱ ነበሩ። እቲ ዘመን`ቲ ንብዙሓት ምእመናን ብሰማእትነት ኣቢሎም፡ መንግስተ ሰማያት ዝወርሱሉ ዕድል ከፊቱሎም እዩ።

ቆስጠንጢኖስ ንጉሱ ኣዋጅ ምስ ተኣወጀ፡ ክርስትና ዉን ናጽነት ዘለዎ እምነት ምስ ኰነ፡ ሽዑ ዝነበሩ ክርስቲያናት፡ ድሕነት ነፍሶም ዝረኽቡሉ መገዲ ክናድዩ ጀመሩ። ኣብ ገዳማት ብምምንኳስ ድማ፡ ድሕነቶም ክፍጽሙ ጀመሩ። ዋላ`ኳ ደሞም ምእንቲ ክርስቶስ ኢሎም ብመስዋእትነት ክሕልፉ ዕድል ኣይርከቡ፡ ኮይኑ ግና ስጋዊ ኣካላቶም፡ ህያዉን ቅዱስን መስዋእቲ ንኣምላኽ ባህ ዘብል ጌሮም ብምቕራብ፡ ድሕነቶም ክፍጽሙ ጀመሩ /ሮሜ 12፡1/።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መንፈሳዊ ቃልሲ ዝነግር ብዙሕ ቃል ኣምላኽ ኣሎ። «እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም» /ገላ 5፡24/ «ንኻልኦት እናሰበኽኩ፡ ንርእሰይ ድርቡይ ምእንቲ ኸይከውን፡ ንስጋይ የሰቅዮን እገዝኦን ኣሎኹ።» /1ይ ቆሮ 9፡27/። ኣብ ገሊኡ ድማ፡ ከም ኣትሌት ጎየይቲ ክንጎዩ ከም ዝግብኣና ይነግር። «ኣብቲ ስፍራ ቕድድም ዚቃዳደሙ'ሽ ኹላቶም ከም ዚጐዩ፡ ነታ ዓስቢ ዓወት ግና ሓደ ኸም ዚወስዳዶ፡ ኣይትፈልጡን ዲኹም? ንስኻትኩም ምእንቲ ኽትረኽብዋ፡ ከምኡ ጕየዩ።» /1ይ ቆሮ 9፡24/ «ምእንትዚ ንሕና ድማ ብኸንድዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ኸሎና፡ ንኹሉ ዚኽብደናን ነቲ ዚጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቕ፡ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጕየ።» /እብ 12፡1/። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ድማ፡ ከም ኲናት ይገልጾ። «ምስ ሓጢኣት ብምቅላስኩም ገና ኽሳዕ ኣብ ደም እትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን።» /እብ 12፡4/ «ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ ኢየሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኳንካ መከራ ጽገብ። ዓቀይታይ ናብ ኲናት ከይዱስ፡ ነቲ ዝዓቀየ ምእንቲ ኼሰምሮ ኢሉ፡ ብናይ መነባብሮኡ ዚጠላለፍ የልቦን።» /2ይ ጢሞ፡ 3-4/ ከም ምስ ኣራዊት ምቅላስ ገይሩ ዉን ኣብ ካልእ ይገልጾ። «ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዝጓዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር አሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ።» /1ይ ጴጥ 5፡8/

ናይዘን ጥቕሲታት ሓፈሻዊ ቀንዲ መልእኽቲ፡ መንፈሳዊ ህይወት ኣንጻር ጸላኢ ሰናያትን ገዛኢ ጸልማትን እናተቓለስካ ዝንበር ቃልሲ፡ ዝጉየ መገዲ ምዃኑ እዩ። «እቲ ቃልስና ምስ ሕልቅነት ስልጣናት ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለም ምስ መናፍስቲ እከይ ኣብ ሰማይ እዩ እምበር፣ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን» /ኤፌ 6፡12/።

እቶም ነዚ መገዲ ዝተረድኡን ነዚ ህይወት ክነብሩ ዝመረጹ ኣመንትን፡ ናብ ገዳም ከይዶም ነዚ ቃልሲ ክጋደልዎ ጀመሩ። ከም ናይ ክርስቶስ ኣትሌታት ጎየይቲ ኮይኖም፡ ኣንጻር ኣጋንንቲ እናተቓለሱ ድማ፡ ናብ ክርስቲያናዊ ፍጽምነት ክበጽሑ ከኣሉ። ብከምዚ መገዲ ድማ ምንኩስናዊ ህይወት ንሰማእትነት ክትክእ በቕዐ። እቶም ቅድሜና ዝሓለፉ ኣትሌታት (መንፈሳዊ ጉያ ዝጎየዩ) ፡ ከመይ ጌርና ክርስቲያናዊ ፍጹምነት ክንበጽሕ ከም ንኽእል ዝምህሩን ዘረድኡን ጽሑፋት ብምሕዳግ፡ ንዓና ብዙሕ ውዕለት ጌሮምልና እዮም። በዚ መልክዑ ዉን፡ ገዳማት ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ንፍጹምነት ዘብጽሑ መንፈሳዊ ዩኒቨርሲቲ ክኾና በቒዐን እየን። ገዳማውያን ኣቦታትን ኣዴታትን ድማ፡ ነዚ ሕጂ መንፈሳዊነት ኢልና ንዛረበሉ ዘለና፡ ናብ ፍጹምነት ክንበጽሕ ዝሕግዙና መስርሓት ብጥበብ ክሰርሕዎ ጀመሩ። ኣብዘን ዩኒቨርሲታት (ገዳማት) ዉድቀት ይኹን ዓወት ዉጽኢቱ ብዘየገድስ፣ ናይተን ዝተገብራ ፈተነታት (መንፈሳዊ) ዉጽኢተን፡ ኩሉ ኣብ መጽሓፍቲ ሰፊሩ ተሓቲሙ እዩ።

እቲ ዝገርም ድማ፡ እቶም ነዚ ህይወት ዝሓለፍዎ ገዳማውያን መነኮሳት፡ እንትርፎ ክዛረቡ እንተ ዘይተኣዚዞም፡ ብዛዕባ ብሂላቶምን ተሞክሮኦምን (ካብ ከንቱ ዉዳሴ ንምርሓቕ) ኣይዛረቡን፡ ንሰባት ዉን ኣይነግሩን። እቲ ኮይኑ እቲ ግና፡ ኩሉ ጥበባት መንፈሳዊ ህይወትን ክርስቲያናዊ ፍጹምነትን ኣብ መጽሓፍቲ ሰፊሩ ኣሎ። ጥበብ ምንኵስና ክመሃር ንዝደሊ ሰብ ድማ፡ ነዘን ጽሑፋት እናፈተሸ፡ ብዙሕ ትምህርቲ ክረኽብ ይኽእል።

መነኮሳት ኣቦታትና፡ እንታይነት ሓጢኣት፡ ዓይነት ሓጢኣት፡ ንሓጢኣት ዘቃልዑ ረቛሒታት፡ ብከመይ መገዲ ክንቃለሶምን ክንስዕሮምን ንኽእል፡ ዝብሉ ጽሒፎምልና ኣለዉ። ንስነ-ምግባር፤ ብዓይነትን ሜላን ብምምቕቓል፡ ከመይ ጌርና ክነጥርዮምን ባህሪና ክንገብሮምን ከም እንክእል ምሂሮምና ኣለዉ። ካብ ኩሉ ዝያዳ ዝገርም ድማ፡ ገሊኦም

ኣብ ምብራቅ፡ ገሊኦም ኣብ ሰሜን፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ምዕራብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መኣዝናት ዓለም እናነበሩ ክነሶም፡ ኣብቲ ኣበሃህላኦምን ኣገላልጽኦምን ግና፡ ኩላቶም ዝሰማምዑ ምኻኖም እዩ። ኣብ ቅዱሳን ኣቦታት ዘለዋ ክልተ ዓበይቲ መምርሒታት እዚኣተን እየን። ሓደ ናብ ክርስቲያናዊ ፍጹምነት ክበጽሕ ዝደሊ ሰብ እዚኣን ነገራት ክገብር ኣለዎ።

እቲ ቀዳማይ፡ ወዲ መዝሙር ማለት ተማሃራይ ምኻን እዩ። ብዛዕባ ገድሊ ቅዱሳን ከነንብብ እንከሎና፡ ኣባ ክስቶ ናይ ኣባ ክስቶ ወደ መዝሙር ነይሩ ዝብል እዩ። በዓል ቅዱስ ጳውሊ ባሕታዊ፡ ቅዱስ እንጦንስ ርእሰ መነኮሳት፡ ቅዱስ መቃርስ ዓቢ... ወዘተ ንጥበብ መንፈሳዊነት ዓንዲ ኮይኖም፡ መሰረት ናይቲ መንፈሳዊ ህይወት ዩኒቨርሲቲ ኣንጺፎም እዮም። ጥበባት መንፈሳዊ ህይወት ክመሃር ዝደሊ ሰብ፡ ቅድም ቀዳድም ወደ መዝሙር ማለት ተማሃራይ ክኸውን ይግባእ። ገዛእ ርእሱ ናብ መማህራን ከቕርብ ኣለዎ። ንሓደ መምህር ፍጹም ተገዚኡ፡ ተማሃራዩ ክኸውን ይግባእ። እዚ ግና ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ሓደ መምህር፡ ወደ መዝሙሩ ክትኸውን ክቕበለካ እንተ ኮይኑ፡ ቅድም ፈተና ትፍተን ኢኻ። ነቲ ዝተዳለወ ፈተና፡ ብግቡእ እንተ ሓሊፍካ፡ ብድሕሪ`ዚ ተማሃራይ ናይቲ መምህር ክትከውን ይፍቀደልካ። እቲ ዝቀርብ ፈተናታት፡ ንዝተፈላለየ መንፈሳዊ ባህሪያት ዝፍትሽ ኣዝዩ ረቂቕ እዩ። ንኣብነት፡ ቅዱስ ጳቅሚዩስ ናይ ቅዱስ ጳሊሞን ተመሃራይ ንክኸውን ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢሉ ለሚኑ እዩ።

እቲ ካልኣይን ኣገዳሲን መምርሒን ድማ፡ ኣብ ሓይልን ጥበብን ገዛእ ርእስኻ ዘይምምርኳስን ዘይምውካልን እዩ። ስነ ምግባር ክመሃር ኢሉ ዝቐረበ ተማሃራይ፡ ኣብቲ ንዕዑ ክምህርን ክሰልጥንን ኢሉ ሓላፍነት ዝወሰደ መምህር (ኣቦ) ሙሉእ እምነት ክሕድርን ንዕኡ ፍጹም ክእዘዝን ይግባእ። መምሃራን ማለት ኣቦታት፡ ንተኣዛዝነት ደቀ መዛሙርቶም ብብዙሕን ዘገርምን መገድታት ይፍትንዎም ነበሩ።

ሓደ እዋን ሓደ ኣቦ ንወዲ መዝሙሮም፡ ንቕጽቲ በትሪ ኣምጺኦም ብምትካል፡ ማይ ኣስትዩ ከብቊላ ኣዘዝዎ። እቲ ወዲ መዝሙር ዉን፡ ብተኣዛዝነት ንሰለስተ ዓመት ካብ ርሑቕ ቦታ ማይ ኣምጺኡ ብምስታይ፡ ጠጢዓ ፍረ ከተፍሪ ገበራ። ካልእ ተማሃራይ ዉን፡ ኣብቲ ከባቢ`ቲ ገዳም ዝብኢ ብምህላዉ ከማርር እንከሎ መምህሩ ሰምዕዎ እሞ፡ ከይዱ ዝብኢ ደልዩ ከምጽእ ኣዘዝዎ። እቲ ተማሃራይ ብፍጹም ተኣዛዝነትን ብእምነትን ከይዱ፡ ዝብኢ ደልዩ ብምሓዝ፡ ናብ መምህሩ ኣቕረበ። መምህሩ ግና፣ ዋላ`ኳ እቲ ተማሃራይ ዘምጸኦ ዝብኢ እንተነበረ «ዝብኢ እምበሪ፣ መዓስ ከልቢ ኢለካ» ብምባል መለስዎ።

እቶም ንመምሃራኖም ኣሚኖም ብፍጹም ተኣዛዝነት ዝተማህሩን ዝሰልጠኑን ተማሃሮ (ደቀ መዛሙርቲ) ትምህርቶም ምስ ወድኡ፡ ብርጊኦም መማሃራን ኮይኖም ንካልኦት ክምህሩን ነቲ ዝተማሃርዎ ናብ ካልኦት ከሰጋግሩ በቒዖም እዮም። ኣብ ብሂል ቅዱሳን ኣቦታት ኩሉ ግዜ እትዝዉተር ብሂል፡ «ብጹእ ኣቦና ከምዚ በለ፣ ብጹእ ኣባ ክስቶ ንኣባ ክስቶ ከምዚ በሎ» ዝብል እዩ። ተማሃራይ ናይ መምህሩ ብሂል ጥራይ እዩ ዝደግም፣ መምህር ምስ ኮነ ድማ፡ ነቶም ናቱ ተማሃሮ ናቱ ብሂል ክምህርም ይጅምር።

ኣብ መጽሓፍ መነኮሳት ዘሎ ኩሉ ብሂላት፡ ኣዝዩ ደስ ዝብል እኳ እንተኾነ፣ ንኩሉ ሰብ ግና ምቹኣት ኣይኮናን። ከምቲ ቅዱስ ጳዉሎስ ዝበሎ «ገና ስጋዉያን ስለ ዝኾንኩም ጸባ እምግበኩም ኣለኹ፣ ዕጹም መግቢ ኣይኮነን። ኣይከኣለኩምን ሕጂ እኳ ኣይትኽእልዎን ኢኹም።» /1ይ ቆሮ 3፡2/። ንህጻናትን ንዓበይቲን እትህቦ መግቢን ይፈላለ እዩ።

ኣብ ህይወት፡ ተሞክሮን፡ ብሂላትን ቅዱሳት ኣቦታትን ተሞርኲሶም፡ ብዙሓት መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ተጻሒፈን እየን (THE LADDER OF DIVINE ASCENT" by John Climacus, THE INSTITUTE and THE CONFERENCE by John Casians ክልተ መጽሓፍቲ) ከም ኣብነት ክጥቀሳ ይኽእላ። ኣብ ናይ ሩስያ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ኣበመኔትን ሊቅን ዝነበረ ቅዱስ ቴዎፋን ባሕታዊ ዘዳለዋ፣ The Unseen warfare /ዘይርአ ኹናት/ ትብል መጽሓፍ ዉን ኣላ። ብሂላት ቅዱሳን ኣቦታት በብክፍሉን ኣርእስቲን መቓቒሉ፣ ናቱ ትንታነ ወሲኹ ዘዳለዋ እዩ። እዛ ኣብ 16 ክ/ዘ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ንመነኮሳት ኮይና፣ መንገዲ ክርስቲያናዊ ፍጽምና ጽቡቕ ጌሩ እተረድእ እያ። ብቲቶ ኮሊያንደር ዝተጻሕፈት፣ The Way of Ascetics/ *መገዲ ባሕታዉያን*/ ትብል መጽሓፍ ግና ፍልይ ዝበለት እያ። እዛ ኣብ ፊላንድ ዝነብር ብበዓል ሓዳር ኦርቶዶክሳዊ ክርስቲያን ሰብኣይ፡ ኣብ መፋርቕ 20 ክ/ዘ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ማንም ተራ ሰብ ከመይ ገይሩ ብሂል ቅዱሳን ኣቦታት ኣብ ህይወቱ ከተግብሮ ከም ዝኽእል እትምህር ጽብቕቲ መጽሓፍ እያ። ኣብ መፋቃር 20 ክ/ዘ ዝነበረን ሕጂ ኣብ 21 ክ/ዘ ዘሎ ህይወት ኣዝዩ ፍልልይ ኣለዎ። ዓለም ሕጂ ከፊኣ ኣላ። ንክንስዕራ ከኣ ካብ ገዳማዉያን ኣቦታትና መምርሒታትን ሜላታትን ክንልቃሕ የድልየና።

ኣብ 21 ክ/ዘ ዘለና ኦርቶዶክሳዉያን ክርስቲያናት መንእሰያት ነዚ ከነስትዉዕል ይግባእ። እዚ ጽሑፍ፡ ኣብ ጾም ኣርባዓ ናይ 2001 ዓ.ም.ፈ፣ «መንፈሳዊ ህይወት ኣብ ግብሪ/Practical Spirituality» ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ኦንታርዮ ካናዳ ዝመሃርክዎ ትምህርቲ እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ ዘሎ መምርሒታት ከም መበገሲ እምበር ቀያዲ ኣይኮነን። ስለዚ ቅድሚ ኣብዚ መጽሓፍ`ዚ ዘሎ መምርሒታት ምትግባርኩም፡ ኣቀዲምኩም ምስ ኣበ ነፍስኹም ተዛተዩ። ገለ ገለ መገዲታትን መምርሒታትን ብዉልቂ ከይሰማምዓኩም ይኽእል`ዩ።

ፍጹም ክርስቲያን ክንከዉን፡ ፍቃድናን ኣእምሮናን ኣተሓባቢርና፡ ናብቲ ዝተፈጠርናሉ ምስሊ ናብ እግዚኣብሔር ምስ ነቅንዕ ጥራይ እዩ። ስለዚ ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፋት፡ ፍቃድናን ኣእምሮናን ምቁጽጻር ክኸዉን እዩ። ዝቕጽላ

ምዕራፋት፣ ንሓጢኣት ምቅላስን ሞራላዊ ኣካይዳን ዝምልከታ እየን። ናይ ህዋሳትን ናይ ተዘክሮ ሓሳባትን ሓጢኣት ክስዕብ እዩ። ሕቡእ ሓጢኣት ዝምልከትን፣ ፍጹማት ምእንቲ ክንኸውን ዘኽእላና ስነ ምግባራትን ዝሓዘላ ነጥቢታትውን ክህልዋና እየን። እግዚአብሔር ኣምላኽ ነዚ ጽሑፍ`ዚ ባሪኹ፣ መንፈሳዊ ህይወትና መዕበዩን፣ ንስሙ መመስገኒን ይግበረልና፣ ኣሜን።

ቀሺ ኣትናቴዎስ እስክንዲር

ለካቲት 15.2005 ዓ.ም.ፈ

# ምዕራፍ.1፡- ኣእምሮካ ምግዛእ

- ኣእምሮና ካብ ጎዳእትን ረብሓ ዘይብሉን ፍልጠት ከመይ ጌርና ንኽልክል?
- *መንፈሳዊ* ፍልጠት`ከ ኣብ ልብና ከመይ ጌርና ክንዕቅብ ንኽእል?
  ሓብርና ንርኣይ።

## ረብሓ ዘይብሉ ፍልጠት

ፍጹም ክርስትያን ክንከውን እንተ ደሊኻ፣ ንነፍሲ ረብሓ ካብ ዘይህቡ ፍልጠታት፣ ኣእምሮና ንዓቅብ። ብርግጽ እዚ ዘለናዮ ዘመን፣ ናይ ሓበሬታን ናይ ቴክኖሎጂን ዘመን እዩ። ዓለም ቅድሚ ሕጂ ቀሪባቶ ዘይትፈልጥ ሓበሬታ ተውሕዘልና ኣላ። ብቴሌቭዥን፣ መጽሓፍ፣ መጽሔት፣ ጋዜጣ ሕጂ ኸኣ ብኢንተርኔት ሓበሬታ ትህበና። እዚ ኸኣ ንኣእምሮና ረብሓ ብዘይብሎም ሓበሬታ ከነርክስ ይዕድመና። ኣብ ግዜና፣ ስለ ሓበሬታ ጥራይ ኢሎም፣ ሓበሬታ ዝእክቡ ሰባት`ውን ኣይሰኣኑን።

ቅዱስ ጳውሎስ / 1ይ ቆሮ 2፥2/ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ *«ኣብ ማእከልኩም ከሎኹ፣ ብዘይ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንሱ ከኣ እቲ እተሰቅለ ሓደ ነገር እኳ ከም ዘይፈልጥ መደብኩ»* ። ቅዱስ ጳውሎስ ብዘይካ ኢየሱስን ወሃቢ ህይወት ስቅለቱን ካልእ ዝኾነ ፍልጠት ኣይደለየን።

«ብዙሕ ጥበብ ኣብ ዘለዎ፣ ኣብኡ ብዙሕ ጓሂ ኣሎ እሞ፣ እቲ ፍልጠት ዜብዝሕ ስቓይ የብዝሕ» /መክ 1፥18/።

ረብሓ ዘይህቡ ፍልጠት ካብ ዝበሃሉ ኣብነታት ብቀዳምነት ዝጥቀስ፣ **ብዙሕ ዜና ምስማዕ** እዩ። ነዚ ነገር ንምትሕልላፍ ናይ ተለቭዥን መደበራት 24 ሰዓት ዜና የቕርባ ኣለዋ። መደበራት ሬድዮ ውን ሙሉእ መዓልቲ ኣእምሮና ሰሪቖናና ይውዕላ ኣለዋ። ብርግጽ ኣብ ከባቢኻ እንታይ ተጌሩ ክትፈልጥ ጽቡቕ እዩ። ግን ብፍጹም ክርስትያናዊ ህይወት ክንስጉምን ክንዓቢን ንደሊ እንተ ኴንና፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደቓይቕ፣ ኣብ ዚተፈላለዩ ቦታ እንታይ ተጌሩ፣ እናበልና ዜና ክንሰምዕን ህንጡያት ክንኸውንን ኣይግባእን።

ንኣብነት፣ ናይ ኦ.ጂ. ሲምሰን (O.J Simpson[1]) ናይ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ብተለቭዥን ተመሓላሊፉ ነይሩ። ነቲ መደብ ውን ብዙሓት ሰባት ተኸታቲሎሞ። ምናልባት ጸወታ ኩዕሶ ኣግሪ ይርዳኣካ`ዩ፣ ናይ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ግና እንታይ ረብሓ ኣለዎ። ንነፍሰይ፣ ንኣእምሮይ፣ ንስጋይ እንታይ ይጠቕመኒ?

ኣብ ጾም ኣርብዓ፣ ኣነ እንታይ ከም ዝገብር ክነግረኩም፤ ዜና ኣይሰምዕን፣ ጋዜጣ ኮነ መጽሔት ኣየንብብን፣ ቴቪ ፍጹም ኣይዉልዕን። እመኑኒ! ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይጎደለንን። እኳ ደኣ ኣእምሮይ ካብ ርኽሰት ነጺሁ፣ ብዝበለጸን ብቕንዕናን ኣገልጊሉኒ።

ሓደ እዋን፣ ሓደ መነኮስ ምስ ካልኦት መንኮሳት ኮይኑ የዕልል ነበረ። ወዲኡ ናብ በዓቱ ምስ ኸደ፣ ቅድሚ ናብ ውሽጢ ምእታዉ፣ ነታ በዓቱ ብዙሕ ግዜ ኮለላ። ነዚ ክገብር ከሎ ዝረኣየ ካልእ መነኮስ፣ «እንታይ ትገብር ኣለኻ» ኢሉ ሓተቶ ንሱ ከኣ *«ነቲ ክነዕልሎ ዝጸናሕና ምድራዊ ዕላላት፣ ናብ ውሽጢ በዓተይ ሒዘዮ ክኣቱ ስለዘይደሊ፣ ካብ ኣእምሮይ ምእንቲ ክልግሰለይ ነዛ በዓቲ ይኾልላ ኣለኹ»* ብምባል መለሰሉ።

እቲ ካልእ ንነፍስና ረብሓ ዘይህብ ፍልጠት፣ ብዛዕባ **ኹሉ (ዝኾነ) ነገር ፈላጥ ኽትከዉን ምድላይ** እዩ። በቓ! ፈላጥ ክትከዉን ኢልካ ብዛዕባ ኩሉ ነገር ክትፈልጥ ምጽዓር! እዚ ብጣዕሚ ሃሳዩ እዩ። ከመይ እንተ በልና? ኣቦታት ከምዚ ይብሉ፣ *«ብዛዕባ ኩሉ ነገር ሓፈሻዊ ፍልጠት ክህልወካ ኢልካ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ንርእስኻ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ፈላጥ ጌርካ ከም ትቖጽራ ይገብረካ። እዚ ኸኣ ናብ ትዕቢትን ጃህራን የብጽሓካ። ንካልኦት ሰባት ፍልጠትካ ከተርኢ ኢልካ ኣብ ትግብሮ ጻዕሪታት ድማ፣ ተዘራባይን ለፍላፍን ይገብረካ»* ። ቅዱስ ቴዎፋን ባሕታዊ (St. Theophan the Recluse) «ከምዚ ንገብር እንተ ኴንና ኣእምሮና ክነመልኽ ክንጅምር ኢና» ብምባል የጠንቕቀና። ብፍልጠት ምስ ንምላእ ወትሩ ምኩሓት ስለ እንኸውን፣ ምኽሪ ካብ ሰባት ምሕታት ንገድፎ፣

[1] O J Simpson ንሰበይቱን ካልእ ጓልን ዝቐተለ ፍሉጥ ኣመሪካዊ ፊልም ተዋስኣይን ኩዕሶ ሰኪዐት ተጻዋታይን ዝነበረ እዩ።

ብሓሳብና ጥራይ ክንጉዓዝ ንጅምር፡ ምኽንያቱ ኹሉ ነገር ንፈልጦ ኢና። ኣብ መንፈሳዊ ህይወት`ውን ብትዕቢት ተታሒዝኻ ክእለትካን ፍልጠትካን ጥራይ ተወኪልካ ከም እትነብር ይገብረካ። እዚ ኸኣ እቲ ዝኸፍአ ነገር እዩ።

ኣሰር ክርስቶስ ክንስዕብ እንተ ደሊና ኣእምሮና ካብ ከምዚ ዓይነት ወልፊ ፍልጠት ነርሕቖ። ቅ.ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቆሮንጦስ 3፥18-19 *«ጥበብ እዛ ዓለም እዚኣ፣ ኣብ ኣምላኽ ዕሽነት እዩ እሞ ገለ ካባኻትኩም፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥበበኛ ከም ዝኾነ እንተ መሰሎ፣ ጥበበኛ ምእንቲ ኽኸውን ዓሻ ይኹን»* ይብለና። መንፈሳዊ ጥበብ (ፍልጠት) ምስ ዓለማዊ ጥበብ (ፍልጠት) ኣይሳነይን። ካብ ዓቐን ዝሓለፈ ዓለማዊ ጥባብ ዝደልዩ ሰባት፡ ህላወ ኣምላኽ ናብ ምኽሓድ ደረጃ ክበጽሑ ይኽእሉ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ድሌታት ዘማዕብሉ ሰባት ከኣ፡ ኣእምሮኦም ተወኪሎም ነቲ ኣእምሮ ሂቡ ዝፈጠሮም እግዚኣብሔር ኣምላኽ ይንዕቁ። ብዛዕባ እዚኦም ቅ.ጳውሎስ ከምዚ ይብል *«ኣታ ጢሞቴዎስ ካብቲ ገሊኦም ተኣሚኖም ካብ እምነት ዘምበሎም ዘለዉ ብሓሶትሲ «ፍልጠት» ተባሂሉ ዘሎ ርኹስ ሃተውተውን ክትዕን ርሓቕ። ነቲ ሕድሪ እተወህበካ ሓልዎ። ጸጋ ምሳኻ ይኹን»* /1ይ ጢሞ 6፥20-21/።

ነብይ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ከምዚ በለ፤ *«ዓሻን ደንቆሮውን ነበርኩ ኣብ ቅድሜካ ከም እንስሳ ኾንኩ። ግናኸ ኩሉ ግዜ ምሳኻ እየ። ንስኻ ብየማነይቲ ኢደይ ሒዝካኒ ብምኽርኻ ክትመርሓኒ ደሓርውን ናብ ክብሪ ክትቅበለኒ ኢኻ»* /መዝ 72፥22-24/። ጥበበኛ ንኽትከውን፡ ዓሻ ምዃን ማለት ከምዚ እዩ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዕሽነትና እንተ ኣሚንና የማነይቲ ኢድና ሒዙ ብምኽሪ ክመርሓናን ናብ ክብሪ ከብጽሓናን እዩ።

ሰበይቲ ሎጥ ኩሉ ንገር ክትፈልጥ ብዝነበራ ህንጡይነት፡ ናብ ዓንዲ ጨው ተቐይራ ጠፍኣት። ጐይታ ውን ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ህንጡይነት ኣብ ዘበነ ሓሳዊ መሲሕ ከም ዝህሉ ኣጠንቂቑና። *«እቲ ብነብይ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቆይሙ እንተርኢኹም እቲ ዜንብብ የስተውዕል። ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ። ኣብ ዝባን ናሕሲ ዘሎ ኸኣ ካብ ቤቱ ገለ ክማላእ ኣይውረድ። ኣብ ወፍሪ ዘሎ ድማ ክዳኑ ክወስድ ንድሕሪት ኣይመለስ።»* /ማቴ 24፥15-18/

ብዝኾነ ይኹን ኣጋጣሚ፡ ንሓሳዊ መሲሕ ክንርኢ ክንሰምዕ ወይ ውን ክንረኽቦ ኢልና ኣይንድለ ማለት`ዩ። ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝተፈጸሙ ነገራት ክፈልጡ ኢሎም ዝህንጠዩ ሰባት ከም ሰይቲ ሎጥ ክጠፍኡ እዮም። ኣብ /ሉቃ 17፥31-32/ ውን ከም ሰይቲ ሎጥ ከይንጠፍእ ብተመሳሳሊ የጠንቅቐና። «በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ደርቢ ዘሎ፡ ኣቕሑኡ ከኣ ኣብ ቤት ዘለዎ ኪወስዶ ኢሉ ኣይዉረድ፣ ኣብ ወፍሪ ዘሎ ውን ንድሕሪት ኣይመለስ። ንሰበይቲ ሎጥ ዘክርዋ።»

ሓሳዊ መሲሕ ኣብ ዝነግሰሉ ግዜ፣ ቲቪ ክንርኢ፡ ሬድዮ ክንሰምዕ ወይ ናብ «ፍሉይ ጉባኤ» ክንከይድ ዝድፋፋኣና ህንጡይነት፡ ልጓም ጌርና ንእሰሮ። ቅዱስ ዮውሃንስ ኣፈወርቅ «ጐይታ ኪዱሞ ኣይትእመኑ ኣይኮነን ኢሉና። እኳ ደኣ ፍጹም ኣይትንቀሳቐሱ ናብኡ`ውን ከይትኸዱ እዩ ኢሉና» ብምባል ብዛዕባ ሓሳዊ መሲሕ፡ ዝኾነ ነገር ክንፈልጥ ኢልና ጻዕሪ ከይንገብር ኣጠንቂቑና። ዓበይቲን፡ ሰይጣናዊ ተኣምራትን፡ ብሰይጣናዊ ሓይሉ ክርእይን፣፡ ነቶም ሕሩያት ውን ከስሕቶም እዩ። ነዚ ኹሉ መጠንቀቕታ ሸለል ኢልና፡ ህንጡይነትና ጥራይ ሒዝና እንተ ሶጊምና፣ ተታሊልና ክንወድቕ ኢና።

ስለዚ፡ ኣብ ጾም ኣርብዓ ቲቪ ዘይምርኣይ ዝኣመሰለ ልምዲ ክንጥሪ ይግብኣና። ከምዚ ዓይነት ጽቡቕ ልማድ እንተ ኣማዒብልና፡ ደሓር ኣብ ዘመነ ሓሳዊ መሲሕ ብቲቪ ንዝግበር ጎስጓስ ኣይከሸግረናን እዩ። ብዛዕባ ሓሳዊ መሲሕ፡ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ክንፈልጥ ኣይንጽዓር፡ ወትሩ ዓይንና ናብ ሰማያት ቋሕ ኣቢልና ምጽኣት ጐይታ ምጽባይ ይግባእ።

ካልእ ከኣ፡ ብዛዕባ ጠንቆልቲ፡ መናፍቓን፡ ስክራን፡ ዘመውቲ፡ ክንፈልጥ ኢልና ንገብሮ ህንጡይነት ኣዩ። ብዙሓት ሰባት ኣለዉ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም ነገራት ከመይ ከም ዝግብሩ ክፈልጡ ይደልዩ። *«ስኽራን ከመይ ይገብር፡ ወይ ዝሙት እንታይ መቀረት ኣለዎ?»* ኢሎም ዝሓስቡን ክፈልጡ ዝደልዩን ሰባት ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት ህንጡይነት ወይ ናብ ምንፍቅና፡ ወይ ናብ ነፍሰ ቅትለትን፡ መሕደሪ ኣጋንንቲ ይገብረና እምበር ካልእ ጥቕሚ የብሉን። ረብሓ ዘይብሉ ፍልጠት ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኮይኑ፡ ሕጂ ድማ ጎዳእቲ ፍልጠት ክንርኢ።

ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ኩሉ ነገር ክትፈልጥ ምህንጣይ፤ *«ሓደ ካባኻትኩም ከም ቀታሊ ወይስ ከም ሰራቒ ወይስ ከም ገባር እከይ ወይ <u>ኣብ ነገር ካልኦት ከም ዝጽንበር</u> ኮይኑ መከራ ኣይጽገብ»* /1ይ ጴጥ 4፥15/። ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ዝምልከተናን ዘይምልከተናን ጉዳይ ክንፈልጥ ምጽዓር ጎዳኢ እዩ፣ ናይ ሓሜት ሱር ውን እዩ።

ምናልባት ዲያብሎስ «ምእንታን ነቲ ሰብ ክንሕግዞ ብዛዕብኡ ዝኾነ ነገር ክንፈልጥ ኣለና» እናበለ ይምዕደና ይኸውን። ይኹን ደኣምበር፡ ንኣብነት፦ ኣነ ነቲ ሰብ እንታይ ዓይነት ሕማም ከም ዝሓመመ ከይሓተትኹ፡ ስለቲ ሕሙም ክጽልይ ይኽእል። ክራይ ገዛ ክንደይ ከም ዝኸፍለሉ ከይሓተትኩ ንብረት ገዛ ኣብ ምስግጋር፡ ክሕግዞ ይኽእል። ደሞዝ ክንደይ ከምዝኽፈሎ ከይሓተትኩ፡ "እንቋዕ ስራሕ ረኺብካ ኢለ" ሰናይ ትምኒተይ ክገልጸሉ ይኽእል።

ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ምስጢር ዓርኮምን መሓዝኦምን ክፈልጡ ይደልዩ። «ምስጢርካ እንተ ዘይነጊርካኒ ዓርከይ ኣይኮንካን፣ ምስጢረይ ዝነግረካ ናትካ ምስ እትነግረኒ እዩ» ይብሉ።

እዚ ጎዳኢ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ውን፣ ማዕረ ሰረቐትን ቀተልትን ሰባት ሰሪዕዎ ይርከብ። ብዙሓት ሰባት፡ ብዛዕባ ዉልቃዊ ህይወት ናይ ካልኦት ክፈልጡ ኢሎም፡ ንካልኦት ሰባት ዘሸግሩ ኣለዉ። ገሊኣቶም እውን መጺኦም «ሰባት ብዛዕባ ዉልቃዊ ህይወተይ ኪፈልጡ ስለ ዘይደሊ ይሕሱ» ይብሉኒ። ናተይ መርገጺ እዚ እዩ «ኣይትሓሰዉ ጥራይ፡ ነቶም ሰባት ውልቃዊ ጉዳይ እዩ፣ ክነግረኩም ኣይደልይን» በልዎም። ምናልባት እንተ ሓሪቆም ክትዛርብዎም ኣይትፈትኑ። ይኺዱ ሕደግዎም ምኽንያቱ፡ ከምዚ ዓይነት ሰብ ኣማናዊ ወይ ሓቀኛ ዓርኪ ወይ መሓዛ ኣይኮኑን። ኣማናዊ ዓርኪ /ብጻይ/መሓዛ/ ናይ ዓርኩ ዉልቃውነቱ የኽብር`ዩ። ሚስጢር ክፈልጥ`ውን ኣይደልይን።

## መንፈሳዊ ፍልጠት

*መብዛሕትና መጽሓፍ ቅዱስ ነንብብን ነጽንዕን ኢና፣ ኮይኑ ግና ንመንፈሳዊ መልእኽቱ ኣብ ኣእምሮና ነስርጽን ነሕድርን ዲና?*

*«እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘለኹ ቃላት ኣብ ልብኻ ይኹን ንደቅኻ መሃሮም። ኣብ ቤትካ ኮፍ ምስ በልካን ኣብ መንገዲ ክትከይድ ከለኻን ኣብ በጥ ምስ በልካን ኣብ ምትንሳእኻን ብኡኡ ተዛረብ። ንምልክት ኣብ ኢድካ እሰሮ ኣብ መንጎ የዒንትኻ ድማ ክታብ ይኹን። ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ ማዕጾኻን ድማ ጽሓፎ»* /ዘጻ 6፥6-9/

እዚ ማለት፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነንብቦ ኩሉ ቃል፡ ምስ ሓሳብና ተወሃሂዱ፡ ባህሪና ክሳዕ ዝኸውን ኣብ ልብናን ኣእምሮናን ክንዓቁሮ ይግባእ።

ንኣብነት ነዘን ጥቅስታት ንዉሰድ፣ *«ኩሉ ሰብ ጽቡቕ እንተተዛረበልኩም ወይለኹም»* /ሉቃ 6፥26/ *«ሰባት ስለ ወድ ሰብ ኢሎም እንተ ጸልኩም እንተ ፈለየኩም እንተ ጸረፍኩም ውን ከም ክፉእ እንተ ኣውጺኡልኩም ብጹኣን ኢኹም። ... ኣብ ሰማይ ዓስብኹም ብዙሕ ክኸውን እዩ፣ ሽዑ በታ መዓልቲ እቲኣ ባህ ይበልኩም ተሓጎሱ`ውን»* /ሉቃ 6፥22-23/

ብመሰረት እዘን ጥቅሲ እዚኦን፡ ዉዳሴ ሰባት ዘይኮነስ ንዕቀትን መከራን እዩ በረኸት ዘውህብ። ምናልባት ነዘን ጥቕሲ እዚኣተን ኣንቢብናየን ንኸውን፡ ግን ናይ ሰባት ዉዳሰን ጽቡቕ ዘረባን ንመንፈሳዊ ህይወትና ሓደጋ ምኻኑን እኳ ደኣ ሰባት ጸሊኦምና፡ ሰምና ብክፉእ እንተ ኣልዓልዎ ግና ብዙሕ በረኸት ከም እንረክብ ኣብ ኣእምሮና ኣሕዲርናዮ`ዶ? "እዚ ክግበር ዘይክእል ከቢድ ነገር`ዩ" ትብል ትኸዉን፡ ኮይኑ ግና ተገይሩ እዩ።

ኣቡነ ዮሐንስ ዝበሃሉ ጳጳስ፡ ወትሩ ሓሙስ ናብ ጎደቦኦም ዝነበረት ዓዲ ከይዶም ወንጌል ይሰብኩ ኔሮም። ኣብቲ ንሶም ዝሰቀሉላ ተመሳሳሊ ሰዓትን መዓልትን ከኣ፡ ንክርስቲያናት ዝጸልእ ኣስላማይ ንሶም ኣብ ዝተሰቐልዎ ታክሲ ኩሉ ግዜ ይድይቡ ነበሩ። ኣቡነ ዮሐንስ ናብታ ታክሲ ምስ ኣተዉ እቲ ኣስላማይ ገጹ ጠውዩ፡ ጡፍ ይብለሎም ነበረ። ብኸምዚ ከኣ ንዓመታት ተጓዒዞም። ሓደ መዓልቲ ግን፡ ኣቡነ ዮሐንስ ናብ ታክሲ ምስ ኣተዉ እቲ ኣስላምይ ሰብኣይ ኣብታ ታክሲ ኣይነበረን። ሽዑ ኣቡነ ዮሐንስ ብጣዕሚ ጉህዮም «ኦ እግዚኣብሔር ስለምንታይ ምንጪ በረኸተይ ኣሕዲግካኒ፡ እዚ`ኮ ስለቲ ዝፈጽምክዎ ብዙሕ ሓጢኣት ዝግብኣኒ እዩ። ሕጂ ግና ነዚ በረኸት ብቁዕ ስለ ዘይኮንኩ ካባይ ኣግዲፍካኒ» ብምባል ናብ ኣምላኽ ኣመልከቱ።

ካልእ ውን ኣቡነ ሳሙኤል ዝብሃሉ ጳጳስ ኔሮም። ንዓለም ንዒቖም ብሙሉእ ልቦም ንጐይታ የገልግሉ ስለ ዝነበሩ፡ ዓለማውያን ጸላእቲ ኔሮሞም። እቶም ዝጸልእዎም ሰባት ከኣ ሕማቕ ደብዳቤ ይጽሕፉሎም ነበሩ፡ ኣባ ሳሙኤል ግና ነተን ደብዳቤታት ኣኪቦም የቐምጥወን ኔሮም። ወትሩ ተሰፋ ክቖርጹን ክስልችዎምን እንከሎ፡ ነተን ደብዳቤታት ከፊቶም ብምንባብ ይነቓቕሑን ሓይሎምውን ይሕደስ ነይሩ፣ ምኽንያቱ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሕማቕ ደብዳቤ በረኸትን ጸጋን የንብቡ ስለ ዝነበሩ። ነቲ ዘንበብካዮ ኣብ ልብኻ ምስራጽ ማለት ከምዚ እዩ።

*መነኮሳት ኣቦታትና፡ ንጸርፊ ብሓጎስ ናይ ምቕባልን ንዉዳሰ ሰባት ድማ ናይ ምንዓቕ፡ ዘኽእሎም ሰናይ ልምዲ ምእንቲ ከጥርዩ ገዛእ ርእሶም የላምዱ ኔሮም። ንኣብነት፦ ሓደ እዋን ሓደ መንእሰይ ናብ ኣባ መቃርስ መጺኡ፡ መዓዱኒ በሎም። ንሶም ከኣ «ኣብ መቓብር ኪድ`ሞ፡ ነቶም ምውታን ወድሶምን ሞግሶምን» በልዎ። ንሱ ኸኣ ከምቲ ዝተባሃሎ ገይሩ ተመለሰ። «እንታይ ኢሎምኻ?» ብምባል ሓተትዎ፡ ንሱ ኸኣ «ዋላ ሓደ» በሎም። «በል ሕጂ ኸኣ ተመለስ`ሞ ጽረፎም» በልዎ። ከምቲ ዝተባሃሎ ጌሩ ተመልሰ፣ ሕጂ ውን «እንታይ ኢሎምኻ?» ኢሎም ሓተትዎ፣ ደጊሙ ዉን «ዋላ ሓደ» በሎም። ሽዑ፣ ቅዱስ መቃርስ ትቅብል ኣቢሎም፣ «በል ንስኻ ዉን ከምኡ ግበር፣ መነኮስ ንዓለም ምውት እዩ፣ ብውዳሰ ሰባት ኣይትተሓጎስ፣ ምስ ዝጸርፉኻውን ኣይትሕረቕ፡ ዋላ ሓደ ኣይትበል!» በልዎ።*

ካልእ ውን፡ ሓደ ሃብታም መንእሰይ ክምንኩስ ኢሉ ናብ ገዳም ምስ መጸ፡ እቶም ኣበ ነፍሱ ወይ መምህሩ «ጸርፊ ብሓጎስ ክትቅበል ርእስኻ ኣላምዳ» በልዎ። ንሱ ኸኣ ዝጸርፎ ሰብ ኣብ ከባቢኡ እንተ ደለየ ማንም ሰብ ኣይረኸበን፣ ምኽንያቱ እቶም መነኮሳት ስለ ዘይጸረፉ ዝነበሩ። ደሓር ግና ሓደ ነገር ሓሰበ፤ ምእንቲ ጸርፊ ብጸጋ ናይ ምቅባል ልምዲ ቀልጢፉ ከጥርዩ፡ ካብቲ ጎዶቦ ዓዲ ሓደ መንእሰይ እናመጽአ ንክጸርፎ ብገንዘብ ተወዓዓሉ። ብኸምዚ መገዲ ድማ፡ ንጸርፊ ብሓጎስ ናይ ምቅባል ባህሪ ኣማዕበለ።

እዚ መንእሰይ፡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ሓደ መዓልቲ ምስቶም ኣሕዋቱ ዝኾኑ መነኮሳት ናብ ከተማ ድሕሪ ምልኣኹ፡ እቲ ዝጸርፎ ዝነበረ ሰብኣይ እናጎየየ መጺኡ ጸረፎ። ሽዑ እቲ መነኮስ ብሓጎስ ፍንጭሕ ኢሉ ሰሓቐ። እቶም

ካልኦት መነኮሳት ስለምንታይ ከም ዝሰሓቐ ምስ ሓተትዎ፡ ንሱ ኸኣ «እዚ ሰብኣይ እዚ ምእንቲ ክጸርፈኒ ይኸፍሎ ነይረ፣ ሕጂ ግና ብናጻ ይጽረፍ ኣለኹ» በሎም።

መጽሓፍ ቅዱስ *«ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን።»* /1ኛዮሃ 2፡15/ *«ኣትን ዘመዉቲ ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምኻኑዶ ኣይትፈልጣን ኢኽን፣ እምበኣር ፈታው ዓለም ምኻን ዝደሊ ንሱ ጸላኢ ኣምላኽ እዩ ዝኸውን»* /ያዕ 4፥4/ ይብለና።

እዚ ቃል እዚ ኣብ እእምሮና ክነስርጾ ይግባእ። *መገዲ ፍጽምና ንዓለምን ንብረታን ምንዓቕ እዩ።* ቅዱስ ጳውሎስ *«ብሓቂ ስለ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታ ኢሉ ስሊኡ እዚ ኹሉ እተወጻዕኩ ኩሉ ወጽዓ ከም ጓሓፍ እቖጽሮ ኣለኹ»* /ፊል 3፥8/ በለ። ስለ ፍልጠት ክርስቶስ ኢሉ ኲሉ ነገር ኣብ ዓለም ዘሎ ንብረት ኩሉ ከም ጓሓፍ ርእይዎ። ዓለም ሓንቲ ዓባይ ጓሓፍ ታኒካ ምኻናን፡ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ውን ጓሓፍ ምኻኑ ኣብ ልብና ክነሕድሮን ክንርድኦን ይግባእ። መኪና ርእየ ኣመና ዝብህጋን ብህንጡይነት ዝምነያ እንተኾይነስ ናብ ዘምልኻ ጣኦት`ዶ ትቕየር የላን?

እዝከረኒ ሓደ እዋን መንእሰያት ሒዘ፡ ካብ ሓንቲ ከተማ ናብ ካልእ ከተማ ብመኪና ይጓዓዝ ነይረ። ሽዑ እቶም መንእሰያት፡ ኣኺልዎም ነቲ ሙሉእ መገዲ ብዛዕባ መኪና ጥራይ ብምዕላል ወድእዎ።

ጭፍሉቓት መካይን ዝጸዓና ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ርኢኹም`ዶ ትፈልጡ? ብሓቂ ደስ ኣይብለኻን እየን! ወትሩ መኪና ክንብህግ እንከሎና፡ ድሕሪ ቁሩብ ዓመት ናብ ጭፍሉቕ ሓጺን ክቕየራ ምኻነን ንኣኣምሮና ንንገሮ! ንዓለማዊ ነገራት ንዒቕካ፡ መንፈሳዊ ነገራት ምብሃግ ንላመድ።

መጽሓፍ ቅዱስ *«ንኹራ ደንጓይ ዝኾነ ካብ ጅግና ይበልጽ፡ ካብቲ ንኸተማ ዝሕዝ ከኣ መንፈሱ ዝገዝእ ይበልጽ»* /ምሳ 16፥32/ ይብለና። ሕርቓንካ ምቁጽጻር ድኽመት ዘይኮነስ ሓይሊ ምኻኑ ተረዲእናዮ`ዶ? ኣብ ኣእምሮና`ኸ ተኺልናዮ`ዶ? ንጸርፊ ብሕርቃን ዝመልኦ ጸርፊ፡ ወይ ንክፋእ ብክፋእ ምምላስ፡ እቲ ዝቀለለ መንገዲ`ዩ። ግን ከኣ መንገዲ ድኹማት እዩ! ሕርቃንካ ተቖጻጺርካ፡ ብሕርቃን ንዝተዛረቡኻ፡ ብርግኣትን ትሕትናን ምምላስ እቲ ዝኸበደ መገዲ እዩ- መገዲ ሓያላትን ተባዓትን። እቲ ሓደ መትልሕካ ንዝጽፍዓካ ንኽደግመካ፡ ምሃብ ስንፍና ዘይኮነስ ትብዓት ምኻን ብልቢ ንረደኣዮ። "እዚ ከቢድ እዩ፡ መን ኣብዚ ሕጂ እዋን ነዚ ክገብር ይኽእል?" ትብሉ ትኾኑ ግን ክግበር ዝከኣል ምኻኑ ንፍለጥ።

ሓደ እዋን ኣብ ተስዓታት፡ ሓደ መነኮስ ዝዕረ ንብረት ገዳም ሒዙ ናብ ካይሮ ኣትዩ፣ በተን ጸበብቲ ጎደናታት ከሓልፍ እንከሎ ኣጋጣሚ መኪናኡ ምስ ሓንቲ ካብተን ደው ኢለን ዝነበራ መኪና ተጋጨወት። ሽዑ እቲ መነኮስ ዋንኣ መን ምኻኑ ኣጣይቁ ስለቲ ዝፈጸሞ ጌጋ ይቕሬታ ሓቲቱ፡ ነታ ዝተሃሰየት መኪና ብወጻኢታቱ ከዕርያ ምኻኑ ነቲ ዋና መኪና ነገሮ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ግና ዋና ናይታ መኪና ሓደ ካብቶም ጽልኣት ክርስቲያን ዘለዎም ቀናኣት ኣስላም ስለ ዝነበረ፡ ነቲ መነኮስ ብጸርፊ ድሕሪ ምውራዱ፡ ብእኡ ክዓግብ ስለ ዘይከኣለ፡ ተመሊሱ ገጹ ጸፍዖ። እቲ መነኮስ ግና ሓንቲ ገጹ ጠውዩ «በዚኣ ከኣ ድገመኒ» በሎ። እቲ ሰብኣይ በቲ ፍጻሜ ተገሪሙ እናነብዐ ይቕረ ክብሎ ነቲ መነኮስ ለመኖ «ክፉኣት ምኻንኩም እዮም ዝነግሩና፣ ንስኻትኩም ግና ብሓቂ ካባና ትሕሹ» በሎ። ድሓር ግና ንምንታይ ናብ ካይሮ ከም ዝመጸ ሓተቶ፣ እቲ መነኮስ ከኣ ዝዕረ ንብረት ገዳም ሒዙ ከም ዝመጸ ነገሮ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ እቲ ንብረት ዝዕረየሉ ትካል ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ ከዕርየሉ ምኻኑን ብድሕሪ ሕጂውን ዝዕረ ንብረት እንተ ሃልይዎ ብቐጻሊ ናብኡ ከምጽኦን ንሱ ከኣ ከም ዘዕርየሉን ቃል ኣተወሉ።

ቅ.ጳውሎስ *«ንዓይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ፣ በዘን ክልተ እዚኣተን ይጭነቕ ኣለኹ ንዓይ ኣዝዩ ዝሓይሽ እሞ ክፉኖ ምስ ክርስቶስ ውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ።»* /ፊል 1፡21-23/ በለ። ሞት ጥፍኣት ዘይኮነስ፡ ዕረፍቲ ምኻኑ ተረዲኡና`ዶ? ተፋኒና ምስ ክርስቶስ ምንባር ዝበለጸ ምኻኑ`ኸ? ዓይኒ ንዘይረኣየቶ እዝኒ ንዘይሰምዓቶ ልቢ ሰብ ውን ዘይሓለኖ፡ ናብ ዕረፍቲ ቦታ ንምኻድ ሃረር ምባል`ከ? ቅኑዕ መንፈሳዊ ትርጉም፡ ሞትን ህይወትን`ከ ተረዲእና`ዶ?

# ምዕራፍ፡2 ፍቓድኻ ምቁጽጻር

ቅ.ጳውሎስ *«ብውሽጢ ሰብሲ በቲ ሕጊ ኣምላኽ ባህ ይብለኒ እዩ። ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዝዋጋእ ናብቲ ኣብ ሰብነተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት ኣቢሉዉን ዝማርኸኒ ካልእ ሕጊ እሪኢ ኣለኹ።»* /ሮሜ7፡ 22-23/

ኣቦታት ነዚ ክገልጽዎ እንከለዉ፡ ሰብ ክልተ ፍቓድ ኣለዎ ይብሉ። እቲ ቀዳማይ ላዕለዋይ ፍቓድ ኮይኑ፡ ዉሽጣዊ እዩ *«ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ»* /ቆላ 3፥1/ ዝደሊ፡ ሰናይ ፍቓድን

ሰናይ ግብርን ክገብር ዝደሊ እዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ታሕተዋይ ፍቓድ፡ ስምዒታዊ ፍቓድ ወይ «ሕጊ ሓጢኣት» ኮይኑ፡ ዓለማዊ ምንባርን ስጋዊ ፍትወትን ዝደሊ እዩ። እዘን ክልተ ፍቓድ ተጻረርቲ ስለ ዝኾና፡ ዘውትር ኣብ ኲናት እየን።

መብዛሕትኡ ግዜ ግና ሓጢኣት ንሰናይ ፍቓድ ክስዕሮ ይረኣይ። እዚ ስምዒታዊ ፍቓድ ወይ ሕጊ ሓጢኣት ብጸላኢና ዲያብሎስ ዝምራሕ ኮይኑ፡ እቲ ሰናይ ፍቓድ ወይ ላዕለዋይ ፍቓድ ግና ብጸጋ ኣምላኽ፡ ብክርስቶስ ዝምራሕ እዩ።

ዕላማ ክርስትያን፡ ንታሕተዋይ ፍቓድ ስዒሩ ንላዕለዋይ ፍቓድ ክግዛእ፡ ማለት ንሓጢኣት ገዲፉ ብጽድቂ ንኽትዓዝ እዩ። እዚ ግን ከቢድ እዩ። ንቅ.ጳውሎስ እኳ፡ *«ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ ካብዚ ናይ ሞት ስጋሲ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ።»* /ሮሜ 7፥24/ ብምባል ክሳዕ ዘማርር እዩ ከቢድዎ።

ዲያብሎስ በሊሕን ተንኮለኛን እዩ። ዋላውን ንሓጢኣት ገዲፍና (ንታሕተዋይ ፍቓድ ሲዒርና) ሰናይ ግብሪ ክንፍጽም እንተ በቓዕና፡ መገዱ ብምልዋጥ መሊሱ ከውድቐና ይጽዕር። ነቲ ንፍጽሞ ሰናይ ግብሪዉን ካብ ጸጋ ኣምላኽ ርሒቕና ከምእንሰርሖ ይገብረና። በዚ ድማ፡ ዋላውን ጽቡቕ(ሰናይ) ነገር እንተ ገበርና፡ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእና ስለ ዝገበርናዮ እግዚአብሔር በቲ ስራሕና ኣይሕጎስን።

ነዚ ውዲት ተጊህና እንተ ሰጊርናዮ ድማ፡ መሊሱ ካልእ ውዲት ይኣልም። ትዕቢትን ገዛእ ርእስኻ ምውዳስን ኣብ ልብና የሕድር። ብኸምዚ ኸኣ በቲ ዝሰራሕናዮ ጽድቂ ስራሕ፡ በረኸት ከም ዘይንረኽብ ይገብረና።

ስለዚ ቃልስና መሪር ምኳኑ ንገንዘብ! ክሳዕ ናይ መወዳእታ ትንፋስና ትሓልፍ ክንቃለስ ይግባእ። *«ምስ ሓጢኣት ብምቅላስኩም ገና ክሳዕ ኣብ ደም እትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን»* ብምባል ቅ.ጳውሎስ ኣጠንቂቑና እዩ/ዕብ 12፥4/። *«እቲ ቅልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር ምስ ስጋን ደምን ኣይኮነን እሞ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉስ ኲሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ስለቲ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ ኲሉ ምስ ኣስለጥኩምውን ደው ክትብሉስ፡ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ»* /ኤፌ 6፥12-13/።

ቅ.ጴጥሮስ ብግዲኡ *«ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዝውሕጦ ደልዩ ከም ዝጓዝም ኣንበሳ ይዘውር ኣሎ እሞ ተጥንቀቑ ንቅሑ»* /1ይ ጴጥ 5፥8/ እናበለ ይመኽረና።

እዚ ኲናት እዚ ክንቃለሶን ተቃሊስናዉን ስዒርና ክንወጽእ ይግባእ። ኮይኑ ግና እቶም ዝበዛሕና ሰባት «ኣዝዩ ከቢድዩ» ንብል። እወ ከቢድ እዩ! ጐይታ ውን ከቢድ ምኳኑ ስለ ዝፈልጥ እዩ። *«እታ ናብ ህይወት ትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳ ውን ቀጣን እያ፣ እቶም ዝረኽብዋ ከኣ ሒደት እዮም»* ዝበለና /ማቴ 7፥14/።

እቲ ባህ ዘብል ግና፡ እቲ ዝጓዝም ኣንበሳ መጻርርትና ድያብሎስ፡ ነቲ ኣባና ዘሎ ናጻ ፍቓድ ኣይቆጻጸሮን ኣይግድዶን እዩ። ኲሉ ግዜ ዘዋጽኣና ክንዉስን ናጻ ኢና፣ ነዚ ናጽነትና ድማ ዲያብሎስ ኣይዉንኖን`ዩ።

ዲያብሎስ፡ ልኽዕ ከም ሓደ ኣርቲፊሻል (ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ ዘይጥዑይ) ኣቕሑት ኽሸይጥ ዝደሊ፡ መታለሊ ሸቃጣይ ኮይኑ ይቐርበና። ነቲ ንሱ ዝምሃዞ ነገራት፡ ክንቅበሎ ይጉስጉሰና፡ ኮይኑ ግና ነቲ ዘቕርቦ ነገር ክንቅበሎ ወይ ክንነጽጎ ንዓና ይምልከት።

መታለልቲ ሸቃጦ እሞ ዘክርዎም! ዘይረብሕ ንብረት ሒዞም መጺኦም፡ ብጡዑም ልሳን ጠቢሮም፡ ንመዓልትታት ከገልግለና ዘይክእል ንብረት እዮም፣ ክሸጡልና ዝፍትኑ። ምስኦም ክንረዳዳእ ከማን ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ገለ እዋን ውን ምስኦም ንጋጨው ኢና።

እቲ ሓጢኣት ከም ንብረት እናሸጠ፡ ንሰባት ዘውድቕ መታለሊ ዲያብሎስ ውን ከምኦም እዩ። ክንቅበሎ ብዝከኣል ሓሳብ ደጊፉ ደጋጊፉ፡ ዝተፈላለየ ሓጢኣት ክሸጠልና ይፍትን፤ ክንቅበሎ ኮነ ክንነጽጎ ግና ንዓና እዩ ዝገድፎ።

ስለዚ፡ ነቲ ዲያብሎስ መዓልታዊ ዝድርብየልና ዘሎ ሓጢኣት ከመይ ጌርና ክንቃወሞ ይከኣል?

ቀዳምነት ብጸሎት እዩ። ዲያብሎስ ኣብ ቅድም`ቲ ድኽመቱ ንእግዚአብሔር ዝነግር ሰብ፡ ክቐውም ኣይክእልን። ስለዚ፡ ድኽመትካ ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንገሮ። ብሰዓታት ጸሎት ጌርካ *«እቲ ጽድቂ ብሓይሊ ገደል ዝድሕን ካብ ኮነስ ኣነ ሓጥእ ደኣ ኣበይ እየ ዝቐውም፡ ብምክንያት ድኽመት ሰብነተይ ንሙቐትን ክብደት መዓልቲ ክጻወሮ ኣይከኣልኩን»* በል። ምስ ቅ.ጳውሎስ *«ዎ ጐይታይ ብዘይካኻ ካብዚ ናይ ሞት ስጋ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ»* ኢልካ ብኸ። በል ምስቲ ዘማራይ *«ዎ እግዚአብሔር ማህሚነ እየ`ሞ መሓረኒ»* /መዝ 6፥2/።

ካልኣይ ድማ፣ ንሓጢኣትን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘቕርበልካ ዘሎ ዲያብሎስን ምጽላእ ተላመድ። ከምቲ መታለልቲ ሸቃጦ ንጸልኦም፡ ንሰይጣን ውን ከምኡ ጌርና ንጽልኣዮ። ዓስቢ ሓጢኣት ሞት ምኳኑን ይቅረብ ይንዋሕ ብዘየገድስ ኣብ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ደው ኢልና፡ ጸብጻብ ግብርና ከም እነቅርብን ከከም ግብርና ከም እንፍረድን ንዘክር።

*«እነሆ ኣብ ቅድሚ ቅኑዕ ፈራዲ ክቐውም ተዳልየ ኣለኹ። እቲ ኣብ ምግጋይ ዝሓለፈ ዕድመይ ንኩነኔን ንፍርድን ብቑዕ ስለ ዝኾነ ብብዝሒ ሓጥያተይ እርዕድን እንቀጥቀቕን ኣለኹ»* ትብል ናይ ሰዓታት ጸሎት ንዘክራ። ሞትናን፡ መዓልቲ ፍርዲናን ምዝካር ንሓጢኣት እንከላኸለሉ ዕርዲ እዩ።

ጸላኢና ድያብሎስ ከጥቅዓና እንከሎ፡ እንታይ ክንገብር ንኽእል? ንኣብነት ሓደ ሰብ መጺኡ ይጸርፈና። ብኡንብኡ እቲ ሸቃጢ ሓጢኣት ዝኾነ ድያብሎስ ሸቀጡ (ስርሑ) ይጅምር። *«ኤእ ክብርኻ ዓቅብ፡ በዚ ማንም ዘይረብሕ ሰብ ክትዋረድ፡ ገለ ግበር ሱቕ ኣይትበል ንገዛእ ርእስኻ ተኸላከለላ»* ይብለና።

ብቐዳምነት ክንዝክሮ ዝግበኣና ነገር እንተ ሃልዩ፡ እዚ ሓሳብ ናይ ሰይጣን ምዃኑን ሓጢኣት ክሸጠልና ይሓስብ ከምዘሎ`ውን ንረዳእ። እንታይ ዓይነት ሓጢኣት ክሸጠልና ይሓስብ ከም ዘሎ ንመርምር። *«ለካ ሕርቃንን ሕነ ናይ ምፍዳይን ሓጢኣት ክሸጠለይ ይሓስብ ኣሎ»* ብምባል ንገዛእ ርእስና ነዘኻክራ። እቲ ሓጢኣት ገና ናብ ልቢ ከይሰገረ እንከሎ፡ ቆሪጽና ከነልግሶን ስምዒትና ከነህድእን ኣሎና። *«ኪድ ሰይጣን ካባይ ረሓቕ»* በሎ። ክሰምዓና እዩ! ሰሚዑ ክርሕቐልና ግና ኣይንጸበ።

ካልእ ሓሳብ ምሂዙ ደጊሙ ይፍትነና። ኣብዚ እቲ ኣቀድም ኣቢልና ዝተዛረብናሉ ነገር ንዘክር። ዲያብሎስ ዘምጽኣልና ክፉእ ሓሳባት፡ ከም ቀታሊ ጸላኢና ርኢና ክንጸልኦን ክንፍንፍኖን ንጽዓር፣ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ውን ንገዛእ ርእስና ነላምድ። ምስ ዘማራይ ዳዊት *«ኣቲ ክትዓኒ ዘለኪ ባቢሎን፤ ሕነ እቲ ዝገበርኽና ዝፈድየኪ ምስጉን እዩ። ንህጻናትኪ ሒዙ ኣብ ከውሒ ኣራጺሙ ዚቐትሎም ዕዉት እዩ»* /መዝ 137፡ 8-9/። ጓል ባቢሎን ዝተባሃለት ኣብ ኣእምሮና ዝገማጠል `ክፉእ ሓሳባት' ምዃኑ ኣቦታት ይምህሩ።

መነኮሳት ኣቦታትናን ኣደታትናን ከምዚ ዓይነት ሓሳባት ክብርትዖም እንከሎ፡ ዝጥቀምሉ ሚስጢራዊ መሳርሒ ኣለዎም። ንኣብነት፦ ናይ ሓሳብ ኲናት ከጋጥሞም እንከሎ፡ እናደጋገሙ ዝጽልይወን ሓጸርቲ ጸሎታት ኣለዋ። እዘን ጸሎታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እተወሰዳ ሓጸርቲ ሓረጋት እየን። *«ኦ ኣምላኽ ንምድሓነይን ኦ እግዚኣብሔር ንሓገዘይ ቀልጥፍ»* /መዝ 70፥1/ ዝብል ጸሎት ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ንከምዚ ዓይነት ሓሳብ ፈጺምና ክነርሕቖ እንተ ደሊና፡ ኣንጻር`ቲ ድያብሎስ ዘምጽኦ ሓሳብ ንግበር። ፍጽምና ማለት ካብ ሓጢኣት ምርሓቅ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣብ ክንዲ ክፉእ ካልእ ሰናይ ግብሪ (Virtues) ምግባር እዩ። *«ካብ እከይ ርሓቕ፡ ሰናይ ከኣ ግበር፡ ንሰላም ድለያ ሰዓባ ውን»* /መዝ 34፥14/ ብምባል ዳዊት ዝዘመሮ ነዚ ንምግላጽ እዩ። ጐይታ ውን *«ግናኸ ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ ጽቡቕ ከኣ ግበሩ ... እግዚኣብሔር ንዘየመስግኑን ንሕሱማትን ርህሩህ እዩ እሞ ዓስብኩም ብዙሕ ክኸውን እዩ ውሉድ እቲ ልዑል ውን ክትኮኑ ኢኹም።»* /ሉቃ 6፥35/ ይብለና።

ዋላ ነዚ ኩሉ ጌርና ከነብቅዕ፡ ምናልባት እቲ ቓልሲ ዕረፍቲ ዘይህብ፡ ከም ማዕበል ባሕሪ ቀልጢፉ እናተመላለሰ ከሸግረና ይኽእል። ንከምዚ ዓይነት መሪር ቃልሲ፡ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽኒዕና፡ ብኣፍና እናደጋገምና ብምጽላይ ክንቃወሞ ይከኣል። ንኣብነት /መዝ 27፥1-3/ *«እግዚኣብሔር ብርሃነይን መድሓነይን እዩ። ካብ መንደኣ`የ ዝፈርሕ፣ እግዚኣብሔር ሓይሊ ህይወተይ እዩ። ካብ መን`ከ እየ ዝስንብድ፣ ገበርቲ እከይ ንስጋይ ክውሕጡ ሓደጋ ምስ ወደቑኒ ወደረኛታተይን ጸላእተይን ባዕላቶም ተዛብዑ እሞ ወደቑ፡ ክቃወመኒ ኢሉ`ኳ ሰራዊት እንተ ዝዓርድ ልበይ ኣይፈርህን እዩ። ኲናት ውን እንተ ዝለዓለኒ እምነት ኣሎኒ»* ነዚ ጸሎት ደጋጊምካ ጸልዮ።

ኣማላድነት ቅድስት ድንግል ማርያም ሕተት፣ ወትሩ ብጸሎታ ክትሕግዘካ ተማሕጸና። *«ኦ ንጽህት ድንግል ናብ ባርያኺ እቲ ቅልጡፍ ጽላል ረድኤትኪ ዘርግሒ። ነቲ ኣብ ሕልናይ ከም ማዕበል ዝገማጠል ክፉእ ሓሳባት ካባይ ኣርሕቕዮ»* እንዳበልካ ብጸሎት ሰዓታት ለምና። ኣብ `መዓልታዊ ጸሎት ሸውዓተ ሰዓታት` እዚ ጸሎት ንረኽቦ። ኣቦታትና ንከምዚ ዓይነት ፈተናታት ንክሕግዘና ብምባል እዮም፤ ኣብ መጽሓፍ ጸሎት ነዚ ዘእተዉልና።

ምናልባት ፈተና ክብርትዓና እንከሎ ግና፡ ልዕሊ እቶም ኣንጻርና ዝቃለሱ ጸላእትና፡ እቶም ንዓና ዝሕግዙ ቅዱሳን ከም ዝበዝሑ ንዘክር።

ሓደ እዋን ሓደ ክፉእ ንጉስ ንነብይ ኤልሳዕ ክሕዞ ኢሉ ጸላእቱ ኣኽቲቱ ናብ መንበር ገዛ ኤልሳእ ወፈረ። ኣገልጋሊ ኤልሳዕ ነቲ ናይ ንጉስ ሰረገላታትን ኣጽዋር ዝዓጠቑ ሰራዊት ምስ ረኣዮ ብጣዕሚ ፈርሐ። ኤልሳዕ ግና *«ካብቶም ምሳታቶም ዘለዉስ ምሳና ዘለዉ ይበዝሑ እዮም`ሞ ኣይትፍራሕ በሎ። ኤልሳዕ ድማ `ዎ እግዚኣብሔር እልምነካ ኣለኹ ክርእይስ ኣዒንቱ ክፈተሉ` ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሔር ከኣ ኣዒንቲ እቲ መንእሰይ ከፈተ`ሞ ረኣየ። እነሆ ድማ ካብ ዙርያ ኤልሳዕ እቲ ከረን ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰለገላታትን መሊእዎ ነበረ»* /2ይ ነገ 6፥16-17/።

ኣብ ህይወት ቅዱስ ሙሴ ጸሊም ተመሳሳሊ ነገር ኣጋጢሙ እዩ። ብዙሕ ግዜ ክፉእ ሓሳብ እናተመላለሰ ይፍትኖ ነበረ። ቀጻሊ ኸኣ ናብ ኣብ ነፍሱ ቅዱስ ኤስዶሮስ እናተመላለሰ ይናሳሕ ነይሩ። ንመበል 14 ግዜ ምስ ፈተኖ፡ ቅዱስ ኤስዶሮስ ንሙሴ ጸሊሙ፡ ናብ ልዕሊ በዓቱ ወሲዱ ናብ ምዕራብ ጠምት`ሞ ዝርኣየካ ኩሉ ንገረኒ በሎ። «ኣንጻር መነኮሳት ናይ ኲናት ፍለጻ ዝድርብዩ ኣጋንንቲ ይረኢ ኣለኹ» በሎ። መሊሱ ከኣ ናብ ምብራቕ ጠምት`ሞ ዝረኣየካ ንገረኒ በሎ። «ካብ ኣጋንንቲ ንዝስንደዉ ፍላጻታት ኣብ መነኮሳት ንከይበጽሕ ዝከላኸሉሎም

ቅዱሳን መላእክቲ ይርኢ ኣሎኹ» በሎ። «መኖም ይበዝሑ፣ እቶም ኣንጻርና ዘዋግኡ`ዶ፣ ዋላስ እቶም ምሳና ኮይኖም ዝቃለሱ?» ኢሎም ሓተትዎ። ቅ.ሙሴ ጸሊም ከኣ «እቶም ዝከላኸሉልና መላእክቲ ይበዝሑ» ብምባል መለሰ። ብድሕሪዚ እቲ ክፉእ ሓሳብ ካብኡ ረሓቐ።

ጸላኢ ሰናይ ዲያብሎስ ንዘምጽኦ ሓሳባት ክንቃወሞ እንከሎና፡ ካብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብዙሕ ዓስቢ ንረክብ ኢና። ንኣብነት፦ ኣብ ሓደ ገዳም ሓደ ንእሽቶይ መነኮስ ነበረ፣ ኩሉ ግዜ መምህሩ ማለት ኣበ-ነፍሱ ከይባረኾዎ ኣይድቅስን። ከም ልማዱ፡ ሓደ ግዜ «ባርኹኒ ኣባ» ብምባል ርእሱ ምስ ኣድነነ፡ እቶም ኣቦ ግና ደቂሶም ስለ ዝነበሩ ክሰምዕዎ ኣይከኣሉን። እቲ ወዲ ግና "ኣባ ክትንስኡ እዮም" ኢሉ ተስፋ ገይሩ ተጸበዮም፣ እቶም ኣቦ ሙሉእ ለይቲ ደቂሶም ሓደሩ። ደቂሶም እንከለዉ ግና፡ እቶም ኣቦ ሸውዓተ መላእኽቲ፣ ሸውዓተ ኣኽሊል ኣብቲ ወዶም (ንእሽተይ መነኮስ) ከቐምጡ እንከለዉ ራእይ ተራእዮም። ምስ ወግሐ ነቲ ወዶም ጸዊዖም ትማሊ ምሸት እንታይ ጌርካ ኢሎም ሓተትዎ። እቲ መነኮስ «ይቕረ በሉለይ፡ ኣባ ትማሊ ምሸት ክትባርኹኒ ኢለ ርእሰይ ኣድኒንኩ፣ እንተኾነ ደቂስኩም ኔርኩም፣ ገዲፍካዮም ኪድ ዝብል ሓሳብ ሸውዓተ ግዜ ፈተነኒ፣ ሸውዓተ ግዜ ተቓወምክዎ» ብምባል ነገሮም። ብኡ ንብኡ እቶም ኣቦ፡ እቲ ዝረኣይዎ ሸዉዓተ ኣኽሊል ንኽፉእ ሓሳብ ብምቅዋሙ ዝርከብ ዓስቢ (ስልማት) ምዃኑ ተረድኦም። ነዚ ነገር እዚ ንትምህርቲ ኢሎም፡ ንካልኦት ተመሃሮ ነገርዎም፣ ነቲ መንእሰይ ግና ብኸንቱ ውዳሴ ምእንቲ ከይወድቕ ኣይነገርዎን።

ኩሉ ግዜ ኣብ ክንዲ`ቲ መታለሊ ድያብሎስ ዘምጽኣልና ክፉእ ሓሳብ፡ ካልእ ሰናይ ግብሪ ክንገብር ንጽዓር። ንኣብነት ንበል፦ ፈተና ትወድቕ ወይ ዝሓሰብካዮ ከይሰመረልካ ይተርፍ ። ድያብሎስ ግና «እዚ ግቡእ» ኣይኮነን እናበለ፡ ከነማርርን ክንወቅስን ይደፋፍኣና። ኣብ ከምዚ ህሞት`ዚ «ተመስገን ኣምላኽ» ንበል። ኣብቲ መጀመርያ፡ ብኣፍና ጥራይ ክንብል ኢና፣ ደሓር ግና ብልቢ ከነመስግን ኢና።

ካልእ ኣብነት ንውሰድ። ሓደ ኹሉ ግዜ ክፉእ ዝሓስብን ክፉእ ዝምህረናን ክፉእ ዝገብርን ሰብ ይህሉ። ዲያብሎስ፡ ነዚ ሰብ`ዚ፡ ክንጸልኦን ክንሓርቕን ክፉእ ኣብ ክንዲ ክፉእ ክንመልስ ይደፋፍኣና። ከምዚ ከጋጥመና እንከሎ፡ ነቲ ሰብ`ቲ ይቕረ ብምባል ክንቃወሞ ይከኣል። እንተ ከቢድና ድማ፡ «ኦ ጐይታ ይቕረ በሎ፣ ንዓይ ዉን ይቕረ በለኒ» ኢልና ክንጽልይ ይከኣል።

ብጸሎት ኣብ ነፍሲ ኣቢልና ዉን ንጸላኢ ሰናያት ድያብሎስ ክንስዕሮ ይከኣል እዩ። ኣብ መጽሓፈ መንኮሳት ነዚ ዘረድእ ኣብነት ኣሎ። ሓደ እዋን ሓደ መነኮስ ኣበ ነፍሱ (መምህሩ) ናብ ከተማ ይልእኾዎ እሞ፡ ናብቲ ዝተለኣኾ ገዛ ምስ በጸሐ፡ ሓንቲ ጽብቕቲ ጎርዞ ምስኣ ምእንቲ ክዝሙ ክትፈታትኖ ጀመረት። እቲ መነኮስ ግና ቅልጥፍ ኢሉ፣ «ኦ ጐይታ ብጸሎት ኣበነፍሰይ ኣድሕነኒ» ብምባል ዓው ኢሉ ጸለየ። ብኡ ንብኡ ድማ ካብቲ ገዛ ተሰዊሩ፣ ናብቲ ገዳም ዝወስድ መገዲ ተወስደ።

# ምዕራፍ፡3- ምቁጽጻር ህዋሳት

ሰብ ሓሙሽተ ህዋሳት ኣለዎ፣ ዓይኒ መርኣዪ፡ እዝኒ መስምዒ፡ ኣፍንጫ መሸተቲ፡ መልሓስ መጥዓምን፡ ኢድ መዳህሰሲን። ቅዱስ ቲዮፋን ባሕታዊ፡ ንሰብ ከም ኣብ ቤተ መንግስቲ (ኣብ ስጋ) ዝነብር ንጉስ (ንነፍሲ) ገይሩ፡ ሓደ መንፈሳዊ ሓሳብ ይምህር። ቤተመንግስቲ እተባህለት ስጋና እያ፣ ንጉስ እተባህለት ከኣ ነፍስና እያ። እዛ ቤተመንግስቲ ሓሙሽተ መሳኹትን ሓንቲ ማዕጾን ኣለዋ። ጸላኢ ምስ ዝመጽእ ብመስኮት ወይ ብኣፍ ደገ ጥራይ`ዩ ክኣቱ ዝኽእል። እዝኤን እንተ ተዓጽየን ድማ ጸላኢ ፈጺሙ ኣይኣትውን።

ማዕጾ ኣእምሮ እዩ፣ ሓሙሽተ መሳኹቲ እተባህላ ድማ እተን ሓሙሽተ ህዋሳታትና እየን። ሸቃጢ ሓጢኣት ዲያብሎስ በዘን መሳኹቲ ኣቢሉ፣ እተፈላለየ ጣዕምን ስምዒታትን ዘለወን ሓጢኣታት ብምምጻእ ንነፍሲ የታልላ። ንነፍሲና ብምቾትን ፍትወትን ከም እትግዛእ ይገብራ። ሓንሳብ ናብ ከምዚ ታኼላ ምስ ኣተወት ከኣ፡ ኣርዑት ዲያብሎስ ተሰኪማ ባርያ ሓጢኣት ትኸዉን፣ ኩሉ ጉዕዞ`ዉን ይቕየር። ነፍሲ፡ ኣብ ክንዲ ንእግዚኣብሔርን መንግስቱን እትናፍቕ፡ ምቾትን ፍትወትን ክትደሊ ትጅምር።

እምበኣር መገዲ ክርስቲያናዊ ፍጽምና ክጅምር ዝደሊ ሰብ፡ ብመጀመርያ ነቲ መሰረታዊ ሕጊ ህይወት፡ ማለት ጣዕሚ እግዚኣብሔር ከስተማቕርን ጣዕሚ ዓለም ድማ ክንዕቅን ኣለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ነዚ ውሳነ ንውስን ኢና፣ ኮይኑ ግና እቲ ቃልሲ ነዊሕን ከቢድን ምዃኑ ኣይንዝክርን። ብስጋዊ ትምኒትን ፍትወትን ንዓመታት ክንግዛእ ጸኒሕና፡ ተመሊስና ንዘለና ሕማቕ ባህሪ ክነጥፍእ ከቢድ እዩ፣ ንክትዕወት`ውን ዓመታት ይወስድ፡ ዓቅሊዉን የድልየና እዩ። መሰረታዊ ኣካይዳና ከነመዓራሪ እንተ ደሊና፡ ቅድም ቀዳድም ህዋሳታትና ክንቆጻጸር ይግባእ።

ነፍስ ወከፍ ህዋሳታትና ጽቡቅን ሕማቕን ጎድንታት ኣለዎ። ስጋዊ ኣካላትና ምቾት ይፎቱ እዩ። ብምቾት ኣቢሉ ልምዲ ይምዕብል፡ ድሕሪ ግዜ ድማ ልምዲ ናብ ወልፊ ይቅየር። ስጋዊ ፍትወት ናብ ደረጃ ወልፊ እንተ በጺሑ፡

ትምኒት ክገዝኣና ይጅምር። ኣብ መወዳእታ ናብ ዘይዉዳእ ዕንክሊል ንኣቱ። እዚ ኹሉ ግና ብህዋሳታትና እዩ ጀሚሩ። ንነፍሲ ወከፍ ህዋሳታትና እንተዘይተቆጻጺርናየን፡ ናብ ባርነት ሓጢኣት ክሸማና ይኽእላ።

ነፍሲ፡ ንትምኒት ብህዋሳት ክሳዕ እተስተማቕሮ፡ እቲ ትምኒት ድጉል ሓዊ ኮይኑ ይጸንሕ። ሓንሳብ ግና፡ እታ ነፍሲ ብናይ ነዳዲ ፍትወት ኣቢላ፡ ነቲ ትምኒት ምስ ኣስተማቐረቶ፡ ብኡንብኡ ናይ ወልፊ ዓንኬል ይጅምር። *«ሽዑ ትምኒት ምስ ተጠንሰት ንሓጢኣት ትወልዳ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመት ድማ ንሞት ትወልዳ» /ያዕ 1፥15/*። «ከመይ ሞት ብመሳዅትና ደይቡ ናብ ኣደራሻትና ኣትዩ እዩ» ብምባል ነብይ ኤርሚያስ ዝተዛረቦ ቃል ዉን ይፍጸም / ኤር 9፡21/። ሞት ብህዋሳታትና ኣቢሉ ናብ ነፍስና ኣትዩ።

ህዋሳታትና ብክልተ *መገዲ* ኣቢልና ክንቆጻጸሮም ይከኣል። ብቀዳምነት ህዋሳታትና ንሕማቕ ስምዒት ካብ ምስትምቓር ክንክልክለን ይግባእ፣ ብተወሳኺ ድማ ጽቡቕን ሰናይን ነገር ክንመሃር ይግባእ።

## ዓይኒ

በዙሓት ጥቕሲታት መጽሓፍ ቅዱስ ንዓይኒ ክንቆጻጸራ ከምዝግበኣና ይነግረና። *«ዓይኒ ናይ ሰብነት መብራህቲ እዩ ስለዚ ዓይንኻ ጥዑይ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብዘሎ ሰብነትካ ብሩህ ይኸውን። ዓይንኻ ሕሙም እንተ ድኣ ኮይኑ ብዘሎ ሰብነትካ ጸልማት ይኸውን» / ማቴ 6፥22-23/*። *«የማነይቲ ዓይንኻ እንተ ኣስሐተትካ ካባኻ ጎጥጊጥካ ደርብያ። ብዘሎ ኣካልካ ናብ ገሃነም ካብ ዝኣቱስ ሓንቲ ኣካልካ እንተጠፍኣት ይሓይሽ» /ማቴ 5፥29/ «ንሓል ኣንስተይቲ ርእዩ ዝምነያ ኹሉ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ» /ማቴ 5፥28/*።

ኣብቲ ቀደም ዘመን፡ ዓይንኻ ብንጽህና ምሕላው ከቢድ ኣይነበረን። «ንሰበይቲ ብትምኒት ኣይትርኣያ» ዝብል ትእዛዝ ብቐሊሉ ይትግበር ነበረ። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜቲ ዝነበራ ኣዋልድ ብጽፉፍ፡ ምሉእ ኣካላተን ዝሸፍን ክዳን ይኸደና ነበራ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ግና፡ ከቢድ ኮይኑ ንረኽቦ። ምኽንያቱ ኣከዳድና ኣዋልድ ኣዝዩ ፈታኒ ስለዘሎ። ብዘይካ`ዚ ዲያብሎስ ርኽሰት ዘተኣታትወሉ ብዙሕ መገድታት መስሪቱ ኣሎ። መጽሔታትን፡ መጽሓፍትን በኣጸያፊ /ብዕልግና/ ስእልታት ዝወቀባ እየን። ሕብረተ ሰብ በዚ ኣጸያፊ ስእልታት /pornography/ ተጻዋርነቱ እናተጸንቀቐ እዩ።

ዝተፈላለያ ገዛውቲ፡ ንዓይኒ ኣብ ቦታኣ ንኸይትጸንዕ ብዝግበር ኣጸያፊ ስእሊ ይዉቅባ። ናብ ዓበይቲ ድኳናት /shopping mall/ ክትኣትዉ እንከለኹ፡ ብናይ ብዕልግና ስእሊ ትዕንቀፍ። ከምቲ ካራሜላ ዘይሸየጦ ድኳናት ዘለዉ፡ ከምኡ ዉን ናይ ኣጸያፊ ስእሊታት ዘይንጸብረቐሉ ድኳናት እንተ ዝጅመር ጽቡቕ ነይሩ።

ዋላ ካልእ ነገር ክንዕድግ ኢልና ኣቲና ክነስና፡ ኣብ ካሳ ክንኸፍል ምስ ተሰራዕና ዓይኒና ብኣጸያፊ ስእሊ ይፍተና። ናብ ዉሸጢ ከይኣተና፡ ብደገ ዉን ክንሓልፍ እንከሎና ዉን፡ ኣብቲ መስተያት ብዓቢ ፖስተር ይዝርጋሕ፡ ወይ`ዉን ነቲ ዝሙታዊ ክዳን ዝተኸድና ባምቡላታት ኣብቲ መስኮት መርኣዪ ደዉ የብልዉን። እዚ ከይኣክል፡ ኣብ ፈቖዶ ጽርግያታትን ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያታትን ዝግበር ምዉዕዋዕ፡ ናይ ዝሙት ስእሊ ብዘለዎ ፖስተራት እዩ።

ኣብ መደበራት ቴሌቪዥን ዝሙት ብፊልም መልክዑ ይቀርብ። ዋላ ኣብ ናይ ካርቱን ፊልማታት ከይተረፈ፡ ብዕልግና ዘርኢ ምንቅስቓሳት ኣለዎ። ኢንቴርኔት ልዕሊ መደባራት ቴሌቪዥን ጸቕጢ ፈጢሩ ኣሎ። ነታ ናይ ኮምፕዩተር ማዉዝ (ናይ ኮምፒተር መቆጻጸሪ) ብምትንካይ ጥራይ፡ ኣዝዩ ኣጸያፊ ዝኾነ ስእልታትን ቪድዮታትን ክትረክብ ይከኣል።

ንዓይኒ ካብ ዝጽይቑ ነገራት ምእንቲ ክንርሕቕ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብለና ቃል ክንሰምዕ ግድን እዩ። ካብ መጽሓፍ ኦሪት ዘፍጥረት *«እቶም ደቂ ኣምላኽ ድማ ነተን ኣዋልድ ሰብ መልክዐኛታት ከም ዝኾና ምስ ረኣዩ ካባታተን ዘዝሓረይወን ኣንስቲ ወሰዱ»* ይብለና /ዘፍ 6፡2/። ከም ሳዕቤኑ ከኣ *«እግዚኣብሔር ከኣ ነቲ ዝፈጠርክዎ ሰብ ካብ ገጽ ምድሪ ክድምስሶ እየ በለ»* /ዘፍ 6፡7/ ንጓል ኣንስተይቲ ብትምኒት ምርኣይ ጥፍኣት ደቂ ሰባት የስዕብ።

ዓይንና ከይተቖጻጸርና ድላይና ምጥማት ዉድቀት የስዕብ እዩ፣ ካብ *ታሪኽ* ንጉስ ዳዊት እንመሃሮ እዚ እዩ። ዓይንኻ ዘይምቁጽጻር ነቲ ን150 *መዝሙራት* ዝደረሰ፡ ነብይ ዳዊት ከም ዝዝምዉንን ነፍሲ ከም ዝቐትልን ጌርዎ እዩ።

ሓደ ሰብ፡ ኣንጻር ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ነገራት ክሳዕ ደም ምፍሳስ ክቃለስ ይግባእ። ከቢድ`ኳ እንተ ኾነ፡ ንድሕነትና ግና ኣድላይ እዩ። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኣብ እንገብሮ ምንቅስቓስ ተጠንቂቕና ክንትዓዝን ሕማቕ ነገር ካብ ምርኣይ ድማ ክንቁጠብ ይግባእ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ሕማቕ ንክንርኢ ጻዕሪታት ክንገብር ፍጹም ኣይግባእን። ናይ ጸያፍ ተግባራት ዘለዎ ናይ ፊልም ካሴት ምክራይ፣ ወይ ኣብ መደበራት ቴሌቪዥን ዘየድሊ መደባት ምድላይ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ(website) ኣጸያፊ ትርኢታት ክንርኢ ሃሰው ኣይንበል። ብፍላይ ናይ ብዕላግና ካሴት ምክራይ ወይ መጽሔት ምግዛእ፡ ወይ ናይ ፖርኖግራፊ (ብዕልግና ወይ ኣጸያፊ ምስሊታት) ምፍታሽ፡ እዚ ከምዚ ዝመሰለ ተግባራት ፍጹም ክንገብሮ ኣይግባኣን። ከምዚ እንተ ጌርና ተሪር መቕጻዕቲ ከምዘለና ኣይንዘንግዕ።

እቲ ብዓይኒና ክንርኢ እንኽእል ካልእ ሓጢኣት፣ **ባእሲ ምርኣይ** እዩ። ባእሲ ዘይብሉ ፊልም ዳርጋ የለን እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። ዋላ እቲ ንቆልዑት ተባሂሉ ዝዳለው ካርቱን ፊልምታት ጎነጽን ባእሲን ዘለዎ እዩ። መብዛሕትኦም ዓይነት ስፖርት ጎነጻዊ እዮም። ብዙሓት ቆልዑት ድማ፡ ነዚ ስፖርት እዚ ይፎትውዎ እዮም። ኣብዚ

መዳይ`ዚ፡ ወለዲ ደቆም እንታይ ዓይነት ፊልም ከም ዝርእዩ ክቆጻጸርዎም ይግባእ። ንደቅና፡ ኣብ ቲቪን ኢንተርነትን ጸያፊን ጎነጽን ከይርእዩ ክንሕልዎም ይግባእ። ደቅና ከምዚ ዓይነት ነገራት ንከየዘውትሩ ዝዓግት ሜላታት ኣሎ። ኣብ ኢንተርነትን መደባት መስኮት ተሌቭዥንን ንከምዚ ዓይነት ጸያፍ መደባት ዝዓግት ሶፍትዌራት ብምጥቃም ንደቅና ክንሕልዎም ይግባእ።

ኣብ ነፍስ ወከፍ መጽሔታት ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት መግቢ ዘርእዩ ስእሊ ንረክብ። ኣብ ግዜ ጾም፡ ንብልዒ ብስእሊ መልክዕ እናረኣኹ፡ ምህራፍ ዉን ኩልኩል እዩ። ሔዋን ዝገበረቶ ኣይንረስዕ «እታ ሰበይቲ ድማ እቲ ኦም ንምርኣያ ጽብቕቲ እቲ ፍሬኣ ንምብልዑ ጥዑም ምዃኑ ርእያ ካብ ፍረ እታ ኦም ወሲዳ በልዐት» ዘፍ 3፥6/። ድሕሪኡ እንታይ ከምዘጋጠመ ኩላትና ንፈልጦ ኢና።

ከም መኪና፡ ቪላ ገዛ፡ ክዳን፡ ኮምፒዩተር… ወዘተ ርኢኻ ዓለማዊ ነገራት ብትምኒት ምብሃግ ዝኣመሰሉ እቲ ኻልእ ብዓይንና ንፍጹሞ ሓጢኣት እዩ።

ንጐይታና ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ «ዲያብሎስ ናብ ኣዝዩ ነዊሕ እንባ ወሲዱ መንግስታት ኩሉ ዓለምን ክብሮምን ኣርእዮ`ሞ ተደፊእካ እንተሰገድካለይ እዚ ኹሉ ክህበካ እየ» /ማቴ 4፥8-9/ ብምባል ፈቲንዎ እዩ። ሕጂ ውን ዲያብሎስ ነዚ ሜላ`ዚ ይጥቀመሉ እዩ። መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ብመጽሓፍ ቅዱስ ጥቕሲ ገይሩ ከምዝስዓሮ ንዘክር። ንሕና ውን ነዚ ሜላ እዚ ክንጥቀም ንኽእል ኢና። ብፍትወት ዓለም ክንፍተን እንከሎና «ሓደ እኳ ንዓለም እንተፈተወ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የለን» /ዮሃ 2፥15/ «ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ እዩ። ዓርኪ ዓለም ክኸዉን ዝደሊ ሰብ ጸላኢ ኣምላኽ ይኸውን» /ያዕ 4፥4/ ዝብላ ጥቕስታት ንዘክር።

ቅንኢ እቲ ብዓይኒ ዝመጽእ ካልእ ፈተና እዩ። ካልእ ሰብ ኣብ ዝውንኖ ነገር ምቕናእ ሓጢኣት እዩ። እዚ ኣብ ክልቲኡ ኪዳናት ዝተጻሓፈ ጽሑፍ እዩ። «ንሰነፍ ቅንኣት የጥፍኦ» /ኢዩ 5፥2/። ኣብ ወንጌል ዘሎ ምስላ፡ ናይቲ ስራሕተኛታት ኣታክልቲ ወይኒ ዝተወዓዓለ በዓል ቤት`ዉን ነዚ ይምህረና። በዓል ቤት ኣብ ዝተፈላለየ ሰዓታት ስራሕተኛ ብውዕለት ቆጸሮም። እቶም ስራሕተኛታት ብዝሰርሕዎ ብዝሒ ሰዓታት ይፈላለዩ እምበር በቲ ዝተሰማምዑሉ ደሞዝ ደዲናሮም ንኹሎም ከፊሎም። እቶም ሙሉእ መዓልቲ ዝሰርሑ ምስቶም ሓንቲ ሰዓት ዝሰርሑ ማዕረ ስለዝተኸፈሉ ግቡእ ኣይኮነን ኢሎም ኣዕዘምዘሙ፣ በዓል ቤት ግና «ብገንዘበይ ዝደለኽዎ ክገብርዶ ኣይግበኣንን እዩ ወይስ ኣነ ሕያዋይ ስለዝኾንኩ ዓይንኻ ዶ ቀናእ እዩ» / ማቴ 20፡ 1-15/ ብምባል መለሰሎም።

ብዙሓት ሰባት «ስለምንታይ እዮም እቶም ካብ እግዚኣብሔር ዝርሓቑ ሰባት ጥዑም ናብራ ዘለዎም?» እናበሉ ይሓቱ። እዚ ሓሳብ`ዚ ኣብ ዘማራይ ንጉስ ዳዊት ውን ነበረ። /መዝ፡ 73/

«ራህዋ ሓጥኣን ምስ ረኣኹ ንዕቡያት ቀናእኩሎም… ከም ካልእ ሰብ ጸገም የብሎምን ከም ካልኦት ስቓይ የብሎምን… ሓጥኣን እዚኣቶም እዮም። ኩሎም ግን ሓያላትን ሃብታማትን ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ. .» እግዚኣብሔር መወዳእታ ሓጥኣን ጥፍኣት ምዃኑ ኣብ መወዳእታ እዚ ምዕራፍ የርእየና። «ሽዑ ኣብ መቕደስካ ኣተኹ ንሓጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦም ተረዳእኩ። ብርግጽ ኣብ መንዳልሃጺ ስፍራ ደው ተብሎም ኢኻ። ናብ ጥፍኣት ውን ክተውድቖም ኢኻ ከምቅጽበት ዓይኒ እውን ባደሙ ጸነቱ ብስምባደውን ተወድኡ።» / መዝ 73/

እግዚኣብሔር ፍትሓዊ እዩ። እቶም ዘልኣለማዊ ህይወት ክረኽቡ ዘይደልዩ ሰባት፡ ኩሉ ዓስቦምን ሓጎሶምን ኣብ ምድሪ ይህቦም፡ ኣብ ምድሪ ዉን ይዉዳእ። ዳዊት ኣብ መዝሙር ከምዚ ይብል «ካብ ናይዛ ዓለም እዚኣ ሰባት ካብቶም ተስፍኦም ኣብዛ ሕይወት እዚኣ ጥራይ ዝኮነ ኣድሕነኒ። ኣነ ግና ጽድቂ ስለዝገበርኩ ኽርእየካ እየ፡ ምስ ነቓሕኩ ከኣ ንስኻ ምሳይ ስለዝኾንካ ክሕጎስ እየ» /መዝ 17፥14-15/። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ንኣብርሃም ኣቦና «ብጫፍ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ከዝሕለለይ ንኣልኣዛር ስደደለይ» ምስ በሎ «ወደይ ንስኻ ብህይወትካ ተድላኻ ከምዝተቐበልካ ኣልኣዛር ድማ ከምኡ መከራ ከም ዝጸገበ ዘክር። ሕጂ ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ ኣሎ ንስካ ግና ትሳቐ ኣለኻ» / ሉቃ 16፡19-25/ ብምባልዩ ኣቦና ኣብራሃም ዝመለሰሉ።

## ቅኑዕ ኣጠቃቕማ ዓይኒ

ዓይንና ሕማቕ ነገር ንኸይትርኢ ጥራይ ምኽልካል እኹል ኣይኰነን፣ ሰናይ ነገር ንክትርኢ ዉን ክነላምዳ ይግባእ። ነገራት ብትምኒት ካብ ምርኣይ ተቖጢብና፡ ኣብ ክንዲኡ ኣብ ኩሉ እንሪኦ ነገራት ንእግዚኣብሔር ምድላይን ምርኣይን ክንላመድ ኣለና። ኣብ መጽሓፈ መነኮሳት ነዚ ዝሕግዘና ኣብነት ኣሎ። ሓደ እዋን ሓደ መነኮስ ናብ እስክንድርያ መልእኽቲ ከብጽሕ ተላኣኸ። ተልእኹኡ ፈጺሙ ምስ ተመልሰ ካልኦት መነኮሳት «እስክንድርያ ከምይ ኣላ?» ኢሎም ሓተትዎ። እቲ መልእኽቲ ከብጽሕ ዝተላእኸ መነኮስ ድማ «ኣብ እስክንድርያ ዝኾነ ክርኢ ኣይመደብኩን» ዝብል መልሲ ሃቦም፤ ማለት ብጀካ`ቲ ዝተዋህቦ መልእኽቲ ከብጽሕ፡ ካልእ ነገር ከማዕዱ ኣይደለየን።

ኣብ ካልእ ኩነት ዉን፡ ሓደ እዋን ብዙሓት መነኮሳት ንገዳም ዘድልዮም ክገዝኡ ንከተማ ተላኢኾም ይኸዱ`ሞ፡ ኣጋጣሚ ሓንቲ ሕምምቲ ጓል ጥራያ ኮይና፣ ፊት ንፊቶም መጽኣት። ኩሎም መነኮሳት ገጾም ጠዉዮም፡ ናብ ካልእ ኽጥምቱ እንከለዉ፡ እቲ ብዕድመ ካብ ኩሎም ዝዓቢ ዝነበረ መነኮስ ግና፡ ናብኣ ኣቶኲሩ ኽጥምት ጀመረ። ብድሕሪ`ዚ ግና፡ እቶም ካልኦት መነኮሳት ነቲ ኣቦ፡ ነታ ጓል ምስ ጠመታ እንታይ ስምዒት ከም ዝተሰምዖ ክነግሮም፣ ተወከስዎ። «ኣነስ ነዚኣ እትመስል ጽብቕቲ ጓል ንዝፈጠረ ኣምላኽ የመስግን ነይረ» ብምባል መለሰሎም።

ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ኣብነታት ሓሳባት ወሲድና፥ ከምዚ ዓይነት ነገራት ንምግባር ዓይኒና ክንላምዳ ይግባእ። ብንርእዮ`ን ብንጥምቶን ነገራት፥ ፍጥረት ኣምላኽ ኣብ ምድናቕን ግብሪ እግዚአብሔር ኣብ ምምርማርን ንላመድ። ኣንጻር ጾታና ዝኾነ መልከዐኛ ሰብ ምስ እንርኢ፥ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝረኣናዮ ጽባቐ ምንጪ ትምኒት ጌርና ንጥቐመሉ፥ ነቲ ጽቡቕ ኣካላት ዝፈጠረ እግዚአብሔር ክነመስግኖ ንፈትን። ጐይታ «ዓይንኻ ጥዕይቲ እንተኾነት ብዘሎ ኣካላትካ ብሩህ ይኹውን» ዝበለና፣ ነዚ ንኽረድኣና እዩ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፥ ጽቡቕ ቪላ ገዛ ክንርኢ ከለና፥ ዘልኣለማዊ ገዛና ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ምዃና ንዘክር። «እዚ ገዛ ክንዲ`ዚ ካብ ጸበቐ፥ እታ ኣብ ሰማያት ዘላ «ብኢድ ሰብ ዘይተሃንጸት» ገዛ ደኣ ክንደየናይ ኣብሊጻ ዘይትጽብቕ» እናበልና ንገዛእ ርእስና ነዘኻኽራ። «ኢየሩሳሌም ኣእጋርና ኣብ ደጌታትኪ ቖይመን ኣለዋ» ትብል መዝሙር ውን ንዘምር። ጽብቕቲ መኪና ክንርኢ ከሎና፥ ጽባቐ ናይታ ንኤልያስ ናብ ሰማያት ዝወሰደት ናይ ሓዊ ሰረገላ ነስተንትን።

መነኮሳት ኣቦታትና፥ ዝኾነ ነገር ክርእዩ እንከለዉ ምስ ሕማማት ክርስቶስ የዛምድዎ። ንሕና ውን ከምኡ ንግበር። ገመድ ክንርኢ እንኰለና፥ ነቲ ምእንታና ኢሉ ንድሕሪት ዝተኣሰሮ እስራት ንዘክር። መስማር ክንርኢ እንከሎና ውን፥ ነቲ ምእንቲ ሓጢኣትናን ሓጢኣት ኩሉ ህዝቢን ብመስማር ዝተሸንከረ ሸንክራቱ ንዘክር።

ሃንደበት ኣጸያፊ ስእልታት ምስ እንርኢ፥ እንታይ ክንገብር ይከኣል? ነቲ ዝረኣኻዮ ሕማቅ ስእሊ ክትድምስሶ ጸዓር። ማለት ከምቲ ካብ ኮምፕዩተር ፋይላት ዝድምሰስ፥ ከምኡ`ውን ነቲ ኣብ ሓንጎልና ዝተዓቀበ ስእሊ.ታት፥ ክንድምስሶ ንፈቲን። ነዊሕ ግዜ ክወስደልና እዩ፥ ኮይኑ ግና ክንዕወት ኢና። ጐይታ «ዓይንኻ እንተ ኣስሓተትካ ጎጥጊጥካ ኣውጽኣያ» ዝበለና ነቲ ኣብ ህይወትኩም ናብ ፈተና ዘብጽሓኩም ዘበለ፣ ካብ ልብኹም ካብ ኣእምሮኩም ኣልግስዎ፣ ደምስስዎ፣ ማለቱ እዩ። ነቲ ኣብ ሓንጎልና ተኣኪቡ ዘሎ፥ ሕማቕ ሓሳባት ኣውጺእና፣ ኣብ ከውሒ ነራጽሞ፥ ከውሕና ድማ ክርስቶስ እዩ፥ ብቃል ወንጌል ጌርና ንደምስሶ።

## እዝኒ

ብእዝኒ ኣቢሉ ካብ ዝፍትኑና ነገራት ብቐዳምነት ዝጥቀስ ደርፊ እዩ። ሕማቅ ጸርፊ፥ ዓውታን ጎነጽን ዝመልኦ ደርፊ ክነወግድ ይግባኣና። ኣብ ገለ ናይ ሙዚቃ መደበራት ክንሓልፍ እንከሎና፥ ድምጺ ናይቲ ደርፊ ኣዝዩ ዓው ሰለዘብልዎ፥ ንከበሮ እዝንና ከንኩሎ ቅሩብ`ዩ ዝተርፎ። ገለ ገለ ሙዚቃታት እሞ፥ ነቲ ከበሮ/ድራም (drum) ባዕሉ ዲያብሎስ ብኣካሉ እዩ መስለኒ ዝሃርሞ፣ ንጥዕና እዝንና እኳ ኣይሰማምዖን።

ብቪደዮ ዝዳለው ደርፊታት (ክሊፕ-clip) ኣዝዩ ፈታኒ እዩ። ግጥሚ ናይተን ደርፊታት፥ ኣደራርፋ ሜላ፥ ኣብቲ ደርፊ ዝግበር ምንቅስቃሳት ሳዕስዒትን፣ ዝኽደንዎ ክዳንን፣ ኹሉ ስጋዊ ትምኒት ዘለዓዕልን፣ ናብ ስጋዊ ፍትወትን ዝሙትን ዝደፋፍእን እዩ። ብኹሉ መደበራት ቴሌቪዥን ውን፥ ከምዚ ዓይነት ጥራይ እዩ ዝመሓላለፍ። ኣጋጣሚ ካልእ ስራሕና ክንሰርሕ እንከሎና እግረ መገድና ዝሰማዕናዮ ደርፍታት ኣብ ኣእምሮና ስለ ዝሓድር፥ ቃላት ናይቲ ደርፊ ባዕሉ ኣብ ሓንጎልና እናተደጋገመ የሸግረና። ኣብ ስራሕ፥ መንገድን፥ ኣብ ጸሎትን ከይተረፈ ውን ይመላለሰና። ስለዚ ነዚ ነገር ካብ ምስማዕ ንእዝንና ክንቆጻጸር ይግባእ።

ካልእ ድማ፥ ናይ መናፍቃንን ከሓድያንን ስብከት ምስማዕ እዩ። ኣብዚ ግዜ`ዚ ብሬድዮን ብቴሌቪዥን ናይ መናፍቃን ስብከት ይመሓላለፍ እዩ። ኩለን ድማ፥ ኦርቶዶክሳዊ ዘይኰነ ካብ ቅኑዕ ትምህርቲ ዝረሓቐ ጸረ-ኦርቶዶክስ (ሄትሮዶክሳዊ-Heterodox) እየን ዝምህራ። ሓደ እኳ ቅኑዕ ትምህርቲ ዝምህር የብሎምን። ካብ ጥቅሲ መጽሓፍ ቅዱስ እናገበሩ፥ ነቲ ምስኪንን ዕጥቂ ዘይብሉን ምንም ዘይፈልጥ ሰብ የታልሉን፣ ሓቢሮም ድማ ነታ ናይ ክርስቶስ ቤተክርስቲያን ከዳኽምዋ ይፍትኑ።

ቃላቶም መዓር እዩ ዝጥዕም፥ ዉሽጡ ግን ስሚ እዩ። `ሰባክያን` ኢና በሃልቲ፥ መጽሓፍ ቅዱስ ክትርጉሙ ዝፍትኑ ሓሰውቲ መማህራን፥ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሬድዮ ባንድ ንረኽብ። ንኣብነት፥ ነቶም ካብ 150 ዓመት ንላዕሊ ዘይገበሩ፥ እምነት ናይዞም ብ «Rapture heresy» (እዞም ጉጅለ፥ "ሰብ ብህይወት እንከሎ ናብ ኣምላኽ ክዉሰድ እዩ" እናበሉ፣ ንህዝቢ ናብ ጌጋ መገዲ ዝምህሩ ከሓድቲ እዮም) ዝፍለጡ፣ ድኹም ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ንዉሰድ። ዓለም ቅድሚ ምሕላፋ፣ ክርስቶስ ንቤተክርስቲያን ክወስድ ክመጽእ`ዩ፣ እናበሉ ንሰባት የታልሉ ኣለዉ። ብዙሓት፥ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መታለልቲ ኣለዉ። ሓደ ቅድም ፕሮቴስታንት ዝነበረ፣ ሕጂ ግና ናብ ቤተክርስቲያን ክኣትው ዝሓሰበ ዘሎ ሰብ፣ ዝሰደደለይ መልእኽቲ ክንብበልኩም።

«ካብ ቀደመይ ብዛዕባ ሓቀኛ መንገዲ ክርስትና የናዲ ነይረ። ብዛዕባ እምነት ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ክመሃር ይደሊ እየ። ካበይ ከምዝጅምር ግን ኣይፈልጥን። ሰናይ ምዕዶኻ ስደደለይ! ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ሓቀኛ ምዃና ክኣምን ዝደረኸኒ ኩነታት ክገልጸልካ። ቅድም ምስ ጴንጤቆስጤ፣ ቀጺለ ምስ ኤንግሊካን ቸርች (ካብ ካቶሊክ ዝተፈንጨለት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቤተክርስቲያን?) ን6 ዓመት መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽኒዐ። በቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ልበወለዳዊ ዛንታ ኣዝየ ተደናገርኩ፣ ደሓርዉን ናብታ ሃዋሪያዊ ትውፊት ዘይብላ ፕሮቴስታንት ኣትየ ክመሃር ጀመርኩ። ኣብዚ ውን ልበይ ዘዕግበኒ መልሲ ኣይረኸብኩን። ኣብ መወዳእታ ግና፣ ብትግሃት ምስ መርመርኩ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብትምህርቲ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን እንተ ዘይኾይኑ፥ ብካልእ መገዲ ነቲ ቅኑዕ መልእኽቱ ክርድኦ ከምዘይክእል በሪሁለይ።»

ኣብ ግዜ ሓሳዊ መሲሕ፡ ኦርቶዶክሳዊ ዘይኰነ /ዘይኦርቶዶክሳዊ/ ሰብከት ምስማዕ፡ እቲ ቀንዲ ንዉድቀት ዘምርሕ መገዲ ክኸዉን እዩ። እቲ መደናገርን መታለልን ሰይጣን፡ ስሙ ኣብ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ እናሓዋወሰ ሰባት ከታልል እዩ።

ሕሜት ምስማዕ እቲ ካልእ ሓጢኣት እዩ። ምናልባት ኣይንሓምይን ንኸውን፣ ኮይኑ ግና ሕሜት ምስማዕ ባዕሉ ሓጢኣት እዩ። ናይ ካልኦት ሰባት ጉዳይ ክትፈልጥ ምጽዓር ሓጢኣት እዩ። ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ፡ ነዚ ሓጢኣት`ዚ ማዕረ ምስ ሰረቕትን ቀተልትን ጠቒስዎ ኣሎ፣ «ሓደ እኳ ካባኻትኩም ቀታሊ ወይ ሰራቒ ወይ ገባር ክፋእ ወይ <u>ኣብ ነገር ካልኦት ኢዱ ዘእቱ</u> ምኽኑን ስቓይ ዝቕበል ኣይሃልኹም» /1ጴጥ 4፥15/። ሕሜት ክንሰምዕ እንከሎና፡ ብዛዕባ እቲ ዝሕመ ዘሎ ኣካል፡ ሕማቕ ኣረኣእያ ከም እነሕድር ይገብረና። ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ እቲ ሰብ`ቲ ሕማቕ ክንዛረብ ንጅምር፣ ብጌጋ ውን ክንፈርድ ይገብረና።

ወረ ምቅብባል ሓደገኛ እዩ፤ እዚ ነገር`ዚ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ዓቢ ጸገም እዩ። ሓደ ሰብ መጺኡ፡ «ክስቶ፡ ንስኻ ድሕሪ ምኻድካ ብዛዕባኻ ሕማቕ ስለ ዝተዛረበ፡ ብድሕሪ ሕጂ ክይትዛረቦ» ክብለና እንከሎ፣ ኣብዚ ክነስተውዕል ይግባእ! እቲ ከምዚ ዝብል ዘሎ ሰብ ባዕሉ፡ እቲ ከምኡ ዝተዛረበ ሰብ ኣብ ዘይብሉ`ዩ፣ ንዓኻ መሊሱ "ሕማቕ ተዛሪቡ" ዝብለኻ ዘሎ። ንከምዚ ዓይነት ጉዳይን ተመሳሳሊን ነገራትን፣ ፍታሕ እንተ ደሊና፡ ነቲ ዘረባ ዘቀባብል ዘሎ ሰብ፡ ምስቲ ሕማቅ ተዛሪቡ ዝተባህለ ፊት ንፊት ኣራኺብና ነቲ ሓቂ ክነረጋግጽ ይከኣል። እቲ ሰብ በደል እንተዘይብሉ፡ ንጹህ ምኳኑ ንዘክር፣ ኮይኑ ግና ኩሉ ግዜ ይቕረ በሃልቲ ክንኸዉን ይግባእ።

ዘይጠቅም ዕላል ወይ ቃላት ምስማዕ ዉን ሓጢኣት እዩ። ጐይታ ዝበሎ ቓል ንዘክር፡ «ሰባት ብዝተዛረብዎ ዘይጠቅም ቃል ኩሉ ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ክህቡሉ እዮም» / ማቴ 12፥36/። እቲ፡ ነቲ ዝሰምዖ ከንቱ ዕላል ናብ ዉሽጢ በዓቱ ሒዙ ክኣቱ ዘይደለየ እሞ፡ ነቲ ብዓቲ ዝኮልል ዝነበረ መነኮስ ንዘክሮ።

ካልእ ከቢድ ነገር ከኣ፡ ጥበራን ከንቱ ውዳሴን ምስማዕ እዩ። ሰባት ብዛዕባና ጽቡቕ ነገር ክዛረብ እንከለው ኩላትና ንሕጎስ ኢና። *«ኩሉ ሰብ ጽቡቕ እንተ ተዛረበልኩም ወይለኹም»* /ሉቃ 6፥26/ ትብል ቃል መድሓኒና ንርስዖ። ሓሳዊ መሲሕ ብጥበራን ምትላል ንብዙሓት ከስሕት እዩ። ብዛዕባ እዚ ዳንኤል ነብይ ከምዚ ይብለና *«ብዘይተሓሰበ ክመጽእ ነታ መንግስቲ ድማ ብምትላል ኪሕዛ እዩ. . . ነቶም ሃይማኖቶም ዝጠለሙ እናቀባጠረ ከስሕቶም እዩ።»* /ዳን 11፥12,32/።

## ቅኑዕ ኣጠቃቕማ እዝኒ

እዘንና ካብቲ ሕማቕ ልምድታት ክነርሕቃ ይግባእ። ሕማቕ ደርፊ፡ ሕሜት፡ ዘይጠቅም ቃላትን፡ ከንቱ ውዳሴን ካብ ምስማዕ ክንርሕቕ ይግባእ። ሕማቕ ዘበለ ነገር ካብ ምስማዕ ንርሓቕ። ገዛእ ርእስና`ውን በዚ መገዲ ነለማምዳ። ኣብ ጾም ኣርብዓ ከምዚ ዓይነት ሰናይ ኣካይዳ ክነዕብይ ጽቡቕ ግዜ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ኩሉ ንሰምዖ ነገር ንእግዚአብሔርን ተግባራቱን ምዝካር ዝበለጸ እዩ። ንኣብነት፦ ጥዑም ጽምጺ ክንሰምዕ እንከለና፡ ነቲ ኣብ ሰማያት ዝስማዕ ኣዝዩ ጥዑም ድማጺ ኽንዝክር ንኽእል። ኣብ ሰማያት፡ ዳዊት ብበገንኡ ምስ እልፍ ኣእላፍ መላእኽት ምስ ቅዱሳን ኮይኑ ይዝምር ከምዘሎ ንዘክር። ካልእ ድማ፡ ንሰምዖ ነገራት ምስ ሕማማት ክርስቶስ ምዝማድ ውን ሰናይ እዩ። ንኣብነት ሰዓት `ጠቕ-ጠቕ` ዝብል ድምጺ ክንሰምዕ እንከሎና፡ ጐይታ ብምስማር ክሸንከር እንከሎ ካብ ማህረምቲ ምስማር ዝወጽእ ዝነበረ ድምጺ ክነዛምዶ ይከኣል። እዚ ውን ድምጺ ተመስጦ ክኾነካ ይኽእል። በዚ ድማ ንሕማማት ክርስቶስ ኩሉ ግዜ ክንዝክር ይሕግዘና።

## መልሓስ

ጣዕሚ ነስተማቕረላ መልሓስና ክንቆጻጸራ ኣድላዪ እዩ። እንተ ዘይኮይኑ ግና ኣብ ኣመጋግባና ጸቅጢ ክትፈጥረልና ትኽእል። ጥዑማት መግቢ ምፍታው፡ ተራ መግቢ ከኣ ምጽላእ፡ ናብ ክርስቲያናዊ ፍጽምና ኣየብጽሕን። ኣዴና ሄዋን ካብቲ ኦም በለስ ሓንሳብ ጥራይ ምስ ጠዓመት`ያ፡ ናብ ዓቢ ጥፍኣት ዝተሸመምና። *«ኣንቱም ኣብ ዓራት ስኒ ሓርማዝ ትግምሰሱ ኣብ መንጸፍኩም እትጋደሙ ካብ መጓሰ ኣባጊዕ ጥቦታውቲ ካብ ደምበ ኣሓውን ኣባትይ ትበልዑ ወይለኹም»* /ኣሞ 6፥4/ ይብለና ነብይ ኣሞጽ። ኣብዚ ጥዑም መግቢ ምምጋብ ኣይኮነን ተጸሊኡ፡ እቲ ዓይነት ህይወት እዩ።

«ኩሉ መዓልቲ ከኣ እናጋየጸ ዝሕጎስ» /ሊቃ 16፥9/ ዝከበረ ሃብታም ሰብኣይ ውን ንዘክሮ። ኩሉ ግዜ ከምዚ ይገብር ኔሩ። ሓሓሊፍካ ጥዑም መግቢ ምብላዕ ሓጢኣት ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ በዓላትን ጋሻ ክመጸና ከሎ ከምዚ እንተገበርና ጽቡቕ እዩ። ኣቡኡ ንጥፉእ ወዲውን «ስብሕቲ ላም ኣምጺኢኩም ሕረዱ ንብላዕ ንታሓጎስ» /ሉቃ 15፥23/ ከምዝበለ ንዘክር። መነኮሳት ኣቦታት ውን ኣጋይሽ ክመጽዎም ከለዉ ባኒን ማይን ምብላዕ ገዲፎም ንጋሻ ዝኸውን ዓደስ ሰሪሖም ይበልዑ እዮም።

ቅ.ጳውሎስ *«ኣብ ጽጋብ ኮነ ኣብ ጥሜት ብሃብቲ ኮነ ድኽነት ኣብ ኩሉን ብኹሉን ልሙድ እየ»* /ፊሊ 4፥12/ ብምባል ጽቡቕ (ጥዑም) ክበልዕ ከም ዝኽእል፡ ጥሜት ውን ከም ዝጻወር ይነግረና። ገለ እዋን ጽቡቅ ይበልዕ ኣብ ካልእ ግዜ ከኣ ተራ መግቢ ይበልዕ ነበረ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ጾም ጥዑም ካብ ምብላዕ ንቆጠብ። ሸዉሃትካ ዝሃርፎ መግቢ ኣይትብላዕ፡ ነዚ ክትቆጻጸር ውን ንነፍስኻ ኣላምዳ።

## ብመልሓስ ዝፍጸም ካልእ ሓጢኣት

መልሓስ መጥዓሚት ጥራይ ዘይኮነት መዛረቢት (ልሳን) ኣካል ውን እያ። ብልሳን ዝመጽእ ሓጢኣት ደርጋ ኩላትና ንፈልጦ ኢና። ምምሓል፡ ምሕሳው፡ ምሕማይ፡ ስም እግዚእብሔር ብከንቱ ምልዓል፡ ነዚኣተን ዝመስላ ሓጢኣትን እየን። እዚኣተን ኣዝየን ፍሉጣት ስለዝኾና፣ ንስሓን ክንኣቱ እንከለና፣ ኣብ ቅድሚ ኣበነፍስና ቀሪብና ውን ተናዚዝናየን ክንኸውን ተስፋ እገብር። ኮይኑ ግና፣ ንሕና ፈጺምና ከም ሓጢኣት ዘይንቆጽረን፣ ካልኦት ብመልሓስ ዝፍጸማ ሓጢኣታት ኣለዋ፣ ብዛዕባ እዚኣተን ክንዘራረብ ኢና።

## ብዙሕ ምዝራብ

ብዙሕ ምዝራብ (ምልፍላፍ) ሓጢኣት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ እዩ ዝነግረና። «ብዙሕ ዝዛረብ ኣብ ኣበሳ ከይወድቕ ኣይተርፍን ለባም ግን ስቕ ይብል» /ምሳ 10፥19/ «ፍልጠት ዘለዎ ዘረባ ኣየብዝሕን እዩ» /ምሳ 17፥27/ « ብዙሕ ዘረባ ኸኣ ዘረባ ዕሽነት ከም እትዛረብ ይነግረካ» /መክ 5፥3/ ልዕሊ እዚ መጠንቀቕታ ግና ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ይብለና፦« ኣነ ግና እትጸድቕ ብቓልካ እትኹነን ብቓልካ ኢካ`ሞ ሰባት ብዝዛረብዎ ዘይጠቕም ቃል ኩሉ፡ ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ክህቡሉ እዮም እብለኩም ኣለኹ» /ማቴ 12፥36-37/ ኣድላይነት ዘይብሉ ቃላት ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ክንህበሉ ኢና።

መማህራን ኣቦታት «ብዙሕ ምዝራብ ናይ ትዕቢት ምልክት እዩ» ይብሉ። ብዙሕ ዝዛረብ ሰብ፡ ንሰባት ከካፍሎ ዝደሊ ፍልጠት ኣለኒ ኢሉ ስለዝሓስ ብዙሕ ይዛረብ። ብዙሕ ምዝራብ ናይ ካልኦት ሰባት ጽቡቕ ስም ስለ ዘበላሸው፡ ናይ ሕሜት ኣደ እያ። ናይ ትዕቢትን ክትዕን ሱር ውን እዩ። ተዛራባይ ሰብ ካብ ሰማዕቱ ኣድናቖትን ክብርን ምእንቲ ክረክብ ብዛዕባ ዝገበሮም ነገራት ብምግናን ብምሕሳውን ይዛረብ። መንእሰያት ጌጋ ምኻኑ ከይተሰቖሮም ኣብ ቴሌፎን ሰዓታት የዕልሉ። ብርግጽ እቲ ጸብጻብ እንህበሉ «ዘይጠቕም ቃላት» ዝበለና ነዚ እዩ። ካብ ቴሌፎን ሓሊፍካ ሕጂ ኸኣ ናይ ኢንተርነት ዕላል (chating) ይገድድ። እቲ ዘገርም ብኢንተርነት ሰዓታት ኣዕሊሎም፡ መሊሶም ድማ ለዓት ቴሌፎን ኣልዒሎም ነቲ ዕላሎም ዝቕጽልዎ`ውን ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።

ኣቦታት ብዛዕባ`ዚ ሓጢኣት ብዙሕ ጥንቃቐታት ጌሮምን ንስቕታ ውን ከም ባህሪ ንከጥርዩዋ፣ ልምምድ ጌሮም እዮም። ቅዱስ ኣርሳንዮስ «ብዙሕ ስለዝተዛረብኩ ተጣዒሰ ይፈልጥ እየ፣ ስቕ ብምባለይ ግና ፈጺመ ተጣዒሰ ኣይፈልጥን» ይብል።

ነዛ ሓጢኣት ክንቃለስ እንከሎና፡ ብቐዳምነት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ሓጢኣት ከም ዝኾነ ጽቡቕ ገይሩ ከነስተዉዕለሉ ይግባእ። ኣብ /ማቴ 12/ ዘላ «ዘይጠቕም ቃላት» ትብል ጥቕሲ ኣብ ልብና ነስርጻ። ብድሕሪ እዚ ስቕታ ንላመድ። ኣባ ኣጋቶን፡ ኣብ ኣፉ ጸጸር ብምግባር መልሓሱ ብዙሕ ንኸይትዛረብ ማእሰር ይገብረላ ነይሩ። ንሕና`ውን ጽሬቱ ብዝተሓለወ ነገር ክንፍትን ንኽእል።

## ምዕዶ

ንሰብ ምዕዶ ምልጋስ ሓጢኣት ድዩ? ሓጢኣት ከኸውንን ከይኸውንን፣ እቲ ኩነታት ይውስኖ እዩ። ኣብ ገሊኡ ኩነታት፡ እወ ሓጢኣት እዩ! ንኣብነት፦ ናይ ምምዓድ ክእለት ከይሃለወና፡ ኣብቲ ምዕዶ እንህበሉ ዘለና ጉዳይ እኹል ርድኢት ዘይብልና ክነስና፡ ከይተሓተትናን ክንመክርን ክንምዕድን ምፍታን እዩ። እዚ ውን ዓቢ ጸገም ይፈጥር። ሰባት ካባና ምክሪ ክሓቱና እንከለዉ፣ ዋላ`ውን ኣብቲ ጉዳይ ኣፍልጦ ኣይሃልወና፡ ብቅጽበት ክኢላ ናይቲ ኣርእስቲ ክንኸወን ንፍትን። ምዕዶ ተሓቲቱ፣ «ኣብዚ ጉዳይ ኣፍልጦ የብለይን» ዝብሉ ዉሑዳት እዮም።

ብዙሓት መንእሰያት፡ ብዛዕባ መንፈሳዊ መንገድን ዕርክነትን፡ ነንሕድሕዶም ከመዓዓዱ ይረኣዩ። ኣብ ክንዲ ነቶም ፍልጠትን ተመኩሮን ዘለዎ ሰብ ዝሓቱ፡ ክምዕድ ንዘይክእል ሰብ ይሓቱ። «ዕውርዶ ንዕውር ክመርሖ ይክእል እዩ፡ ክልቲኦምዶ'ኸ ኣብ ጉድጓድ ኣይወድቑን» /ሉቃ 6፥39/።

ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ጉዳያት ምኽሪ ክንህብ እንከለና፡ ሳዕቤኑ ሓደገኛ ክኸውን ስለዝኽእል፡ እቲ ሓጢኣት ዓቢ እዩ። ምኽንያቱ ንሓደ ሰብ ምኽሪ እንተ ለጊስናሉ፡ ኣብቲ ዝመዓድናዮ ሰብ ዝመጽእ ናይ ባህሪ ለውጢ፡ ሓላፍነት እንወስድ ንሕና ባዕልና ኢና። ብርግጽ ሓደ ሰብ ኣብ ዕዮ ገዛ ወይ ንዕዑ ዝመስሉ ነገራት ምኽሪ ሓቲትና፡ ክንመኽሮ ጽቡቕ እዩ። ኮይኑ ግና፡ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ምስ ጾታዊ ዕርክነት ማለት ጾታዊ ፍቕሪ ምዕዶ ክሓተና እንከሎ፡ እሞ ከኣ ኣብዚ ጉዳይ ተሞክሮ ዘይብልና እንተ ኾይኑ፡ ክንመክር ኣይንፈትን። እምበርከ እቲ ሰብ፡ ብመሰረት እቲ ዝለገስናሉ ምዕዶ ዝኾነ ነገር ገይሩ፡ እሞ ዘይተደልየ ሳዕቤን ወይ ናብ ሓጢኣት እንተ ወደቐ ተሓታቲ ንሕና ባዕልና ኢና።

ካልእ`ውን፡ ናይ ሓሸሽ፡ ሽጋራ፡ መስተ፡ ግብረ ሕቡእ ወይ ናይ ዝሙት ወልፊ ግዙኣት ዝኾኑ ሰባት መጺኦም ምኽሪ ክሓቱና እንከለዉ፡ ምዕዶ ክንህብ ቅድሚ ምፍታንና፡ ናብ ኣበ ነፍሶም ከይዶም ክዛተዩ ንንገሮም። ምኽንያቱ ንሕና`ውን ባዕልና፡ በዚ ጸገም`ዚ ስለ እንሽገር፡ ምዕዳ ናይ ምሃብ ዓቕሚ የብልናን። እንተ ክኢልና ነቲ ምዕዶ ዝሓትት ሰብ`ቲ፡ "ከምዚ ዓይነት ጸገም ነይሩኒ ናብ ኣበ ነፍሰይ ከይደ፡ ንሶም ስለዝሓገዙኒ ድማ ሕጂ ነጻ ኮይነ" እናበልና ነተባብዓዮ። ምዕዶ ግና ይጽንሓልና፡ ሓደ ነገር ግን ንግበረሉ፣ ጸሎት! ስም ናይቲ ሰብቲ ጺሒፍና ንካህናት ንሃቦም፣ ንሳቶም ውን ብጸሎት ይዘክርዎም።

ገለ ገለ እዋን፥ ሓደ ሰብ መጺኡ ጸገሙ የዕልለና እሞ ሕሊናና ሽዑ፣ ነቲ ጉዳይ ግድን ካህን ክሰምዖ ይግባእ ዝብል ድሪኺት የሕድረልና። እቲ ብጻይና`ቲ፥ ነቲ ነገር ሚስጢር ኢሉ፥ ኣምሒሉ ነጊሩና ንበል። ሚስጢሩ ድማ ክንዕቅበሉ ኣለና። ኣብ ከምዚ ጉዳይ እንታይ ክንገብር ይሓይሽ?

ምእንቲ ብጻይና ኢልና፥ ኣብ ክንዲ`ቲ ሰብ`ቲ ነቲ ጉዳይ ናብ ኣበ ነፍስና ክንናስሐ ይከኣል እዩ። ማለት ነቲ ካህን፥ ኣብ ክንዲ ብጻይና ንናሳሕ ከም ዘለና ክንሕብሮ ይከኣል። ከምዚ እንተ ጌርና፥ ኣበ ነፍስኻ ነቲ ጉዳይ ናብ ማንም ከየብጽሐ፥ ምእንቲ እቲ ሰብ`ቲ ጸሎት ክገብርን ናብ እግዚኣብሔር ክልምንን እዩ። ብጸሎት እቲ ካህንን ብጸሎትናን ድማ፥ ናይቲ ሰብ ህይወት ክመዓራረን ናብ መገዲ ኣምላኽ ክምለስ እዩ። እግዚኣብሔር ናብ ቅኑዕ መገዲ ክመርሖ እዩ። ናብ ልቡ ምስ ተመልሰ ድማ፥ ባዕሉ ናብ ኣበ ነፍሱ ውን ክቐርብ ይኽእል።

## ኣፍንጫ-ናይ ምሽታት ህዋስ

ኣፍንጫና ብናይ ምሽታት ህዋስ ኣቢላ፥ ናይ ስጋዊ ፍትወት ስምዒትን ሓሳብን ከተበጋግሰልና ትኽእል። ሓያልን ጥዑምን ጨና፣ ስጋዊ ፍትወት የለዓዕል። ደቀንስትዮ ኣሓትና፥ ንኻልኦት ምእንቲ ከይፍትና ሓያል ጨና ክጥቀማ የብለንን። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ጨና ምልካይን ክቡር ክዳን ምግባርን ከምዚ እናበለ የጠንቅቐና *«...ጥዑም ዝመኣዝኡ ጨና ከኣ እትልከዩ... ወይለኹም»* /ኣሞ 6፥6/ *«ኣብ ክንዲ ምኡዝ ሽቶ ዲን ክጨንዋ እየን»* /ኢሳ 3፥24/።

ስጋዊ ትምኒት ዘለዓዕል ምኡዝ ጨና ምስ እነሽትት ኢሳይያስ ከምዝበሎ፥ ደሓር ተመሊሳ ዲን ከም ትሽትትን ከም ትብስብስን ዘክር። ጨና መገቢ ውን ፈታኒ እዩ፣ ብፍላይ ኣብ ግዜ ጾም። ቤት መግቢ ኣብ ዘለዎ ከባቢ ክንሓልፍ እንከለና፥ ግድን እዩ ክሽተና። ኮይኑ ግና ካብ ምስትምቃር ክንቁጠብ ይግባእ።

ናይ ፊዮም ጳጳስ ዝነበረ ቅዱስ ኣባ ኣብራም (ዓርኪ ድኻታት)፥ ሓደ እዋን ደርሆ ክበልዕ ህርፋን ምስ ሓደሮ፥ ንኣገልጋሊኡ ከዳልወሉ ሓበሮ። ደርሆ ተዳልያ ምስ ተወድኣት ግና፥ "ኣብኡ ግደፎ" በልዎ። መላሊሱ ከቅርበሎም ምስ ሓተቶም ውን፥ "ግደፎ ጥራይ" ይብልዎ ኔሮም። ድሕሪ ሒደት መዓልታት እቲ ዝተዳለወ መግቢ ተበላሽዩ ሕማቅ ጨና ከውጽእ ጀመረ። ሽዑ እዞም ቅዱስ ኣቦ ነቲ መግቢ ቀሪቦም ከምዚ በሉ፣ «ኣብራም፣ ልብኻ ነዚ ሃሪፋ እዩ`ሞ ብልዓዮ በል፣ ቀልጥፍ።»

## ቅኑዕ ኣጠቃቅማ ኣፍንጫ

ጥዑም ጨና ምስ እነሽትት ብቕዱስ ሽቶ ጌራ ኣእጋር ጐይታ ዝለኸየት ማርያም እንተእፍረት ንዘክራ። *«ጨና እታ ቤት ከኣ ብመኣዛ እቲ ሽቶ መለአት»* /ዮሐ 12፥3/።

## ናይ ምድህሳስ ህዋስ

ምድህሳስ ኣብ ሓጢኣት ጥንተ ኣብሶ ቀንዲ ተራ ኔርዎ። ሰይጣን ንሄዋን ከታልል እንከሎ፥ ብተመን ተመሲሉ መጺኡ፥ ኣምላኽ ብዛዕባ እታ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም በለስ እንታይ ከም ዝኣዘዘ ሓተታ። ንተመን ከምዚ ኢላ መለሰትሉ *«ከይትሞቱስ ካብኣ ኣይትብልዑ ኣይትተንክይዋ`ውን»* /ዘፍ 3፥3/ በለቶ። ሄዋን ግን ካብ ህንጡይነታ ዝተለዓለ ምስ ተንከፈታ ጽቡቕ ምዃና ፈለጠት ቐንጢባ ውን በልዐት።

ምትንካይን ምድህሳስን፥ ኣብ ኣእምሮናን ስጋናን ርኹስ ስምዒት ከምዘለዓዕል ኩላትና ንፈልጥ ኢና። ንኣብነት፦ ኣብ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ደይብና ክንጓዓዝ እንከለና፥ ኣጋጣሚ ኣካላትና ምስ ኣካላት ካልእ ኣንጻር ጾታ ምትንካፍ ፈጢሩ ንበል፥ ዋላኳ ክዳን ይሃልወና፥ ኣብ ኣእምሮናን ስጋናን ግና ዝርብሽና፥ ማለት ዘይተቐደሰ ሓሳብ ክቀላቐል ተኽእሎታት ኣለዎ። ገለ እዋን ንቃለስ ኢና፥ ገለ እዋን ከኣ ነዚ ስምዒት ንግዝኣሉ ኢና። ንከምዚ ዓይነት ጸገም ዝፈልጥ ሰብ ብኹሉ ሸነኽ ካብዚ ሃዋሁ`ዩ ክሃድም ዝፍትን።

ኣብ መጽሓፈ መነኮሳት ነዚ ኣብነት ዝኾነና ታሪኽ ኣሎ። ሓደ እዋን ንሓደ መንእሰይ መነኮስ፥ ኣዲኡ ክትሪኦ ኢላ ትመጽእ እሞ ምስኡ ኣብቲ ገዳም ትቕኒ። ቀንያ ናብ ቦታኣ ክትምለስ እንከላ፥ ወዳ ናብታ ከባቢ ዓዲ ከፋንዋ ኢሉ ምስኣ ይኸይድ። ኣብ መገዲ ውሕጅ ስለዘጋጠሞም ነዲኡ ሓቑፉ ከሳግራ ግድን ኰነ። ቅድሚ ምሕቋፉ ግና በቲ ምስኡ ዝነበረ ኮቦርታ ገይሩ ጥቕልል ኣበላ። ኣዲኡ በቲ ተግባሩ ተገሪማ «ወላዲትካ እኮ እየ!» በለቶ። እቲ መነኮስ ወዳ ግና፥ ከምዚ ኢሉ መለሰላ፣ «ኣደይ ስጋኺ ከይትንክፍ ኣይኮነን ዘፍርሐኒ፣ ግና ንዓኺ ምስ ተንከፍኩ ነቲ ኣብ ዘመን ዕሽነተይ ዝተንከኽዎ ኣካላት ከይዝክር ሰለዝደለኹ እየ» በላ።

ቅዱስ ይሁዳ ኣብ መልእኽቱ ነቲ ብትምኒት ስጋ ዝረኸሰ ክዳን ክንጸልኦ ከም ዝግበኣና ነጊርና እዩ። ነዚን ክዳን ምትንካይ ዘይተቀደሰ ስምዒት ይፈጥር እዩ። /ይሁ 1፥23/

ኣብ መዓልታዊ ማሕበራዊ ህይወትና፥ ኣብ ኣጠቓቕማ ኣእዳውና ጥንቃቐታት ክንገብር ይግባእ፣ ብፍላይ ድማ ምስ ኣንጻር ጾታ ዘለና ርክብ ከነስተውዕለሉ ኣለና። ብዙሓት መንእሰያት፣ `ሕውነት` ብዝብል ስም፥ ምስ ኣንጻር ጾታ ክተሓቛቆፉ ይረኣዩ። ገሊኦም «ንሕማቕ ሓሲበ ኣይኮንኩን» ይብሉ ገሊኦም ከኣ «ምንም ሕማቅ ነገር ኣይስማዓንን» ይብሉ። ኣብዚ ግና ከነስተውዕለሉ ዝግባእ ኩነት ኣሎ፣ ምናልባት ነቲ ናትና ስምዒት ንፈልጥ ንኸውን፣ ግን እቲ

ካልእይ ሰብ`ከ፣ እንታይ ከም ዝስምዖ ብኸመይ ንፈልጥ። ንሕና መጺእና ጥምጥም ክንብሎ እንኽለና፡ ናይቲ ካልእ ኣካል ስምዒት እንታይ ከምዝስምዖ ኣይንፈልጥን፣ እዚ ዉን ሓደገኛ እዩ።

እዚ ጥራይ ዉን ኣይኰነን። ክቡር ክዳውንቲ ተኸዲንና፡ ብፍሉይ ቅብኣት ደሚቕና፣ ቆርበትና ኣልሚጽና፣ ሰባት ካብ ምፍታን ውን ክንርሕቕ ይግባእ። ስለዚ ኹሉ ግዜ፡ ሚዛናዊ ኣካይዳ ይሃልወና።

ናይ ምድህሳስ ህዋሳት፡ ሕማቕ ነገርን ወይ ቃንዛን ከነስተማቕረሉ ዘኽእለና ህዋስ እዩ። እቲ ናይ ምድህሳስ ህዋሳቱ ብኣገባብ ዝጥቀም ሰብ፡ ንቃንዛን ሕማምን ብምስጋና ናይ ምቕባል ልምዲ ከማዕብል ይክእልን፣ ከምኡ ዉን ነቲ ዝስምዖ ቃንዛ ንመንፈሳዊ ኣስተንትኖ ክንጥቀመሉ ይኽእል። ቅዱስ ቴኦፋን ባሕታዊ፡ ከምዚ ብምባል ይምዕደና። «ኣብ ኢደይ ቃንዛ ክስመዓኒ እንከሎ፡ ነተን ኣብ ኣእዳዉ ጐይታ ዝተሰመራ መስማር ክዝክር ይኽእል። ዝባነይ ቃንዛ ክስመዓኒ እንከሎ፡ ነቲ ምእንታይ ኢሉ፡ ኣብ ዝባን ጐይታ ዝወረደ 39 መግረፍቲ ኲርማጅ ይዝክር። ኣብ ጎነይ ክቕንዞ እንከሎኹ፡ ነቲ ኣብ ጎኑ ዝተወግኦ፡ ርእሰይ ከሐመኒ እንከሎ ድማ፡ ኣብ ርእሲ ጐይታ ዝተሸንከረ ኣክሊል እሾኽ ይዝኽር» ።

## ምዕራፍ፡4 - ምቁጽጻር ዝኽሪን ሕልማዊ ሓሳብን

እግዚአብሔር ነገራት ክንዝክር ዘኽእለና ጸጋ ዓዲሉና እዩ። ነገራት ኣብ ኣእምሮና ብምዕቃብ መሊስና ዘኪርና ክንጥንቀመሎም ንኽእል። ሕጉ ንክንዝክር፡ ናይ ምዝካር ክእለት ሂቡና *«ንኩሉ ትእዛዛተይ ክትዝክርዎን ክትገብርዎን ኢኹም»* /ዘሁ 15፥39-40/።

ሓዋርያት ጐይታ ምሳቶም እንከሎ ዝተዛረቦም ቃል ብምዝካር፡ ኣብ መንጌልን መልእኽታቶምን ጽሒፎም እዮም። ቅዱስ ወንጌል፡ ቅድሚ ኣብ ጽሑፍ ምስፋሩ፡ ከም ኣፋዊ ትውፊት ኣብ ኣእምሮ ኣመንቲ ተዓቂቡ ነበረ።

ናይ ምዝካር ክእለት ዝተዋሃብናሉ ካልእ ምኽንያት ከኣ፡ እግዚአብሔር ዝገበረልና ጽቡቕ ነገር ምእንቲ ክንዝክር እዩ። *«ሙሴ ድማ ነቶም ህዝቢ እግዚኣብሔር ብሓያል ኢዱ ካብ ግብጺ ኣውጺእኩም እዩ እሞ፣ ነዛ ካብ ምድሪ ባርነት ዝወጻኣኩምላ መዓልቲ ዘክርዋ»* /ዘጸ 13፥3/።

ስእላዊ ሓሳብ /imagination/ ግና በኣንጻሩ ውህብቶ ኣምላኽ ኣይኮነን። ቅዱስ ቲዮፋን ባሕታዊ፣ «እግዚአብሔር ነቶም ኣእምሮ ዘለዎም ፍጥረታት ማለት፣ ንሰብን መላኣክትን ክፈጥሮም እንከሎ፣ ብዘይ ስእላዊ ሓሳብ /without imagination/ እዩ። ሰይጣን ካብቲ ዝነበሮ ጸጋን ክብርን ክወድቕ ዝገበሮ ዉን ስእላዊ ሓሳብ ከማዕብል ምስ ጀመረ እዩ። `ኣነ ከምቲ ልዑል ክኸዉን እየ` እናበለ ምስ ኣምላኽ ማዕረ ክኸዉን፡ ክሓስብ ጀመረ። ንኣዳምን ሄዋንን ድማ፡ ዕጸ በለስ እንተ በሊዕኩም ኣምላኽ ክትኮኑ ኢኹም፣ ብምባል ስእላዊ ኣተሓሳስባ ኣተኣታተወ።

ሰይጣን፡ ብስእላዊ ኣተሓሳስባን ብተዘክሮን ኣቢሉ፡ ሓጢኣት ክንፍጽም ይፍትነና። ብህዋሳታትና ዘስተማቐርናዮም ነገራት፡ ኣብ ኣእምሮና ጦብላሕታ ማለት ተዘክሮ ክገድፉ ግድን እዩ። እዚ ጦብላሕታ`ዚ ድማ፡ እንተ ንሕማቕ ወይ ንጽቡቕ ክዝከር ይከኣል።

ብተዘክሮን ስእላዊ ሓሳብን ዝፍጸም ሓጢኣት፡ ካብቲ ብህዋሳትና ዝፍጸሙ ሓጢኣት ዝኸፍአ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብህዋሳትና ኣቢልና ንፍጽሞ ሓጢኣት፡ ንስምዒት ህዋሳታትና ዘነቓቕሕ ነገራት ክርከብ እንከሎ፡ ማለት ገለ ነገር ክንርኢ ወይ ክንሰምዕ ወይ ክነሸትት እንከሎና እዩ ዘጋጥመና። ብሓጺሩ ብህዋሳትና ዝፍጸሙ ሓጢኣት ብግዳማዊ ነገራት ወይ ፈተናታት እዮም ዝበጋገሱ።

ብተዘክሮን ስእላዊ ሓሳብን ዝፍጸሙ ሓጢኣት ግና፡ ነቲ ብህዋሳትና ዘሰተማቐርናዮ ስምዒት ብምዝካር ሓጢኣት ክንፍጽሞም ንኽእል። ስእላዊ ሓሳብ ከኣ (imagination/ስእለ ኣእምሮ) ነቶም ኣብ ኣእምሮና ብዝኽሪ መልክዕ ዝዓቀብናዮም ስምዒታት፡ ፍሉይ ለውጥታትን ጣዕምታትን ብምውሳኽ፡ ካብቲ ቀዳማይ ዝነበሮ ኩነት ብዝበለጸ ሰሓቢ ብምግባር፡ ናብ ዝኸፈኣ ዓዘቕቲ ከም ንኣቱ ይገብረና። ካልእ፡ ህዋሳትና ንሕና ክንድቅስ እንከሎና፡ ንሳቶም ዉን ይዓርፉ እዮም። ዝኽሪ፡ ስእላዊ ሓሳብን ግና ደቂስና እንከሎና`ውን፡ ብሕልሚ ኣቢሉ ክፍትነና ይኽእል።

## ናይ ዝክሪ ሓጢኣት

ክፋእ ምዝካር ሓጢኣት እዩ። ኣብ ግዜ ቅዳሴ «ሞት ዘሰዕቡ ሕማቕ ነገራት ካብ ምዝካር ኣድሕነና» እናበልና ናብ እግዚአብሔር ንጽሊ ኢና። ንክፋእ ምዝካር ማለት፡ ቅድሚ ሕጂ ዝሰርሓናዮ ክፉእ ምዝካር ወይ ካልኦት ኣብ ልዕሌና ዝፈጸምዎ ክፍኣት ምዝካር እዩ።

## ዝሙት

ኣቐዲምና ንፍጽሞ ዝነበርና ዝሙት፡ ዋላውን ንግደፎ ኣብ ኣእምሮና እናተመላለሰ ብመልክዕ ዝኽሪ ይፈታተነና እዩ። ዓበይቲ ገዳማውያን ቅዱሳን በዚ ሓጢኣት ተፈቲኖም እዮም። ቅዱስ ሙሴ ጸሊም ንኣብነት፡ ንነዊሕ ግዜ ብኽምዚ ሓጢኣት ዝሰረቶም ሓሳባት ዝሙት ተፈቲኑ እዩ። ኣብ ግዜ ቅዱስ መቃርስ ዓቢ ዝነበረት እመምኔት[2] ሳራ፣ ን14 ዓመት ዝኣክል ብከምዚ ዓይነት ናይ ዝሙት ሓሳብ ተፈቲና እያ። ደሓር ግና እግዚአብሔር ነዚ ፈተና ኣርሓቀላ። ኣብ ፊልምታት፡ ቲቪ፡ ኢንተርነትን፡ መጽሔታትን ዝረኣናዮምን ኣብ መጻሓፍቲ ዘንበብናዮምን ሕማቅ ናይ ብዕልግና ኣሳእል፡ ኣብ ኣእምሮና ብቀሊሉ ክሕከኽ ዘይኽእል ኣሰር ዝኽሪ ስለዝሓድጉ፡ መመሊሶም ብስእላዊ ሓሳብ ይፍትኑና።

## ሕርቃን

ንኣብነት፡ ምስ ሓደ ሰብ ተጨቃጪቕና ወይ ተባኢስና ንበል። ምስ ተዓረቕና ግና፡ ነቲ ዝተፈጸመ ነገራት ብምዝካር ናይ ሕርቃንን ሕነ ናይ ምፍዳይን ሓሳባት፡ ኣብ ዉሽጥና ክለዓዓል ይኽእል። ድያብሎስ ነቲ ዝነበረ ኩነት ኣዝዩ ብምግናን፡ ኣብ ሓሳብና ኣክፊኡ የቕርቦ። ብኸምዚ ነገራት ኣብ ሓዳሮም ንፋስ ዝኣተዎም መጻምድቲ ብዙሓት ኣለዉ።

ቅድሚ ስራሕ ምውፋሮም ዝፍጠር ክትዕ ድያብሎስ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዝምዝምዛ። ናብ ስራሕ ምስ ከዱ፡ ኣብ ኣእምሮ ክልቲኦም፡ ነቲ ኩነት ዳግማይ ከም ዝዝከር ይገብሮ። ናይ ሕርቓንን ሙግትን መንፈስ ኣብ ሓንጎሎም የንግስ፣ ናብ ገዛ ምስ ተመለሱ፣ እታ ካብ ገዛ ንግሆ ክወጽኡ እንከለዉ ንእሽቶ ዝነበረት ክትዕ ዓባይ ኮይና ትመጽእ። ብከምዚ ኸኣ ክልቲኦም ተጻመድቲ ውሽጣዊ ስላሞም ይስረቑ።

ፍትሕ ብኸመይ ድዩ ዝጅምር? ገለ ሰባት ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ዝተፈጸመ ነገራት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክትዕ፡ እናዘከሩ ዝጨቃጨቑ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት፦ ንልዕሊ 10 ዓመት ብሓዳር ዝጸንሁ ተጻመድቲ፡ ኣብ ዝጨቃጨቕሉ ግዜ፡ ሰበይቲ ሰብኣያ ኣብ ሕጽኖት ዝፈጸሞ ጌጋ ትዝክረሉ፡ ሰብኣይ`ውን ኣዲኣ ንዕኡ ዝተዛረበቶ ሕማቕ ዘረባ ይዝክረላ።

## ኣብ ካልኦት ምፍራድ

ምናልባት ሓደ ሰብ ሕማቕ ነገር ክገብር እንከሎ ንርኢ ወይ ንሰምዕ እሞ፣ ብቐጥታ ኣብቲ ሰብቲ ንፈርድ። ድሕሪ ግዜ ግና፡ ኣብ ልዕሊ`ቲ ሰብ`ቲ ብምፍራድና፡ ሓጢኣት ምዃኑ ስለ ዝተረዳእና፡ ተናሲሕናሉ ንበል። እዚ ጉዳይ እዚ ግና በዚ ኣይዓርፍን። ነቲ ሰብቲ ክንረኽቦ እንከሎና፡ ዝገበሮ ነገር ብምዝካር ነቲ ሰብቲ ደጊምና ኣብ ኣእምሮና ንፈርዶ። ነቲ ሰብ ብምፍራድና ድማ፡ ደጋጊምና ኣብ ሓጢኣት ንወድቕ።

## ውዳሴ ከንቱ

ገለ ገለ እዋን ንዓና ጽቡቅ ዝመስለና ሰናይ ነገር ንገብር። ንኣብነት፡ ክልተ ዝተባኣሱ ሰባት ንዓርቆም። ደሓር ግና፣ ነቶም ሰባት ክንዓርቕ እንከሎና፡ ዝተዛረብናዮ «ጥበብ ዝመልኦ ቃላት» እናዘከርና ብትዕቢት ክንንፋሕ ንጅምር። ንገዛእ ርእስና ውን «ብጣዕሚ ንፉዕ እየ!!» እናበልና ንሙግሳ።

ካህናት፡ መንእሰያትን መማህራን ትምህርቲ ሰንበትን፡ ዝምህርሉ ጸጋ ካብ ኣምላኽ ተዓዲልዎም ክኸውን ይክእል። እዚ ጸጋ`ዚ፡ እግዚአብሔር ደቁ ንክመሃሩ ኢሉ ዝዓደሎ ጸጋ እዩ እምበር፣ መንፋዕቲ ናይቲ መምህር ክግለጽ ደልዩ ኣይኮነን። ሓደ ሓደ መማህራን ነቲ ኣብ መድረኽ ዝተዛረብዎ ቃላት ብምዝካር ብትዕቢት ይንፍሑ። እቲ ቃላት ካብ እግዚአብሔር ዘይኮነስ ካብ ገዛእ ርእሶም ከምዝወጸ ጌሮም ብምውሳድ፡ ብልቦም ይዕበዩ።

እዚ ዓይነት ፈተና ክገጥመናን ኣብ ኣእምሮና`ውን ናይ ትዕቢት መንፈስ ክለዓዓልን እንከሎ፡ እግዚአብሔር ንነብይ በላኣም ብኣድጊ ገይሩ ከም ዝገሰጾ ንዘክር። ንገዛእ ርእስና`ውን «ካብ ኣድጊ በላኣም ኣይሓይሽን እሞ፣ ብቃላት ዘረባይ ክዕበይ የብለይን» ንበላ።

[2] እመምኔት ማለት ናይ ደቀንስትዮ ገዳም መንፈሳዊት መራሒት ማለት እዩ።

# ናይ ሓሳብ ሓጢኣት

## ዝሙት

ንኣብነት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ኣንጻር ጾታ ብሓንሳብ እሰርሕ ንበል። ንሳ ብኣካይድኣ ኩሉ ስነስርዓት ዝመልኣ፡ እድብቲ፡ ብዙሕ ኮሸምሽም ዘይትብል እያ። ብኣካይዳኣ ኹሉ ጽፉፍቲ ክንሳ፡ ኣብ ሓሳበይ ግን ምስታ ንጽህቲ ሰብ ኩሉ መስርሕ ስጋዊ ርክብ ክፍጽም ይኽእል።

ኣከዳድንኣ ስነስርዓት ዘለዋ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ሓሳበይ ግና ዝደለኹዎ ነገር፡ ብዝደለኽዎ መገዲ ክፍጽም ይኽእል። ክዳኑ/ክዳና ካብ ምውጻእ ጀሚሩ፡ ኩሉ ዓይነት ዝሙት ደጋጊመ ይፍጽም። እዚ ጥራይ ከይኣክል፡ ብድሕሪ`ዚ ውን ነቲ ሰብቲ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ክረኽቦ እንክለኹ፡ ነቲ ዝሙት ደጊመ ይዝክሮ። ኣብ ዓለም ዝተፈጸመ መብዛሕትኡ ስጋዊ ዓመጽ ብኸምዚ መልክዑ እዩ ዝፍጸም!!!

ኻልእ ብሓሳብ ዝፍጸም ዝሙት፡ ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ጾታዊ ህይወት ምእታው እዩ። ንኣብነት ኣብ ባስ ወይ ቤት መግቢ ኮፍ ኢልና እንከሎና፡ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ምስ ሓንቲ ጎርዞ ከዕልል ንርኢ።

ብኡንቡኡ ብሓሳብና ናይ ሓጢኣት ስእሊ ክንቕርጽ ንጅምር። ነቲ ሰብኣይ ከም ሓላፊኣ፡ ነታ ጓል ከኣ ከም ውሽማኡ ጌርና ንወስዶ። እቲ ሓቂ ግና፡ ምናልባት እቲ ሰብኣይ ነታ ጓል ኣቡኣ ክኸውን ይኽእል። ብዝሙታዊ ሓሳብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኻልኦት ብምፍራድና`ውን ሓጢኣት ንፍጽም ኣለና።

## ሕርቃን

ንኣብነት ኣብ ስራሕ ኩሉ ሳዕ ዘሸግረና ሓላፊ፡ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሃርመና ሓያል ሰብ ኣሎ፣ ንበል። ኣብ ባይታ መጺእና፡ ኣንጻር እቶም ዝገፍዑና፡ ዋላ ሓንቲ ነገር ክንገበር ኣይንኽእልን፣ ኣብ ክንድኡ ግና ብሓሳብና ሕነ ክንፈዲ ንኽእል። ብሓሳብና፡ ነቲ ሰብ ሓንሳብ ክንጸርፎ፡ ወይ ክንሃርሞ፡ ወይ ሓደጋ መኪና ገጢምዎ፡ ወይ ካብ ደርቢ ወዲቑ ክመውት እንክሎ ይረኣየና። ከምዚ ብምኻኑ`ውን ብልብና ንሕጎስ። ከምዚ ዓይነት ሓሳብ፡ ጌጋን ሓጢኣትን እዩ። ምኽንያቱ ከይተረድኣና፡ ብሓሳብና ነቲ ሰብ`ቲ ንቐትሎን ንሃርሞን ኣለና።

## ኣብ ካልኦት ምፍራድ

ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ ገለ ነገር ይገብር እሞ፡ ነቲ እቲ ሰብ`ቲ ዝሰርሖ ስራሕ ንግምግሞ፣ (ምናልባት እቲ ናትና ገምጋም ጌጋ ወይ ቅኑዕ ክኸውን ይኽእል)። ብድሕሪዚ፡ ነቲ ጉዳይ ኣብ ትምህርቲና ከም ነጥቢ ሒዝና፡ ብዛዕባ እቲ ነገር ክንሰብኽ እንከሎና ንሓስብ። እቲ ንህቦ ሓሳባዊ ሰብከት፡ ብስምዒት ኮይኑ፡ እቲ ሰብ`ቲ ስለቲ ዝገበሮ (ዝገበረቶ) ተግባር፡ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ጥቅስታት ጌርና፡ ክንግስጾ እንክለና ንሓስብ። እግዚአብሔር ንከምዚ ዝበለ ግብሪ ከምዝጽየፎን ነቲ ሰብ`ቲ ከም ዝቐጽዖን እናዘከርና ነቲ ሰብ`ቲ ንኽናሳሕ ዝዕድም ስብከት ክነቕርብ ከለና ንሓስብ።

ኣብዚ ዘየስተውዓልናዮ ነገር ኣሎ፣ ከምዚ ብምግባርና ኣብ ካልኦት ሰባት ንፈርድ ኣሎና። እዚ ከኣ ዓቢ ሓጢኣት እዩ። ኣይተረደኣናዮን እምበር፡ ምናልባት እግዚአብሔር ካብቲ ነቲ ሰብ`ቲ፡ ንዓና ኣብሊጹ ይፈርደና ይኸውን። እዚ ሓጢኣት እዚ ሕቡእ ስለ ዝኾነ፡ ገለ እዋን ንናይ ቤ/ት/ሰንበት መምሃራን፡ ንወለድና ንኣበ ነፍስና..ወዘተ ክንምህሮምን ክንሰብኮምን እንክለና ንሓስብን ሓደ ሓደ ግዜ ዉን ንህንጠይን ኢና።

## ከንቱ ውዳሴ

ገለ እዋን ዲያብሎስ ኣብ ሓሳበይ ናይ ጽድቂ ስርሐይ ኣጋኒኑ የርእየኒ። ብ «ጥበብ ዝመልኦ ቃላተይ» ወይ «ጽድቂ ዝመልኦ ህይወተይ» ገይረ፡ ሚልዮናት ነፍሳት ዘድሕን ፍሉጥ መምህር ወይ ኣገልጋሊ ወይ ካህን ክኸውን እንክለኹ ይሓስብ። ወይ ብኹሉ ገዳማዊ ህይወተይ ዝበለጸ መነኮስ ወይ ድንግል ገይረ ንርእሰይ ይሓስባ። ወዲ 12 ዓመት ከለኹ ስማእት ናይ ምዃን ሕልሚ ኔረኒ! ንኹሉ ሰይጣናዊ ስቃያት ተዓጊሰ ጸኒዐ ክጻወሮ እንክለኹ ገይረ ንነብሰይ ይቖጽራ። እዚ ኹሉ ብሓሳብ እንፍጽሞ፣ ናይ ከንቱ ዉዳሴ ሓጢኣት እዩ።

## ሕልሚ ቀትሪ

ካብ ናይ ሕልሚ ቀትሪ (Daydream) ዘምልጥ ሰብ የለን። የግዳስ ዓቐኑ ዝሓለፈ ክኸዉን እንከሎ ግናይ እዩ። ዓቐኑ ብዝሓለፈ ሕልሚ ቀትሪ ኣቢልና ብትምኒት ምንዳድ፡ ክንናሳሓሉ ዝግበኣና ሓጢኣት እዩ። ሕልሚ ቀትሪ ረብሓ የብሉን። ነቲ ኣብ ጸሎት፡ ምንባብን፡ ምጽናዕ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ክነሕልፎ ዝግበኣና ግዜ ይጫረተልና። ብዙሓት ተመሃሮ መጽሓፎም ገንጺሎም፡ ነብሶም ተሓጺቦም፡ ብተበግሶ ከጽንዑ ኮፍ ይብሉ`ሞ፣ ሽዑ ንሽዑ ግና ኣብ ሕልማዊ ሓሳብ ይጥሕሉ።

ሕልሚ ቀትሪ ሓደገኛ እዩ። ገለ ሓሳባት ከም ተራ ነገር መሲሎም ይጅምሩ እሞ፡ ደሓር ግን ብዝሙታዊ ሕልሚ ይዛዘሙ። ኣዋልድ ብዛዕባ መርዓ ቀጻሊ እየን ዝሓስባ። ብዛዕባ ክዳን መርዓ፡ ዝቑረሰ ቶርታ፡ ስነ-ስርዓት መርዓ

ዝፍጸመሉ ቤተክርስትያን ኣብ ዳስ ዝህልው እንግዶት. . . ይሓልማ። ደሓር ግና እቲ ብገርህነት ዝተሓልመ ተራ ነገር፡ ጸኒሑ ናብ ካልእ ሓሳብ ይወስደን . . .ብዛዕባ ናይታ መርዓ ለይቲ!

## ፍቅሪ ዓለም

*«ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ እዩ።»* /ያዕ 4፥4/ ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ ተመሳሳሊ ጥቕሲ *«ፈታው ዓለም ምኳን ዚደሊ፡ ንሱ ጸላእ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን»* ይብለና። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ዘጠንቅቑና ጥቅስታት እንከሎ፥ ኣብ ባይታ ግና ዝተፈለየ እዩ። መብዛሕትና፡ ኣብ ዓበይቲ ፖላሶ ምንባር፡ ምሩጻት ክዳውንቲ ምኽዳን፡ ብሉጻት መካይን ምዝዋር እናተመነና ብሓጢኣት ንወድቕ። ኣብ ብዙሓት መንእሰያት`ውን እዚ ሓሳብ ዓብሊሉ ይርከብ።

ብዙሓት መንእሰያት ደድሕሪ ነገራት እዮም ዝሓልዩ ዘለዉ (materialistic)። ዓለም ብትምህዞም ሓደስቲ ኣቁሑት ተዋሒጦም ይርከብ። ሞባይል፡ ፋሽን ክዳን፡ ሞዴል መካይን፡ ቪላ ገዛ፡ ምቁር ብልዒ . . . ወዘተ። ብዛዕባ ነፍሱን መንፈሳዊ ህይወቱን ዝሓስብ ውሑድ እዩ።

እዚ ፈተና እዚኣ ሓንቲ ካብተን ድያብሎስ ንጐይታ ዝፈተነሉ ሰለስተ ርእሰ ሓጣውእ እያ። ንጐይታ ናብ ዓቢ (ነዊሕ) እንባ ወሲዱ መንግስታት ኲሉ ዓለምን ክብሮምን ኣርኣዮ`ሞ *«ተደፊእካ እንተ ሰገድካለይ እዚ ኲሉ ክህበካ እየ»* በሎ። ብርግጽ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰይጣን ገሲጹ ሰዒርዎ`ዩ፡ ግን ንሕና`ከ!! ክንደይ ግዜ በዚ ሜላዚ ተፈቲንና ኣሎና? ክንደይ ግዜ ኢና፡ ሰይጣን ንክብርታት ዓለም ምስ ኣርኣየና፡ ፍግም ኢልና ዝሰገድና? ኣብቲ ሰይጣን ዘርእየና ፈንጠዝያ ብሓሳብ ክንሳተፍ እንከሎና፡ ኣብቲ ናቱ ሓሳብ ንሰማማዕ ከም ዘለና ክስቆረና ይግባእ።

## ብልዒ ምፍታው

ብፍላይ ኣብ ግዜ ጾም ሓደገኛ እዩ! ገለ ገለ እዋን፡ ጾም ኣርብዓ ክውዳእ ክልተ ሰሙን ምስተረፎ፡ ብዛዕባ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ፡ ኣብ ዕለት ፋሲጋ (ትንሳኤ) ዝቐርብ መግብታት፣ ንሓስብ ኢና። ዳርጋ ጣዕሚ ናይቲ መግቢ`ውን ኣብ ኣፍና ክፍለጠና ይጅምር። ኣፍና ማይ ይሙዑግ። እዚ ነገር እዚ፡ ዋላ ኣብቲ ጾም ዘይብሉ ግዜ የጋጥመና እዩ። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ እቲ እንበልዖ ዝግኒ፡ ቅልዋ፣ ሃምበርገር፡ ኣይስክሬም.. ንሓስብ። ክይተረደኣና ከኣ ሃርጎምጎም ንብል።

ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ብሰንኪ`ዛ ሓጢኣት ተቐጺዖም እዮም። ንሙሴ *«እቲ ኣብ ግብጺ ብከምኡ ንበልዖ ዝነበርና ዓሳ፡ ዱባ፡ ብርጭቕ፡ ቃንጫ፡ ሽጉርቲ፥ ይዝከረና ኣሎ። ሕጂ ግን ገለ የልቦን፡ በጃካ መና እንርእዮ ገለ እኳ የልቦን ንሕናኸ ተሓለልና»* /ዘህ 11፥5-6/። እግዚኣብሔር እቲ ህዝቢ ዝበልዓ በርኒጎታት ካብ ባሕሪ ኣዝነበሎም፡ ኮይኑ ግና ስለቲ ሃረፍረፍ ምባሎም ቀጺዕዎም እዩ። *«እቲ ስጋ ኣብ ኩርምቶም ከሎ ኼይሔኽዎ ከለዉ እግዚኣብሔር ኣብቶም ሕዝቢ ተቘጠዐ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ መቕዘፍቲ ውን ሰዲዶምሎም»* /ዘህ 11፥33/።

## መፍትሒ

ናይዘን ኹለን ሓጢኣታት ፈውሰን እንታይ እዩ?! ፈለማ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን፡ ሓጢኣት ምኳነን ክርድኣና ይግባኣና። ከም ሓደ ጉድኣት ዘይብሉ ሓሳብ፡ ወይ ከም ምንጪ ሓጎስ ጥራይ ጌርና ኣይንውሰዶ። ክንናሳሕ እንከለና`ውን ኣብ ቅድሚ ኣበ ነፍስና ንናዘዞም። ከምተን ካልኦት ሓጢኣታት`ውን ክንቃለሰን የድሊ፣ ናብ እግዚኣብሔር ቀሪብና ረድኤት ንሕተት፡ ነዚኣን ሓጢኣታት መስዓሪ ዝኸውን ጸጋ ንለምንን ንጸልይን።

# ምዕራፍ፡5- ናይ ድፍረትን ትዕቢትን ሓጢኣት

ነቢይ ዳዊት ከምዚ ኢሉ ጸልዩ *«ንዓይ ንባርያኻ ብትዕቢት (ድፍረት) ሓጢኣት ከይገብር ሓልወኒ ኣብ ልዕለይ ከይስልጥን ውን ዕገቶ፡ ሽዑ ሙልእ ክኸውን፡ ዓቢ ሓጢኣት ዉን ኣይክገብርንየ»* /መዝ 19፥13/

ዳዊት፣ ናይ ድፍረት ወይ ናይ ትዕቢት ሓጢኣት ዝበለን ዘሎ ነየኖት ሓጢኣታት እየን? እዚኣን ዓይነት ሓጢኣታት ብዙሕ ግዜ ሕቡኣት እየን። በቲ ርኡይ ዝኾነ (ብኣፍና ንፍጽሞ) ናይ ጽድቂ ስራሕ ስለዝሸፈና፡ ሓጢኣት ኮይነን ኣይረኣያናን። ገሊኣተን`ዉን፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ወይ ንኣምላኽ ብዘሐጉስ መገዲ ዘይተሰርሓ፡ ሰናይ ተግባራትን ስነምግባራትን ዉን ክኾና ይኽእላ። ከም ስነምግባር ኣምሲልና ስለ እንወስደን፡ ሓደ ሓደ እዋን «ናይ ሓጢኣት የማናይ ኢድ /right hand sins/» ዉን ይብሃላ እየን።

# ገለ ኣብነታት ናይ ድፍረት ሓጢኣታት

## 1.ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምዉካል

ሰብከት ትሰምዕ፣ ልብኻ ውን ይትንከፍ፣ በዚ ስብከት`ዚ ኣቢልካ መገዲ ጽድቂ ክትጓዓዝ ትውስን። ብቅዱስ ቅንኢ መንፈሳዊ ህይወት ትጅምር፡ ትጸውም፡ ትጽልይ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ተንብብ። ፍሉይ ሓይሊ ኣብ ውሽጥኻ ክደፍኣካ ይጅምር። ምናልባት እዚ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ፣ ጸጋ ኣግዚኣብሔር መሲልካ ይኸውን፣ ግን ኣይኮነን።

ደሓር ግና ፈጺምካ ትዳኸም። ካብቲ ዝነበርካዮ ደረጃ ናብ ዝገደደ ትወድቕ፡ እቲ ጸገም ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ስለ ዝተወከልካ እዩ።

መፍትሒ፦ ቅድም ናብ ኣባት ነፍስኻ ኪድ፣ ንሱ ይምራሓካ። ንዓኻ ዝምጥን፡ ዓቕምኻ መደብ ክህበካ እዩ። ብኡ ጀምር!

## 2. እምብዛ ጽድቒ

መንፈሳዊ ህይወት፡ ኩሉ ግዜ ምስ መንፈሳዊ ኣቦኻ ማለት ኣባት ነፍስኻ ብምምዕዓድ ክጅመር ኣለዎ። ካብቲ ኣበ ነፍስና ዝመደበልና ነገራት`ዉን ክንወጽእ የብልናን።

ዲያብሎስ «ኣቦይ ቀሺ መንፈሳዊ ብቕዓትካ ኣይፈልጥዎን፡ ኣቦይ ቀሺ ንመንፈሳዊ ዕብየትካ ክደናጉዩካ እዮም ዝደልዩ» እናበለ ኣባት ነፍስካ ካብ ዝወሰኑልካ ንላዕሊ ንኽትገብር ይምዕደካ። ነዚአን ነገራት ክትፍጽመን ምስ ጀመርካ ዉን፣ ድያብሎስ ይሕግዘካ፤ ማለት ነዚኣን ነገራት ክትገብር ከለኻ ኣይፍትነካን። ስለምንታይ ዲያብሎስ ነዚ ክትገብር ይሕግዘካ?

ምግባረ ጽድቅ፡ ናብ ፍጽምና መብጽሒ መገዲ ደኣ እዩ እምበር፣ ዕላማ ኣይኮነን። ብዙሕ ሰዓታት ብምጺምና፡ ብዙሕ ግዜ ብምጽላይና፡ ብዙሕ ብምስጋድና ክንሕጎስ ንጅምር። በዘን መንፈሳዊ መገዲታት ኣቢልና ምስ እግዚኣብሔር ተራኺብና ዲና ንዝብል ሕቶ ግና ኣይንዝክሮን። ማለት በቲ ዝጾምናዮን ዝጸለናዮን ናብ ኣምላኽ ዝያዳ ቀሪብና ዲና፣ ዋላስ ኣይቀረብናን?

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ`ዚ ብዙሕ ይብለና። *«እምብዛ ጽድቂ ወይ እምብዛ ለባም ኣይትኹን ስለምንታይ ንርእስኻ እትቕትል»* /መክ 7፥16/። *«ከምቲ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ዝዕአደሉ መንፈር እምነት ገይሩ ደኣ ብዛዕባ ርእሱ ብልክዕ ይሕሰብ እምበር፡ ካብቲ ዝግብኦ ኣዕዚዙ ክይሓስብሲ ንነፍሲ መከፍ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ በቲ ዝወሃበኒ ጸጋ እምዕዶ ኣሉኹ»* /ሮሜ 12፥3/።

ርእሰ መንኮሳት ቅዱስ ኣይጦንስ ጸሎት ወዲኦም ምስ ደቀሱ፡ ድያብሎስ እናተመላለሰ «እንጦንስ፣ ተንስእ ጸሎት ግበር» እናበለ የተንስኦም ነይሩ። ቅዱስ እንጦንስ ግና «ኣብ ዝመረጽክሉ ግዜ ክጽልይ እየ፡ ንዓኻ ግን ፈጺመ ኣይክሰምዓካን እየ» እናበሉ ይምልስሉ ኔሮም። ኩሉ ጉዕዞና ማእከላይ ክከውን ኣለዎ። ኣቦታትና፡ ነዚ ማከላይ መንገዲ «መንገዲ ክብረት» ኢሎም ይጽዉዕዎ። መንገዲ ክብረት ዝበሃል ኣመና ናብ የማን (እምብዛ ጽድቂ) ወይ ናብ ጸጋም (ሓጢኣት) ዘይምዝንባል እዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ፡ ገዳማዉያን መነኮሳትን ደናግልን ብመንፈሳዊ መራሕቶም (ኣበነፍሶም/መማህራኖም) ዝተመደበሎም ናይ ጸሎት፡ ጾም፡ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝኣመሰለ መንፈሳዊ መዳባት ዘለዎም። ብዛዕባ መንፈሳዊ ባህግታት ኩሉ ሳዕ ትምርሓሉ መገዲ ክምደበልካ ሕተት።

## 3 . ገዛእ ርእስኻ ምቕጻዕ

ገለ እዋን ባዕልና እንገብሮ መንፈሳዊ ስርዓት ኣሎ። ሓጢኣት ክንፍጽም ከለና ንገዛእ ርእስና ቐኖና ንእዝዘላ። ንኣብነት፡ ገለ ሓጢኣት ምስ ንሰርሕ ባዕልና ጾም፡ ጸሎት፡ ስግደት፡ ንውስኸሉ። ከምዚ ምግባርና`ውን ዝተዓውትና ይመስለና፣ እዚ ግና ናብ ካልእ መገዲ እዩ ዝመርሓና።

## 4.ገዛእ ርእስኻ ካብ ሓጢኣት ምፍታሕ

ንኣብነት ኣብ ጊዜ ጾም ብነፋሪት ትገይሽ ኣለካ ንበል፡ ኣብታ ነፋሪት ዝተቐረበልካ መግቢ ናይ ስዕረት ኮይኑ፡ ነቲ ዝተቐረበ መግቢ ሃሪፍካ ክትበልዕ ደሊኻ። ነቲ ውሳኔኻ`ውን «ንብዙሕ ግዜ ጾይመ እየ፡ ሕጂ ኸኣ ክበልዕ መሰለይ እዩ» ብዝብል ምኽንያት ደጊፍካ ትበልዕ።

ኣብዚ ዘየስተውዓልካዩ ነገር እንተሃልዩ! ዲያብሎስ ንካህናት ጥራይ ዝምልከት ስልጣን ምእሳርን ምፍታሕን ንገዛእ ርእስኻ ከምትውንኖ ጌርካ እዩ። ብርግጽ ዲያብሎስ እዩ ዝኣሰረካን ዝፈትሓካን ዘሎ። መንፈሳዊ መራሒ ከምትስእን ገይሩ፡ ባዕሉ መንፈሳዊ ኣማኻሪኻ ኮይኑካ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብለና «ንመብራህቲ ኣብሪሁ እቶም

ዝኣትው ምእንቲ ክርእዩ ኣብ በሪኽ መቐመጢኡ እምበር ኣብ ከውሊ ወይ ኣብ ትሕቲ ከፈር ዘንብሮ ሓደ እኳ የልቦን» /ሉቃ 11፥33/። ኣቦታት ነዚ ክትርጉምዎ እንከለዉ፣ ዝኾነ እትፍጽሞ ጽድቂ ስራሕ ካብ ኣባት ነፍስኻ ኣይትሕባኣዮ፡ ኩሉ ትገብሮ ነገር መንፈሳዊ መራሒኻ ይፍለጦ፣ ብምባል ይምህሩና።

## 5.ኣደናጋሪ ጽድቂ

በዚ መገዲ ምስ እትቕጽል፡ ዲያብሎስ ሰናይ ትገብር ከምዘለኻን ነቲ ዘለኣለማዊ ህይወት ዘውርስ መገዲ ከምዝሓዝካን የእምነካ። ግደ ሓቂ ግና፡ መገዲ ድሕነትካ ገዲፍካ ናብ ጥፍኣት መገዲ ኢኻ ትጉዓዝ ዘለኻ። «እቲ ኣባኻ ዘሎ ብርሃን ጸልማት ከይከውን ተጠንቀቕ» /ሉቃ 11፡35/ ብምባል ጐይታ ኣጠንቒቑና እዩ። ጐይታ፡ ካብቶም መራሕቲ ሸውዓተ ቤተክርስቲያናት ዝኾኑ ጳጳሳት ነቲ ሓደ ከምዚ ኢሉ ገሲጽዎ እዩ፣ «"ሃብታምን ፈሳስን እየ፡ ሓንቲ እኳ ዝጎድለኒ ነገር የብለይን" ብምባልካ ሕሱርን ዘደንግጽን ድኻን ዕውርን ዕሩቕን ምኻንካ ኣይትፈልጥን ኢካ» /ራእ 3፥17/።

ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝበጽሑ ሰባት ዳርጋ ጠፊኦም እዮም። ቅዱስ ቲዮፋን ባሕታዊ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ምስ ሞቱ እዮም ጥፍኣቶም ዝርድኦም ይብለና። ጐይታ ብዛዕባ ከምዚኦም ሰባት «በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ጐይታይ ጐይታይ! ብስምካ`ዶ ኣይተነበናን ብስምካ`ዶ ኣጋንንቲ ኣየውጻኣናን ብስምካ ብዙሕ ተኣምራት`ዶ ኣይገበርናን፣ ክብሉኒ እዮም። ሽዑ ኣነ "ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ ከቶ ኣይፈልጠኩምን እየ ካባይ ርሓቑ" ክብሎም እየ» /ማቴ 7፥22-23/።

## 6.ናይ ሓሶት ራእይን ሕልምን

ካብዚ ሓሊፋ`ዉን፡ ኣብ ምድንጋርካ ምእንቲ ክትጸንዕ ነገራት ቅድሚ ምፍጻሞም ኣቀዲምካ ከምትፈልጥ ይገብረካ። ወይ ናይ ካልኦት ሰባት ሓሳብ ከምትፈልጥ ይገብረካ። ዲያብሎስ ነዚ ከመይ ገይሩ ይገብሮ? ኣዝዩ ቀሊል`ዩ!

ንኣብነት ኣብ ዓዲ ዘላ ኣዴኻ ኣዝያ ከም ዝሓመመት ይፈልጥ (ወይ ከምትሓምም ይገብራ)፡ ሽዑ ነዚ ሓሳብ እዚ ኣብ ኣእምሮካ የንብሮ፡ ናይ ዓዲ ደሃይ ምስ ትገብር ከኣ ብርግጽ ከም ዝሓመመት ይነግረካ። ነዚ እንተኣሚንካ፡ ቀጻሊ ሓደስቲ ነገራት ይሕብረካ። እግዚኣብሔር ንድሕነትካ ነገራት ይገልጸልካ ከምዘሎ ገይሩ የእምነካ፡ ውሽጥኻ ከኣ ናብ ሞት ብዘብጽሕ ትዕቢት ከምትምላእ ይገብረካ።

ቅዱስ ዮሃንስ ክሊማክስ፡ «ድያብሎስ፡ ኣብ ናይ ሓደ ሰብ ኣእምሮ ሓሳባት የስርጽ፡ ነቲ ካልእ ሰብ ከኣ ነቲ ኣብቲ ሓደ ሰብ ዘስረጾ ሓሳብ ይገልጸሉ እዩ» ይብለና። ብከምዚ መገዲ ኣቢሉ ድማ፡ ኣእምሮ ሰባት ከንብብ ዘኽእል ጸጋ ከምዝተዓደሎ ገይሩ የደናግሮ። እዞም ኩሎም ጠንቐልትን፡ ተመራመርቲ ኣእምሮ(psychics) ፍልጠቶም ካበይ ይረኽቡ ይመስለኩም? ካብ ዲያብሎስ። ኩሎም ኣጋንንቲ ዝሓደሮም እዮም።

ሓደ እዋን ስለስተ መነኮሳት ራእይ ይርእዩ`ሞ፡ እቲ ራእይ ካብ እግዚኣብሔር ድዩ ወይስ ካብ ድያብሎስ ንኽረጋግጹ ይካትዑ ኔሮም። ኣብ መወዳእታ ንቅዱስ ኣባ ኣንጦንስ ክሓትዎም ተሰማምዑ። ኣብ መገዲ እናተጓዓዙ እንከለዉ ከኣ ሃንደበት እታ ምስኦም ዝነበረት ኣድጊ ትመውት። ንሳቶም ግና በዚ ከይተዓንቀፉ ጉዕዞኦም ቐጺሎም ናብ ኣባ ኣንጦንስ በጽሑ። ኣባ ኣንጦንስ ምስ ረኸቦም፡ «ኣድግኹም ብምማታ ብጣዕሚ ሓዚነ» በሎም። ሽዑ እቶም መነኮሳት «ኣድጊ ከም ዝሞተትና ከመይ ጌርካ ፈሊጥካ» ኢሎም ሓተትዎም። ኣባ ኣንጦንስ ከኣ «ዲያብሎስ ነጊሩኒ» ኢሉ መለስሎም። ሽዑ እቶም መነኮሳት «ሕቶና ቅድሚ ምሕታትና፣ መልሲ ነጊርካና» ብምባል ናብ ገዳሞም ተመልሱ።

ንገለ ሰባት፡ ቅዱሳን ወይ መላእኽቲ ብራእይ ይግለጹሎም እዮም፣ ኣብዚ ከምዚ ኣጋጣሚታት ግና ኣዝዩ ጥንቃቐ የድልየና። ድያብሎስ፡ መንፈሳዊ ህይወትና ምእንቲ ከባላሽው መልክዑ ይቕይር እዩ። ኣብ መጽሓፍ መነኮሳት ነዚ ኣብነት ዝኾነና ታሪኽ ኣሎ። ሰባት እቲ ዝርእይዎ ራእይ ካብ እግዚኣብሔር ድዩ ዋላስ ካብ ዲያብሎስ ምዃኑ ከይመርመሩ ዝጠፍኡ ብዙሓት ኣለዉ።

ሄሮን ዝበሃል መነኮስ ታሪኽ ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ሄሮን ን50 ዓመት ብብሕትውና ዝነበረ ኮይኑ፡ ብሰንኪ ናይ ሓሶት መልኣኽ ህይወቱ ዘጥፍኣ እዩ። ናይ ሓሶት መልኣኽ (ሰይጣን) ንብዙሕ ግዜ ብቀጻሊ ይግለጸሉ ነይሩ። ብሰንኩ ድማ ናብ ቤተክርስቲያን ምኻድ ኣቋረጸ፡ ምኽሪ ካልኦት መነኮሳት`ውን ሸለል ክብል ጀመረ። ኩሎም መጋድልቱ መነኮሳት፡ ንኣበምኔት ክሕብር እንተ መዓድዎ ምስማዕ ኣበዮም። ኣብ መወዳእታ እቲ «መልኣኽ» ከም ኤልያስ ብህይወቱ ከሎ ናብ ሰማያት ከምዝውሰዶ ኣእመኖ፣ እቲ ድኹም ሰብ፡ ሄሮን`ዉን ንኹሎም መነኮሳት ክፋነዎም ጀመረ፣ እቶም መነኮሳት ክሳዕ መወዳእታ ሰዓት ከይተሓለሉ እንተ መዓድዎ`ዉን፡ ፍጹም ምስማዕ ኣበዮም። እቲ «መልኣኽ» ናብ ጎቦ ወሲዱ፡ ንክዘልል ኣዘዞ፣ እቲ መነኮስ`ውን ከምቲ ዝተባሃሎ ዘለለ፡ ኮይኑ ግና ጸዲፉ ሞተ። እቶም ኣበምኔት ገዛእ ርእሱ ከምዝቀተለ ጌሮም ብምውሳድ ፍትሓት ንከይግበር ኣዘዙ።

ካልእ ኣብነት`ዉን ኣሎ። ሓደ «መልኣኽ» ንሰለስተ ዓመት ንሓደ መነኮስ ተገለጸሉ። ኣብታ ንሱ ዝነበራ በዓቲ፡ በቲ «መልኣኽ» ናይ ገነት ራእይ ኣርኣዮ። ኣይሁድ ኣብ ሕቑፊ ኣብርሃም ኮፍ ኢሎም፡ ክርስትያናት ግና ኣብ ሲኦል ክሳቀዩ ከለዉ ኣርኣዮ። ሽዑ ንሽዑ እቲ መነኮስ ክርስትያን ምዃን ገዲፉ ኣይሁድ ኮነ።

ናብ ሓደ ኣቦ`ውን፣ ኣነ «ገብርኤል» እየ እናበለ፡ ሰይጣን ካብ እግዚኣብሔር ከም ዝተላእከ ኮይኑ ቀረቦም። እቶም ኣቦ «ተካጊኻ ኣለኻ፡ ምናልባት ኣብዛ ጥቃይ ዘላ በዓቲ ዘሎ ኣቦ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ኣብኡ ኺድ። እንተ ኣነስ፡ ነዚ ኹሉ መልእኽቲ ክቕበል ኣይብቁዕን እየ፡ ኣነ ሓጥእ እየ» በልዎ። ድሕሪኡ «ገብርኤል» እየ ዝበለ ናይ ሓሶት መልኣኽ፣ ከም ትኺ በኒኑ ጠፍኣ።

ናብ ካልእ መነኮስ ከይዱ ድማ «ኣነ ጐይታ እየ» ብምባል ተገሊጹ «ስገደለይ ኣምልኸኒ» በሎ። እቶም ኣቦ ግና «ኣነስ ንጐይታ ኣብዚ ምድሪ ዘይኮነ ኣብ ሰማያት እየ ክሪኦ ዝደሊ» ኢሎም መለስሉ። እቲ «ጐይታ» እየ በሃላይ ግና ከምትኪ በኒኑ ጠፍአ። እዚ ኹሉ ታሪክ ቕድሚ ኣማኢት ዓመታት ዘጋጠመ እዩ። ዲያብሎስ ግና፡ ሕጂ`ውን ነዚ ሜላ`ዚ ይጥቀመሉ ኣሎ። ንብዙሓት ውን የውድቕ ኣሎ።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ሓደ ኣገልጋሊ፡ ናብ ቤተክርስቲያን ምምጻእ ኣቋረጸ፡ ንብዙሕ ግዜ`ውን ቁርባን ከይተቐበለ ነበረ፡ ሽዑ ከይደ ይረኽቦ እሞ እቲ ምኽንያት ይሓቶ እሞ፡ እቲ ኣጋልጋሊ «ፓፕ ቅዱስ ቄርሎስ ሰንበት ሰንበት እናመጽአ የቀብለኒ እዩ» ዝብል መልሲ እዩ ሂቡኒ።

ሓደ እዋን ካልእ መንእሰይ ኣእምሮይ ይርበሽ ኣሎ ይብለኒ፣ ኣነ ኸኣ ኣበነፍሱ ስለ ዘይኮንኩ ናብ ኣበነፍሱ ክይዱ ክናሳሕ ይሕብሮ። ሽዑ ንጽባሒቱ ንግሆ ደዊሉ «ፓፕ ቄርሎስ» ተገሊጾም ኣናሲሖም ካብ ማእሰር ሓጢኣት ከምዝፈትሕዎ ይነግረኒ። ኣነ ግና ተመሊሰ ኣትሪረ ናብ ኣበነፍሱ ክኸይድን ሓጥኣቱ ክናዘዝን ብዛዕባ እቲ ሕልሙ ኸኣ ክሕብሮም ደጊመ ነገርክዎ።

ከምቲ ሓቐኛ ባጤራን ናይ ሓሶት ማለት ፎርጅድ ባጤራን ዘሎ፡ ከምኡ ዉን ሓቀኛ ራእይ ኣሎ ናይ ሓሶት ራእይ ከኣ ኣሎ። ነቲ ዝተገለጸልካ ራእይ ኮነ ሕልሚ ብቕኑዕ ንምልላይ ዘኽእለካ እቲ ቀንዲ መገዲ፡ ኩሉ ግዜ ምስ ኣባት ነፍስኻ ምምኻር እዩ። መንፈሳዊ ሰብ፡ ኩል ሳዕ ራእይ ክግለጸሉ ብቑዕ ከምዘይኮነ እዩ ንገዛእ ርእሱ ዝሓስባ፣ ሕልምታት ከኣ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር ድያብሎስ እየን።

ብርግጽ እግዚአብሔር ንዝተፈላለዩ ሰባት ብሕልሚ ተገሊጽሎም እዩ፣ እዚአን ኣጋጣሚታት ግና በኣጻብዕቲ ዝቑጸራ ውሑዳት እየን። እቶም ሰባት ከኣ ቅዱሳን፡ ነብያት፡ እዮም ከማና ሓጥኣተኛታት ኣይኮኑን። ሕልሚ ብዙሕ ክብደት ክንህቦ ኣይግብኣን። ቅዱስ ኣባ ኣንጦንስ «እቲ ሕልሚ ዝኣምን መጻወቲ (ባምቡላ) ዝኣምን እዩ» ይብል።

## 7.ናይ ሓሶት ውህብቶ

ኣብቲ ዳሕራይ ዘመን፡ ድያብሎስ ከም ሃብተ ምፍዋስ ዝኣመሰለ ውህብቶ ክህበካ ይኽእል። ብድሕሪ`ዚ ሰባት ናባኻ እናመጹ ጸልየልና ይብሉኻ። ብጸሎትካ ቀልጢፎም ይሓውዩ። ድያብሎስ ንካልእ ሰብ ከይዱ፡ ርእሱ የሕሚሙ ወይ ሽግር ከምዝጋጥሞ ይገብሮ እሞ፡ ናባኻ ከምዝመጽእ ይገብሮ፡ ምስ ጸለይኻሉ ይሓውይ።

ኣብ ህይወት ቅዱስ ጳኩመስ ናይዚ ኣብነት ንረክብ። ኣብ ትሕቲ ኣባ ጳልምን ዝመሃር፣ ካልእ መነኮስ ነበረ። ኩሉ ግዜ ናብ ቅዱስ ጳኩምስ እናኸደ ኸኣ ከምቲ ዝግባኣ ትጽዕር የለኻን፣ እናበለ ይወቅሶ ነይሩ። እቲ መነኮስ፡ ከም መርኣያ መንፍዓቱ ከኣ ምንም ከይነደደ ኣብ ባሕሪ ሓዊ ክስጉም እንከሎ የርእዮ ነበረ። ቅዱስ ጳኩመስ ነዚ ምስ ረኣየ ከምቲ መነኮስ ብዘይምግባሩ ኣዝዩ ተስፋ ይቆርጽ ነበረ። ሓደ መዓልቲ እቲ መነኮስ፡ «ሎሚ ናብ ሓዊ ክዘልል እየ፣ ሓዊ`ውን ዋላ ሓንቲ ኣይገብረንን» በሎ። ናብቲ ሓዊ ዘሊሉ እተወ፡ እቲ ሓዊ`ውን በልዖ። ቅዱስ ጳኩመስ በቲ ነገር ኣዝዩ ሰንበደ ናብ በረኻ ከይዱ ከምዚ እናበለ ጸለየ «እዚ ንዓይ ከቢድ እዩ።» እግዚኣብሔር ኣምላኽ ግና መልኣኽ ሰዲዱ ከጸናንዖ ጀመረ ከምዚ`ውን በሎ። «ስለ ትሕትናኻ ኣምላኽ መናፍስቲ ክተለሊ ዝኽእለካ ጸጋ ክህበካ እዩ። ዲያብሎስ ውን ድሕር ሕጂ ኣይከታልለካን እዩ፡ ደቀመዛሙርትኻ ንዝኾኑ ውን ክትሕግዞም ኢኻ።»

እዞም ብቴሌቭዥን ብቪድዮን ዝረኣዩ «ፈወስቲ» ኢና በሃልቲ፡ ናይ ምፍዋስ ጸጋ ካበይ ዝረኸብዎ ይመስለኹም? ካብ ድያብሎስ እዩ። ድያብሎስ ንሰባት ከሕምም ከም ዝኽእል መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። ጐይታ ዝፈወሶም፡ ኣጋንንቲ ዝሓደሮም ዓባሳት፡ ዕውራት፡ ስንኩላት ኩላቶም ድያብሎስ እዩ። ናብ ከምኡ ደረጃ ዘብጽሖም። ኣብ መጽሓፍ እዮብ ሰይጣን ንእዮብ «ካብ ከብዲ እግሩ ሒዙ ክሳዕ መንበስበስትኡ ብብርቱዕ ፈውሲ ወቕዖ» ይብልና /እዮ 2፡7/። ሰይጣን ናብ ሓደ ከይዱ ንግዚኡ ዓይኑ ከምዝዓውር ይገብሮ ነቲ «ፈዋሲ» ከኣ ከምዝፍውሶ ይገብሮ። ስለምንታይ?

እቲ «ፈዋሲ» ዝበሃልን፡ ተፈዋሲን፡ ከምኡ`ውን ተዓዘብቲ በቲ ተኣምር ተደናጊሮም ንክታለሉን፡ ወዲቖም ንክተርፉን እዩ።

## 8.ናይ ሓሶት ዕረፍትን ናይ ሓሶት ንብዓትን

ሓደ ሓደ መዓልቲ ዲያብሎስ ብናይ ምትላል መገዲ ምእንቲ ከውድቀና ልብና ሰላም የውዕሎ ጸሎት ክንጀምር ጥብጥብ ዝብል ንብዓት`ውን ይህበና። እዚ ነገር`ዚ ንእዑ ኣዝዩ ቀሊሉ`ዩ፡ ነቶም ክንጽልይ እንከሎና ዝርብሹና ዝነበሩ ኣጋንንቲ፡ ደጊም ከይርብሹና ይእዝዞም። ንስኻ`ውን ቅኑዕ ነገር ዝገበርካ መሲልካ ትታለል።

ቅድሚ ብዙሕ ግዜ ይገብር፡ ክልተ ኣንጻር ጾታ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ብሓደ ኣብ ሓጢኣት ዝነብሩ ኔሮም። ክረኽቦም እንከለኹ፡ «ኣቦይ ቀሺ (ኣቦና)፡ ንሕና ብሓንሳብ ንጽልይ፡ መጽሓፍ ቅዱስ`ውን ብሓንሳብ ነንብብ ኢና። ስለዚ እዚ ናትና ህይወት ከመይ ገይሩ ጌጋ ክኸውን ይኽእል» ይብሉኒ።

ሓንቲ ግጥሚ ኣላ «ቅኑዕ ኮይኑ ክስመዓካ እንኸሎ፡ ጌጋ ክኸውን ኣይክእልን እዩ/it can`t be wrong, when it feels right» ። ነዛ ግጥሚ ክስምዓ እንከለኹ፡ ብዉሽጠይ «ነዛ ግጥሚ ባዕሉ ድያብሎስ ጽሒፍዋ ክኸዉን ኣለዎ» ይብል።

## 9.ቅድሚ ማዕበል ዘሎ ህድኣት

እዚ`ውን ድያብሎስ ንመንእሰያት ካብ ዘታልለሉ ሓደ ሜላ እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ወዲ ምስ ሓንቲ ጓል ይራኸብ። ብድሕር`ዚ ወለዲ ኣብ ዘይህልዉሉ ግዜ`ውን ክራኸቡ ይጅምሩ። ንኣባት ነፍሶም ስለዝፈርሑ ከይነገርዎም ይቕጽሉ። ክናስሑ ከለዉ ነዚ ነገር ኣይናዘዝዎን እዮም። ድያብሎስ ኣብ እዝኖም እናመጽኣ፡ «ደይ ምሕዝነት እዩ» ኢሉ ሕሹኽ ይብሎም። ንብዙሕ ሰዓታት ውን ከዕልሉ ይጅምሩ፡ ኣብ መንጎ`ዚ ግና፡ ዋላ ሓንቲ ሕማቕ ነገር ኣይሓስቡን። ብዘይ ገለ ምትንኻፍ ይቕጽሉ፡ ሕማቕ ነገር ኣይሓስቡን፣ ምኽንያቱ ድያብሎስ ነቶም ኣጋንንቲ ከየጥቕዑ ስለዝእዝዞም። በዚ መንፈስ ተታሊሎም ኣብ በይኑ ክፍሊ ክራኸቡ ይጅምሩ፣ ካብኡ ሓሊፎም`ዉን ኣብ ሓደ ሳሎን ኮፍ ክብሉ ይጅምሩ። ኣብዚ ኩሉ ግብሮም ዋላ ሓንቲ ሕማቕ (ኣጸያፊ) ነገር ከይገብሩ ይቕጽሉ (እዚ ኹሉ ግና ውዲት ድያብሎስ እዩ)። ሓደ መዓልቲ ግና ከምቲ ንብዙሕ ኣዋርሕ ዝገበርዎ፡ ኣብ ሓደ ሳሎን ኮፍ ኢሎም እናዕለሉ እንከለዉ፡ ሃንደበት ኣጋንንቲ ብኹሉ ወገን የጥቕዕዎም። ብኡ ንብኡ ኸኣ ኣብ ሰምዒት ስጋዊ ፍትወት ይኣትዉ፡ ከይተዳለዉ ስለ ዝጸንሑ ኸኣ ኣብ ሓጢኣት ይወድቑ።

## 10.ኩናት ኣንጻራዊ ሓሳባት

እዚ ሰይጣን ሜላ`ዚ ብመንፈሳዊ ህይወት ተሳላቺና ከምንወድቕ ዝገብረሉ መገዲ እዩ። ክልተ ዝጻረሩ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኻ የስርጽ። ክልቲኦም ጽቡቓት ሓሳባትን ነንሕድሕዶም ውን ኣብ ኣእምሮኻ ብቐጻሊ ክተካኸኡ ዝኽእሉ እዮም።

ነፍስ ወከፍ ሓሳብ ነናቶም ብልጫ ሃልይዎም ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ጥቅሲ ዝተደገፉዉን ይኾኑ። ኣየናዮም እዩ ካብ እግዚኣብሔር ንምፍላጥ ብዙሕ ትጽዕር። እቲ ሓቂ ግን ክልትኤን ሓሳባት ካብ ድያብሎስ እየን። ነዚ ዝገብረሉ ቀንዲ ምክንያት፡ ኣእምሮኻ ኣብ ፍረ ዘይብሉ ሓሳባት ተጸሚዱ ምእንቲ ኽትዳኸም እዩ። ካብዚ ምውልዋል ሓሳባት ንክትርሕቕ ምስ ኣባት ነፍስኻ ተዘራረብ።

## 11.ኲናት ኣንጻር መንፈሳዊ ዕብየትካ

ድያብሎስ፡ ኮነ ኢሉ ብዛዕባ ዕብየት መንፈሳዊ ህይወትካ ኣዚኻ ከምትሓስብ ይገብረኻ። *«ብዙሕ ትምዕብል የለኻን ኣባት ነፍስኻ ቀይር»* ብምባል ሕሹኽ ይብለካ።

እግዚኣብሔር ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ፡ ነቲ ዕብየት መንፈሳዊ ህይወትና ካባና ይሓብኦ እዩ፣ ዋላ ክሳዕ ዕለተ ዕረፍትና እቲ ፍረ መንፈሳዊ ህይወትና ካባና ይሓብኦ። ማለቲ ነቲ ውጽኢት ናይ መንፈሳዊ ህይወትና ርኢና፡ ብጸጋ ከምዝረኸብናዮ ረሲዕና፡ ብሓይልና ዝበጻሕናዮ ንኽይመስለና እዩ። እቲ ኹሉ ዘጥረናዮ በረኸት፡ ብሰንኪ ትዕቢትን ከንቱ ውዳሴን ምእንቲ ከይነጥፍኦ ብምባል ስለ ድሕነትና ኢሉ`ዩ ነዚ ዝገብር።

እግዚኣብሔር ንእስራኤላውያን ናብቲ ተስፋ ዝተዉሃበቶም ምድሪ ምስ የእተዎም፡ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም። *«ነዞም ህዝብታት እዚኦም እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም በብቑሩብ ክሰጎም እዩ። ኣራዊት መሮር ምእንቲ ከይበዝሓኩምሲ ብሓንሳእ ክተጥፍእዎም ኣይትኽእሉን ኢኹም»* /ዘዳ 7፡22/።

ኣቦታት ነዚ ቃል ብከምዚ ዝስዕብ ይትርጉምዎ። እቲ እግዚኣብሔር በብቑሩብ ከጥፍኦም ዝሓሰቦም ጸላእቲ፡ ሓጢኣት ናይ ነፍስ ወከፍና እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ናይ ነፍስ ወከፍና ሓጢኣት ብሓንሳብ ከጥፍኦ ኣይደልይን፡ ምኽንያቱ ኣራዊት መሮር ዝተባህሉ ትዕቢትን ከንቱ ውዳሴን በዚሖም ምእንታን ከየጥፍኡና፡ ብምሰላ ገይሩ ውን ነጊሩና እዩ።

*«ኢየሱስ ከምዚ በለ» «መንግስቲ ኣምላኽ ዘርኢ ኣብ ምድሪ ከም ዝዘርእ ሰብ እያ። ንሱ ለይቲ ይድቅስ መዓልቲ ውን ይትንስእ እቲ ዘርኢ ድማ ንሱ ከይፈለጦ ይበቚል ይዓቢ`ዉን»* /ማር 4፥27/። ኣብ ገዛኻ ዝተኸልካያ ገረብ መዓልታዊ ትዓቢ እያ፣ ግን ዕብየታ ክትፈልጥ ኢልካ ምስትጥምታ፡ ዕብየት ናይታ ተኽሊ ኣይረኣይን! ኣብ መንፈሳዊ ህይወት`ውን ከምኡ እዩ፡ ውጽኢትኻ ክትርኢ ኢልካ ኣይትጽዓር፡ እግዚኣብሔር ንጽቡቕካ ኢሉ ካባኻ ይሓብኦ እዩ።

## 12.ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓጢኣት

ኣቦታት ክምህሩ ከለዉ፡ ነፍስ ወከፍ ጋኔን ኣንጻር ምእመናን ክቃለስ እንከሎ ብየማንን ጸጋምን ክልተ ተሓጋገዝቲ ኣጋንንቲ ኣሰሊፉ`ዩ ዝዋጋእ። ብየማን ናይ ትዕቢት ጋኔን፡ ብጸጋም ከኣ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ጋኔን።

እቲ ቀንዲ ጋኔን በቲ ዘቐረቦ ሓጢኣት እንተ ተዓዊቱ፡ እቲ ተሰፋ ዘቑርጽ ጋኔን ስርሑ ይጅምር። ተስፋ ምእንቲ ክትቖርጽ ኣትሪሩ ይወቕሰካ። ምናልባት ሕሊናኻ ባዕሉ ወይ እግዚኣብሔር ስለቲ ተዳጋጋሚ ውድቀትካ ዝግስጸካ ዘሎ ይመስለካ። ግና ኣይኮነን ምክንያቱ እግዚኣብሔር ክግስጸካ ከሎ ኣትሪሩ ዘይኮነስ ቀስ ኢሉ፡ ርግእ ኢሉ`ዩ ዝወቅስ።

ነቲ ዝተቐረበ ፈተና እንተ ስዒርካዮ ከኣ፡ እቲ ናይ ትዕቢት ጋኔን ስርሑ ይጅምር። «ንሓጢኣት ክትስዕር በቒዕካ» እናበለ ይዉድሰካ፡ ገዛእ ርእስካ ጻድቅ ጌርካ ክትሓስብ ይገብረካ፡ ብኸምዚ መገዲ ኸኣ እቲ ብጸጋ ኣምላኽ ዝረኸብካዮ ዓወት፡ ማለት ናይ ኣምላኽ ዓወት ንገዛእ ርእስኻ ስለ ዝገብርካዮ፣ መንፈሳዊ በረኸት ካባኻ ይርሕቕ።

ሓደ ሓደ እዋን፡ እቲ ተስፋ ዘቑርጽ ጋኔን፡ ናይ ተግሳጽ ሓሳባት ወይ ናይ ስጋዊ ትምኒት ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኻ ከስርጽ ይፍትን። ብትሪ እናወቐሰ`ውን ተስፋ ክትቆርጽ ይገብረካ። ብፍላይ ድማ፡ ስግኡን ደሙን ክትቕበል ምስ ተዳለኻ፡ በዚ ሓሳብ`ዚ ይፍትነካ፡ ተስፋ ቆሪጽካ ካብ ድሕነት ከም እትርሕቕ ድማ ይገብር።

ከምዚ ዓይነት ፈተና ዝገጥሞ ዝነበረ ሓደ መነኮስ ናብ መምህሩ ከይዱ ይነግሮም። እቶም መምህር ከኣ *«ነዚ ከምዚ ዓይነት ሓሳብ ሸለል በሎ "እዚ ናትካ ሓሳብ እንበር ናተይ ኣይኮነን፡ እቲ ኩሉ ጸርፊ ውን ኣብ ርእስኻ ይኩን" በሎ ብምባል መዓድዎ።*

ናይ ከምዚ ዓይነት ፈተናታት ቀንዲ መፍትሒ ኹሉ ግዜ ጥንቁቕ ምኻን፡ ምቅላስን፡ ተስፋ ዘይምቁራጽን እዩ። ናብ ኣባት ነፍስኻ ከይድካ ኹሉ ሓሳባት ግለጸሎም። ኣቦታት *«ኩሉ ሓሳባት ንኣበ ነፍስኻ ገሊጽካ ምስ ነገርካ እቲ ሓሳብ ፈጺሙ ክጠፍእ እዩ»* ይብሉ።

# ምዕራፍ፡6- ስነ-ምግባር

ሓደ ክርስትያን፡ ፍጹም ምእንቲ ክኸውን ኣብ ዝገብሮ ጉዕዞ፡ ናብ ግብራዊ ህይወት ክቕይሮ ዝግባእ ነገራት ኣለዋ። እዚኣን ነገራት ናይ ስነ ምግባር ፍረ ይበሃላ። ስነ-ምግባር ሰናይ ፍረ እዩ። *«እምበኣር`ሲ ጽቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ዘበለ ኩሉ ኦም ይቈረጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ»* /ማቴ 3፥10/ ። ሰናይ ፍረ ኣገዳሲን ኣድላዩን ምኻኑ፣ ባዕሉ ኣምላኽ`ዩ ዝማሃረና። *«ኣባይ ንበሩ፡ ኣነውን ኣባኻትኩም ክነብር እየ። ጨንፈር ኣብቲ ጉንዲ እንተ ዘይነበረ ካብ ርእሱ ክፈሪ ከምዘይክእል ንስኻትኩም`ውን ኣባይ እንተ ዘይነበርኩም ከምኡ ኢኹም። እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ`የ፡ ጨንፈር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም።»* /ዮሃ 15፥45/

ጽቡቕ ፍረ ክነፈሪ ዘኽእለና ቀዳመይቲ ሕጊ «በጃካይ ሓንቲ`ኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እዩ» እትብል ቃል እያ። ሰብ ብናቱ ወይ ብናታ ሓይሊ ጥራይ ሰናይ ፍረ ከፍሪ ኣይኽእልን። እግዚኣብሔር እዩ ፍረ ክነፍሪ ዘኽእለናን ዝረድኣናን።

እግዚኣብሔር ልክዕ መሬት ወኒኑ ስራሕተኛ ቆጺሩ ዝነብር ሓረስታይ እዩ። እቲ መሬትን ዘርኢን፡ ዋላ ድኹዒ ኹሉ ብእግዚኣብሔር ይውነን፣ ምእንቲ እቲ ተኽሊ ክዓቢ፡ ዝናብን ጸሓይን ይህቦ። እቲ ቁጹር ሰራሕተኛ ከኣ ነቲ መሬት ሓሪሱ ዘሪኡ፡ ኮስኪሱ፡ ጽህዩ፡ ዶኲዑ፡ ክከናኸኖ ኣለዎ። ፍረ ጻዕሩ ኸኣ ክሓፍስ እዩ። እቲ ሰራሕተኛ፡ ብጀካ ስራሕ ምስራሕ ካልእ እጃም የብሉን። ነዚ ከመልክት ደልዩ እዩ፣ ጐይታ ከምዚ ዝበለ *«ንስኻትኩም ዝተኣዘዝኩም ኩሉ ምስ ገበርኩም ንሕና ዘይንጠቕም ባሮት ኢና እቲ ክንገብሮ ዝግበኣና ኢና ዝገበርና በሉ»* /ሉቃ 17፥10/ ኣለካ።

ስነ ምግባር (ሰናይ ጠባይ) ብዙሕ ደረጃ ዘለዎ፡ ካብ መሬት ናብ ሰማይ ዘብጽሕ መሳልል እዩ። ገሊኣን ጠባያት ኣብ ታሕታዋይ ደረጃ ክኾና ከለዋ፡ ገሊኣን ከኣ ኣብ ላዕላዋይ ደረጃ ናይቲ መሳልል እየን። ሃዲእካን ርግእ ኢልካን ነተን ደረጃታት በብሓደ ክትድይበን ይግባእ ደኣ እንበር፡ ክትነጥር ኣይከኣልን። ኣብ ታሕታዋይ ደረጃ መሳልል ክልተ መሰረታዊያን ጠባያት ኣለዋ፡ እዚኣተን፦ ተኣዛዝነትን ትዕግስትን እየን። ኣብ ላዕላዋይ ደረጃ መሳልል ከኣ እተን ላዕለዎት ጠባያት ማለት ትሕትናን ፍቕርን ኣለዋ። ፍቕሪ ልዕሊ ኩሉ ጠባያት እያ «ጠርናፊት ኩሉ ሰናይ ጠባያት» ተባሂላ ውን ትጽዋዕ። ፍቕሪ ዘለዎ ሰብ፡ ካልእ ኩሉ ጠባያት (ስነ ምግባር) ዉን ኣለዎ።

ሰናይ ጠባይ (ስነ ምግባር) ክንላመድ ከለና፡ ሓንቲ ብሓንቲ ክንላመደን ይግባእ። ነታ ሓንቲ ባህርይ (ጠባይና) ምስ ተላመድናያ (ናይ ዉልቅና ባህሪ ምስ ገበርናያ) ኣስዒብና፡ ቀጺላ ናብ ዘላ ደረጃ መሳልል ክንሰግር ንኽእል።

ስነ ምግባር ሓባራዊ ውጺኢት ዝህብ እዩ። ሓንቲ ስነ ምግባር ምስ ተላመድናያ፡ ነታ ቀጺላ ዘላ ክንላመድ ይቐለልናን ይፎኽሰናን እዩ። ንኣብነት ተኣዛዝነትን፡ ትዕግስትን ዝተላመደ ሰብ ህዱእ ንክኸውን ግዜ ኣይወስደሉን። ብባህሪኡ ህዱእ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣፍደገ ትሕትና ቀሪቡ ኣሎ ማለት እዩ።

ስነ ምግባር ክንላመድ እንከለና፡ ዘላምደና ወይ ዘሰልጥነና ሰብ የድሊ። ከምቲ ኣብ ዙርያ ስፖርት ዘሎ ኣትሌት ብዘይ ኣሰልጣኒ ክዕወት ዘይኽእል፡ «ናይ ክርስቶስ ኣትሌታት» ዝኾንና ንሕና ኸኣ ብዘይ ኣሰልጣኒ ዕውታት ክንኸው`ዉን ኣይንኽእልን። ኣሰልጣኒኻ ከኣ ኣባት ነፍስኻ እዩ። ኣብቲ ትገብሮ ናይ ምልምማድ መደባትካ ሓላፊ ኮይኑ ክኣልየልካ ኣለዎ።

ተኣዛዝነትን ትዕግስትን መሰረታውያን ጠባያት እየን። በዚአን ጠባያት ኣቢልና፡ ንካልኦት ሰናይ ጠባያት ክንላመድ ንኽእል። ነዘን መሰረታውያን ጠባያት እንተ ዘይኣማዒብልና፡ ንካልኦት ጠባያት ክንላመድ ኣይንኽእልን። ምኽንያቱ እዙዝ እንተ ዘይኮንካ፡ እቲ ኣሰልጣኒ ዝህበካ መምርሒ ብተኣዛዝነት ኣይክትፍጽምን። ተዓጊስካ እንተ ዘይተላሚድካ ኸኣ፡ ነቲ ጽቡቕ ፍረ ክተፍሪ ኣይትኽእልን። ኣብ ምስላ ዘርኢን ዘራኣይን፡ ጐይታ *«እቲ ኣብ ጽቡቕ ምድረ ዝወደቐ ድማ ምስላ ናይቶም ነቲ ቃል ሰሚዖም ኣብ ቅኑዕን ጽቡቕን ልቢ ዝዓቕርዎ ብትዕግስቲ ውን ፍረ ዘፍርዩ እዮም።»* /ሉቃ 8፥15/ ይብለና።

## ተኣዛዝነት

ተኣዛዝነት ማለት ፍቓድካ ንፍቃድ ካልኦት ምግዛእ ማለት እዩ። ኣድላይነት ናይዚ ጠባይ ልዑል ስለ ዝኾነ ኣቦታትና ነዚ መሰረታዊ ጠባይ ክላመዱ ኣበርቲዖም ጽዒሮም እዮም።

ንቅዱስ ዮሐንስ ሓጺር መምህሩ ዝነበሩ፡ ንቑጽ ዕንጨይቲ ተኺሉ ማይ ኣስትዩ ከለምልማ ከምዝኣዘዞ ኩላትና ንፈልጦ ታሪክ እዩ። ዮሐንስ ነታ ነቓጽ ዕንጨይቲ ተኺሉ መዓልታዊ ማይ ካብ ሩባ እናቐድሐ ንሰለስተ ዓመታት ድሕሪ ምስታይ፡ ጠጢዓ ድማ ፍረ ኣፍረየት። እቶም መምህሩ ነቲ ፍረ ወሲዶም ንካልኦት መነኮሳት «እነሀለ ናይ ተኣዛዝነት ፍረ ብልዑ» ኢሎም ሃብዎም።

ካልእ ኣበምኔት ከኣ፡ ንሓደ ሓድሽ መነኮስ፡ ኣብ ኣፍደገ ገዳም ደው ኢሉ፡ ንዝኣተወ ሰብ ርእሱ እናኣድነነ «ለምጺ ስለዘለኒ ምእንታይ ጸልዩለይ» ንክብል ኣዚዞሞ እዮም። ምናልባት ንዓይን ንዓኹምን ትርጉም ዘይብሉ ይመስለና ይኸውን፡ ኣብ ህይወት ኣቦታትና ግና ዓቢ ዓወት ዝረኸቡሉ መሳርሒ እዩ።

ተኣዛዝነት ክትላመድ እንተ ደሊኻ፡ ግድን ነቲ ዝተኣዛዝካዮ ነገራት ክትሰማማዓሉ ወይ ናይቲ ትእዛዝ ሓቀኛነት ክተረጋግጽ ኣይድልየካን። ዘይትሰማምዓሉ ነገር ዉን ይኹን፣ ክትእዘዝ ኣለኻ። እግዚኣብሔር ንኣብራሃም ነቲ ሓደ ወዱ ይስሐቅ ክሰውኣሉ ምስ ኣዘዞ፡ ኣብራሃም ብዛዕባ ምኽንያት ናይቲ ትእዛዝ ክሓስብ ግዜ ኣየጥፈአን፡ ብኡንብኡ እዩ ተኣዛዝነቱ ኣርእዩ። ብርግጽ እግዚአብሔር ይስሐቅ ክስዋእ ደልዩ ኣይኮነን፣ ግን ተኣዛዝነት ናይ ኣብራሃም ክፍትን ደልዩ፡ ነቲ ምኽንያት ክትረኽበሉ ዘይትኽእል ትእዛዝ ኣዘዞ፣ ስለ ተኣዛዝነቱ ከኣ ብዙሕ ዓስቢ ተዋህቦ።

ንስኻ`ዉን ነቲ ትሰማምዓሉ (ንዝደለኻዮ) ነገር ሰለ ዝተኣዘዝካ ዘይኮነስ፡ ንዘይደለካዮ (ንዘይትሰማምዓሉ) ነገር ክትእዘዝ እንከለኻ፣ ዓቢ በረኸት ክትቕበል ኢኻ። ንኣብነት ኣቦኻ «ክዳን ተኸደን እሞ ኣብታ ትፈትዋ ቤት መግቢ ከድርረካ» ኢሉካ «ሐራይ» እንተ በልካ፣ ከምዚ ዓይነት ተኣዛዝነት ስለ ዘርኣኻ ካብ እግዚኣብሔር ዓስቢ ኣይትጸበ። ምናልባት «ኣብ ሕርሻ ሓግዘኒ» ወይ ኣዴኻ «ኣብ ክሽነ ሓግዘኒ» ኢላትካ ግና «ሐራይ ባባ» ወይ «ሐራይ ማማ» ኢልካ እንተ ተኣዘዝካ፡ ካብ እግዚኣብሔር ዓስቢ ክትቕበል ኢኻ። ሓደ ክንፈልጦ ዝግበኣና ነገር ኣሎ፡ ኩሉ ተኣዛዝነትና ብጐይታ ክኸውን ኣለዎ። *«ኣቱም ዉሉድ ቅኑዕ እዩ`ሞ ንወለድኩም ብጐይታ ተኣዘዝዎም»* /ኤፌ 6፥1/ እቲ ትእዛዝ ምስ ቃል እግዚኣብሔር ዝጋጮዉ ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ *«ካብ ንሰብሲ ንእምላኽ እዩ ምእዛዝ ዝግባእ»* /ግብ 5፥29/

## ምልምማድ ተኣዛዝነት

ምስ ኣባት ነፍስኻ ብዛዕባ ምልምማድካ ቅድም ተዛረብ። ኣስዒብካ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ቀሪብካ፡ ኣብ ልብኻ ቅዱስ ቅንኢ ከሕድርን ኣብ ትገብሮ ጻዕሪ`ውን ክጽናዓካ ጸልይ። ብድሕሪ`ዚ ምልምማድ ክትጅምር ትኽእል።

ንግሆ ተንሲእካ ነዚ ባህሪ ክትላማድ ዘለካ ተኽእሎታት ወይ ዕድላት ገምግምን ፈትሽን። ሙሉእ መዓልቲ ንስድራ፡ ንመምህር፡ ንሓላፊ፡ ንበዓል ቤትካ ወይ ንበዓል ቤትኪ ክትእዘዝ ወስን። «ምእንቲ እግዚኣብሔር ደኣ እምበር ምእንቲ ሰባት ኣይኮንኩን ነዚ ዝገብሮ ዘለኹ» እናበልካ ንገዛእ ርእስኻ መዓድ። ንዝረኸብካዮ ኣጋጣሚ ተኣዛዝነት ከተማዕብል ተጠቐመሉ፡ ብዘይ ምዉልዋል ውን ግበሮ። ኣብቲ መጀመርያ ክብድ ክብለና ይኽእል፣ ብፍላይ ትፈትዎ መደብ ተለቪዥን እናተኸታተልካ እንከለኻ፡ ኣቦኻ «ንዓ ሓግዘኒ» ምስ ዝብለካ፡ ይከብደካ ይኸዉን። ይኹን ደኣ እምበር ምእንቲ ነቲ ባህሪ ኣጸቢ`ቕካ ክትላመድ፡ ንገዛእ ርእስኻ ገድዳ። ኣመና ዘቖጥዕ ምስ ዝኸውን`ውን ንጽቡቕካ ምዃኑ ፈሊጥካ ገዛእ ርእስኻ ኣእምና። ካብ ሰባት ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ዓስቢ ደሊኻ ትገብሮ ከምዘለኻ`ዉን ዘክር። ምእንቲ ናይ ተኣዛዝነት ባህሪ ከተጥሪ እቲ ዝተኣዘዝካዮ ትእዛዝ ኣድላይነቱ ከይመርመርካ ምስትእዛዝ፡ ቀልጢፍካ ነቲ ባህሪ ከተማዕብል ትኽእል። ኣብታ [«መንገዲ ባሕታዉያን»](#) ትብል ብልጽቲ መጽሓፍ ከምዚ ዝብል ኣብነት ኣሎ።

ሰማያት ናይ ደበና ምልክት ኣብ ዘየርኣየሉ፡ ጸሓይ`ውን ኣዝያ ብርህቲ ክንሳ፣ ሰበይትኻ «ሎሚ ዝናብ ስለ ዝዘንብ ጽላል ተማላእ» ክትብለኻ እንከላ። ንስኻ ድማ፡ ኩነታት ኣየር ሪኢኻ፡ ፍጹም ማይ ከም ዘይወቅዕ ገምጊምካ «ጽላል ንምታይ ኣደለየ!!» ትብል፣ ምናልባት ከምኡ ምባልካ ዉን ሓቕኻ ትኸውን። እዚ ኣጋጣሚ`ዚ ግን ናይ ተኣዛዝነት ባህሪ ከተማዕብለሉ ዕድል ምኻኑ ኣይትዘንግዕ። ስለዚ ጽላል ሓዝ። ሰባት ጽላል ምሓዝካ ገሪምዎም እንተ ጠመቱኻ ብዙሕ ኣይትገደስ፡ ምኽንያቱ ስለምንታይ ነዚ ትገብሮ ከምዘለኻ ኣይፈልጡን እዮም። ተኣዛዝነት ማለት ንዝተኣዘዝካዮ ምፍጻም ማለት እዩ። ብዙሓት መንእሰያት ዝኾነ ትእዛዝ ምስ ዝወሃቦም «ስለምንታይ» ወይ «ሐራይ

መጻእኩ» ወይ «ሓንሳብ ሐራይ» ዝብል መልሲ ይህቡ። እታ «ሓንሳብ» ዝብልዋ ገደብ ግዜ ግና፡ ደርጋ ናይ ሓደ መዓልቲ ንውሓት ግዜ እዩ ዘለዎ።

«ማርቆስ ጸሓፋይ» ዝበሃል ኣብ ገዳም ዝነብር መንእሰይ ነበረ። ናይታ ገዳም ኣበመኔት ድማ፡ ንማርቆስ ኣዝዩ ይፎትዎ ነበረ። ነዚ ዝተመልከቱ መነኮሳት ናይቲ ገዳም፡ እቲ ኣበማኔት ንማርቆስ ልዕሊ ካልኦት መነኮሳት ስለዝፈትዎ ናብ ጳጳስ ጥርዓኖም ኣቕረቡ። እቶም ጳጳስ ከኣ ነቲ ጉዳይ ክምርምሩ ናብቲ ኣበምኔት ይመጹ። እቶም ኣበምኔት ከኣ ንዑናይ ክርየኩም ኢሎም ወሰድዎም። ናይ ነፍስ ወከፍ መነኮሳት ኣፍደገ ኸኣ በብሓደ ኳሕኩሕዎ፡ ኩሎም «ሓንሳብ መጻእኩ» ብምባል ደንጎዮም ከፈትዎም። ኣብ ማዕጾ ማርቆስ ምስ ኳሕኩሑ ግና፡ ብኡ ንቡኡ ማዕጾ ተኸፈተ፣ እቶም ኣበምኔት ነቶም ጳጳስ ናብቲ ማርቆስ ዝጽሕፎ ዝነበረ ብራና ወሲዶም ኣርኣይዎም፣ ኣብኡ ኸኣ ዘይተወደኣት ፊደል ጠልጠል ኢላ ጸንሓቶም። እቶም ጳጳስ ነቲ ነገር ምስ ረኣዩ «ስለምንታይ ልዕሊ ካልኦት ኣብሊጽካ ከም ዝፈተኻዮ ሕጂ ተረዲአ፣ ኣነ ውን ከማኻ ፈትዬዮ ኣለኹ» ኢሎም ተዛረቡ።

ነዚ ንምልምማድ ክንደይ ግዜ ይወስድ?

በዚ ዝተገለጸ መምርሒ፣ ብልብና ብቕንዕናን እንተ ተላሚድካ ነዚ ባህሪ ኣብ ነፍስኻ ንምስራጽ ከባቢ ክልተ ሰሙን ጥራይ እዩ ዝወስደልኻ። ኣብቲ መጀመርያ ክብድ ይብል ይኸውን፡ ደሓር ግን ብዙሕ ጻዕሪ ኣየድልየካን፣ ናይ ተኣዛዝነት ልምዲ`ውን፣ ባህሪኻ ክኸውን እዩ።

# ትዕግስቲ

ትዕግስቲ ኣድላይን ኣገዳሲን እዩ። ጐይታ ባዕሉ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብዛዕባ ትዕግስቲ ሚሂሩና። ቅድሚ ምጽኣት ኣብ ዝህሉ መከራ ኣመልኪቱ ከምዚ ኢሉና *«ስለ ስመይ ከኣ ብኩሉ ሰብ ዝተጸላኣኩም ክትኮኑ ኢኹም፣ እቲ ስጋዕ መዉዳእታ ዝዕገስ ግና ንሱ ክድሕን እዩ።»* /ማቴ 10፥22/ *«ነፍስኹም ከኣ ብትዕግስትኹም ክተጥርይዋ ኢኹም»* /ሉቃ 21፥19/። ቀጺሉ`ውን ከምዚ ይብለና *«እንተኾነ ግዳ ወዲ ሰብ ምስ መጸ እምበር ዶ ኣብ ምድሪ እምነት ክርከብ`ዩ»* /ሉቃ 18፥8/። *«ብሰንኪ ክፍኣት ከኣ ፍቕሪ ብዙሓት ክተዝሕትል እያ»* /ማቴ 24:12/። ኣብቲ መወዳእታ ዘመን ፍቕርን እምነትን ክጠፍእ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ`ውን ነቲ ክፋእ ዘመን ብትዕግስቲ ከምዝሕለፍ ይነግረና። *«እቶም ንትእዛዛት ኣምላኽን ንእምነት ኢየሱስን ዝሕልዉ ቅዱሳን ከኣ ትዕግስቶም ኣብዚ እዩ ዝረአ»* /ራእ 14፥12/።

ትዕግስቲ ንመወዳእታ ዘመን ጥራይ ኣይኮነን ዝጠቕመና፣ ንዕብየት መንፈሳዊ ህይወትናዉን ብቐንዱ የድሊ። *«ፍቓድ ኣምላኽ ምእንቲ ክትገብሩን ነዚ ዘተሰፈዎን ከኣ ክትቅበሉን ትዕግስቲ የድልየኩም እዩ»* /ዕብ 10፥36/። ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ፈጸምና ተስፋ ኣምላኽ ክንቅበል ትዕግስቲ የድሊ። *«እምበኣርሲ የሕዋተይ ክሳዕ ምጽኣት ጐይታ ተዓገሱ። ሓረስታይ ነቲ ክቡር ፍረ ምድሪ ይጸበዮ፡ ኣኸዛን ማይ ጽብሓትን ክሳዕ ዝረክብ`ውን ከም ዝዕገስ ረኣዩ።»* /ያእ 5፥7/ ትዕግስቲ ጽቡቕ ፍረ ክነፍርን ፍጹማን ንክንኸውን ኣብ ንገብሮ ገድሊ፡ ብቐጻሊን ብዘይ ምስልካይን ክንቃለስ ዝሕግዘና ባህሪ እዩ። ስለዚ *«በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ከኣ ብትዕግስቲ ንጉየ»* ዕብ 12፥1/ ኣብዚ ቅዱስ ጳዉሎስ ንመንፈሳዊ ቃልሲ ከም ጉያ ኣትሌት ጌሩ ይምህረና።

## ምልምማድ ትዕግስቲ

ከምቲ ካልኦት ስነ ምግባራት ብምኽሪ ኣበ ነፍሲ ጀምር። ከመርሑኻ ሙሉእ ሓላፍነት ሃቦም። ቀጺልካ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብዝህበካ ኹሉ ኣጋጣሚታት ትዕግስቲ ንክትላመድን ናቱ ሓይሊ ክረድኣካን ብጸሎት ተጊህካ ለምን። ገለ ሰባት *«ኦ እግዚኣብሔር ትዕግስቲ ዓድለኒ፡ በጃካ ሕጂ የድልየኒ እዩ`ሞ ሕጂ ዓድለኒ»* ክብሉ ይስምዑ። ከምዚኦም ሰባት ኣይትኹን። ክትጽሊ ከለኻ`ውን ከምዚ ኢልካ ኣይትጸልይ።

ኣምላኽ ስለዘፍቕረና፡ ትዕግስቲ እንላመደሉ ብዙሕ ኣጋጣሚታትን ዕድላትን ይፈጥረልና እዩ። ንሕና ግና ሓሳብን መደባት ኣምላኽ ሰኣን ምርዳእና ንሱ ንዝፈጥረልና ወርቃዊ ዕድላት ክይተጠቐምናሉ ነሕልፎ። ካብኡ ሓሊፍና`ውን ከነማርር ንውዕል።

ንኣብነት ንውሰድ፦ ስራሕ ክይረኸብካ ክልተ ወርሒ ሓሊፉ። ናብ ኣማኢት ትካላት ናይ ስራሕ መመልከቲ ወረቐት የእቲኻ፡ ቀጻሊ ብዘይ ዕረፍቲ ዉዕዉዕ ጸሎት ካብ ልብኻ ኣቕሪብካ። ኮይኑ ግና ዋላ ሓንቲ መልሲ ኣይረኸብካን። ስለ ዝዶንገየካ ግና ንኣምላኽ ከተማርር ትጅምር። «ስለምንታይ ኣምላኽ ከምዚ ይገበረኒ?» ትብል። እቲ መልሲ ኸኣ እዚ`ዩ።

እግዚኣብሔር ትዕግስቲ እትላመደሉ ወርቃዊ ዕድላት ይህበካ ኣሎ። እግዚኣብሔር ሽዑ ንሽዑ ስራሕ ክህበካ ኣይጽገምን። ሽዑ ንሽዑ ስራሕ ምርካብ ግና ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይመርሓካን፣ ትዕግስቲ ግና ናብ ፍቁር መንግስቲ ኣምላኽ ከብጽሓካ ይኽእል። ስለዚ ኣምላኽ ትዕግስቲ እተጥርየሉ ዕድል ከምዝሃበካ ተረዳእ። ነዚ ብሉጽ ዕድል`ውን ተጠቐመሉ። ቀልጢፍካ ትዕግስቲ ምስ እተጥርይ፡ ኣምላኽ ከኣ ቀልጢፉ ስራሕ ክህበካ እዩ!

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ሽግር ይገጥመና። ኣምላኽ ንምንታይ ናብዚ ሽግር የእትወኒ ብምባልዉን ነማርር። ኣምላኽ ብምሕረቱ ንዝፈጠረልና ዕድላት ሰኣን ምርዳእና ብናትና መገዲ ጥራይ ነቲ ሽግር ክንፈትሖ ንፍትን።

*«ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ከም ምኽሩ`ዉን እተጸዉዑ ግና ኩሉ ንሰናይ ከም ዝድግፎም ንፈልጥ ኢና»* /ሮሜ 8፥28/። እዚ ማለት፡ ንኣምላኽ ነፍቅር እንተ ኳንና፡ ኲሉ ዘጋጥመና ሽግራት ንጹቡቕና እዩ። ስለዚ ለባም ሰብ፡ ንክርድኦ ዘጸግም ሽግራት ክገጥሞ እንከሎ፡ ንገዛእ ርእሱ ከምዚ ኢሉ ክሓትት ኣለዎ። «ኣምላኽ እንታይ መልእኽቲ እዩ ከመሓላልፈለይ ደልዩ ዘሎ? እንታይ ዓይነት ሰነምግባር እዩ ክላመድ ደልዩኒ ዘሎ?» ይበል።

ቅዱስ ጳዉሎስ ከምዚ ይብል፡ *«ቅጽዓት ዘበለስ ንግዚኡ ንጓሂ እምበር፡ ንሓጎስ ከምዝኾዉን ኣይመስልን እዩ። ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ፡ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ።»* /እብ 12፡11/። እንታይ ማለቱ`ዩ፣ ጸገማት ክፍጠሩ እንከለዉ፡ ኣብ መጀመርያ ሓጎስ ዘምጽኡልና ኣይመስሉናን። ትዕግስቲ ከነጥርየለን ዘኽእላና ኣጋጣሚታት ምዃነን ተረዲእና፡ ክንጥቀመለን ምስ እንጅምር ግና፡ ናይ ሰላምን ሓጎስን ፍረ ክህባና እየን።

«ደቀይ ከጸልሉኒ እዮም» በለትኒ ሓንቲ ኣደ መጺኣ። ኣነ ኸኣ «ዕድለኛ ኢኺ። ደቕኺ ትዕግስቲ ምእንቲ ክትላመዲ ዘክእለኪ፣ ቤት ትምህርቲ ክኾኑኺ ኢሉ፣ ኣምላኽ ሂቡኪ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ዕድልን ዉላድን ስለ ዝሃበኪ ኣመስግኒ» በልክዋ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብተደጋጋሚ «ጸገማትን ሽግራትን» ትዕግስቲ ስለ ዝምህራና ሰናይ ከም ዝኾና ይነግረና። *«እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ኸም ዝገብር ፈሊጥኩምሲ፡ ብሓንቲ እኳ ከይጎደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ክትኾኑ፡ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዎ»* /ያዕ 1፥3-4/። እዚ ማለት፡ ፈተናን መከራን ትዕግስቲ ክፈጥራልና እየን። ኮይኑ ግና እዚ ትዕግስቲ ምሉእ ምእንቲ ክኸዉንን ናብቲ ክርስቲያናዊ ፍጽምና ክንበጽሕን፡ ፍጹም ግብሪ ክህልወናን ይግባእ። ብተወሳኺ ቅዱስ ጳዉሎስ ከምዚ በለ *«እቲ ጸበባስ ትዕግስቲ ከም ዜምጽእ ስለ ዝፈለጥና. . . ትዕግስቲ ድማ ምፍታን፡ እቲ ምፍታንዉን ተስፋ።»* /ሮሜ 5፥3-4/።

እዚ ዓይነት ርድኢት ኣብ ኣእምሮና እንድሕሪ ኣስሪጽና፣ ኩሉ ጸጋማትን ኣብ ህይወት ዝህልወና ፈተናን ጸበባን ንሰናይና ምዃኑ ተረዲእና፣ ብትዕግስቲ እንምዕብለሉ ኣጋጣሚ ከም ዝተፈጠረልና ኣሚንና፣ ትዕግስቲ ከነጥሪ ምስ እንጽዕር፣ ነዛ ብልጽቲ ባህሪ ክንዉንና ንኽእል። ጸገማትን ሽግራትን ከም ወርቃዊ ዕድላት ምዃነን ፈሊጥና፣ ኣእምሮና በዚ ርድኢት ኣዳሊና፡ ነቲ ዝተፈጥረ ዕድል ብኩሉ ዓቕምና ንጠቐመሉ። ቅዱስ ያዕቆብ ከም ዝበሎ ከኣ «እቲ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዎ» ።

ዋላ ክልተ ወርሒ ብዘይ ናይ ስራሕ ቃለ-መጠየቅ ይሕለፍ፡ ብዉሽጠይ ከምዚ ክብል ኣለኒ «ዋላ ክልተ ዓመት ብዘይ ስራሕ ይሕለፍ፡ ፍጹም ትዕግስቲ ንክጥሪ ክጻዉሮ እየ» ። ገዛእ ርእስኻ ከምዚ ኢልካ ኣጸናንዕ «እግዚኣብሔር የፍቕረኒ እዩ፡ ስለዚ`ዩ ከኣ ኣብ ክንዲ ሓላፊ፡ ዘለኣለማዊ፣ ኣብ ክንዲ ምድራዊ፡ ሰማያዊ፡ ኣብ ክንዲ ጠፋኢ፡ ንዘንተ ዕለት ዝኸዉን`ዩ ዝህበኒ» ። «ቀልጢፈ ክሳብ መወዳእታ ተዓጊሰ እንድሕሪ ጸኒዐ፡ ኣምላኸይ ከኣ ቀልጢፉ ጸገመይ ክፈትሓለይ እዩ» ኢልካዉን ንገዛእ ርእስኻ ኣበርትዕ።

ሓደ ቅዱስ ኣቦ ከምዚ በሉ «ንሓደ ሰብ ጣዕሚ መዓር ክትገልጸሉ ከቢድ`ዩ፡ ባዕሉ ክጥዕሞ ኣለዎ» ። ባዕልካ ከተስተማቅሮ`ዩ ዝግባእ። ጣዕሚ ዉጽኢት ምልምማድካ ከተስተማቕር፡ ቅድም ባዕልካ ብእምነት ነቲ ባህሪ ክትላመዶ ይግባእ። እቲ ዉጽኢት ከኣ ኣዝዩ ባህ ዘብል ክኸዉን እዩ። ምክንያቱ ዉሽጣዊ ሰላም ክህልወካ እዩ። ነዚ ልምምድ ብዓወት ምስ ዛዘምካዮ ከኣ፡ እዚ ተሞክሮ ክሳዕ መወዳእታ ህይወትካ ምሳኻ ክነብር እዩ። ዝኾነ ጸገም ክገጥመካ እንከሎ ዉን፡ ጣዕሚ ውጽኢቱ እንታይ ምዃኑ ስለ እትርዳእ ክትዕገሶ ኢኻ። ኣምላኽ ብጸበባ ኣቢሉ ትዕግስቲ ከተጥሪ ከም ዝገበረካን፡ ደሓር ዉን ነቲ ጸበባ ኣልዩ፣ ልዕሊ እቲ ንስኻ ዝሓሰብካዮ ፍጹም ሓጎስ ከም ዝሃበካ ዘክር። እምበኣር ሕጂ ኣብ ትዕግስቲ ፍጹም ስለ ዝተሰረትካ፡ ቀጺሉ ናብ ዘሎ ደረጃ ክርስቲያናዊ ፍጽምና ክትዓቢ፡ ጉዕዞኻ ቀጽል።

# ምዕራፍ 7 - ለዉሃት (ሕያዉነት-ምስኪን ምዃን)

ለዋህነት «ፍረ መንፈስ ቅዱስ» እዩ /ገላ 5፥23/። ጐይታ ውን ባዕሉ፡ ለዉሃት ክንከዉን ይምዕደና *«ኣነ ለዋህ እየ። ልበይ ውን ትሑት ኣርዑተይ ፈኩስ ጾረይ ውን ቀሊል እዩ እሞ ኣርዑተይ ጹሩ ካባይ ውን ተመሃሩ ንነብስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።»* /ማቴ 11፥29-30/። ከመይ ጌርና ኢና፡ ናይ ጐይታ ለዋህነትን ሕያዉነትን ናትና ባህሪ ክንገብሮ?

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ይብለና «ኣይክጭድርን ድምጻይ ውን ዓው ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ኣደባባይ ኣይኪስምዕን እየ። ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይኪሰብርን ተኻኺ ጥዋፍ ድማ ኣይኬጥፍእን እየ፡ ፍትሒ ብሓቂ የውጽእ» /ኢሳ 42፥2-3/ ኣብዚ ጥቅሲ`ዚ ሓደ ሱቕ ዝበለ ምስ ኩሉ ሰብ ብሰላም ዝነብር ድምጹ

ኣትሒቱ ዝዛረብ ሰብ`ዩ፣ ተሳኢሉልና ዘሎ። ቅዱስ ጳዉሎስ «ዝከኣል እንተኾይኑ ብኣኻትኩም ዝመጸ ምስ ኩሉ ሰብ ብሰላም ንበሩ» /ሮሜ 12፥18/ ይብለና።

ሎምዘበን ሕርቃን ዓቢ ጸገም እና ኾነ ይመጽእ ኣሎ። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዘለዉ ሰባት ቀልጢፎም ብቐሊል ነገር ይሓርቑ፣ ይበኣሱ፣ ገሊኦም ብዘይ ገለ ምኽንያት ይኹርዩ። ዝሰርሑ ፊልምታት፣ ናይ ቴሌቭዥን መደባት፣ ናይ ህጻናት ካርቱን ፊልምታት፣ ምኽንያት ሕርቃን እናኾኑ ይመጹ ኣለዉ። ብዙሓት ሰባት በዚ ጉዳይ ኣዝዮም ስለዝሸገሩ፣ ናብ ክኢላታት እናኸዱ ምኽሪ ይሓቱን፣ ሕርቃኖም ብከመይ መገዲ ክገልጽዎ፣ ወይ ክቆጻጸርዎ ዉን ልምምድ ይገብሩ እዮም፤ ስለዚ ዉን እዩ «ምሕደራ ሕርቃን» ዝብል ትምህርቲን ምኽሪ ኣገልግሎትን ዳርጋ ምንጪ እቶት ኮይኑ ዘሎ።

## ደረጃታት ለዋህነት

ለዋህነት ደረጃታት ኣለዎ። ኣቦታት ነዚ ደረጃታት ምስ ምስላ ዘርኢ ኣዛሚዶም ይምህሩና። *«ገሊኡ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ወደቐ ገሊኡ ሚእቲ ገሊኡ ሱሳ ገሊኡ ደማ ሰላሳ ፈረየ።»* /ማቴ 13፥8/

***<u>ቀዳመይቲ ደረጃ ለዋህነት ንክፋእ ብክፋእ ዘይምምላስ እዩ።</u>*** ቅዱስ ጳውሎስ *«ንሓደ እኳ ክፋእ ኣብ ክንዲ ክፋእ ኣይትፍደይዎ»* /ሮሜ 12፥17/ ይብለና። ቅዱስ ጴጥሮስ`ውን *«ምረቓ ምእንቲ ክትወርሱ ነዚ ጽውዓት ኢኹም እሞ፣ መርቑ ደኣ እምበር እኩይ ኣብ ክንዲ እኩይውን ጸርፊ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ኣይትመልሱ»* /1ይ ጴጥ 3፥19/ ይብለና። ነዚ ፍጹም ኣብነት ዝኾነና ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። *«ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ ተንኮል`ውን ኣብ ኣፍ ዘይተረኽበ ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ኸኣ ነቲ ብቅንዕና ዝፈርድ ደኣ ነገሩ ኣሕለፉ ሃበ እምበር ዘየፈራረሃ»* /1ይ ጴጥ 2፥23/።

***<u>እቲ ካልኣይ ደረጃ፣ ውሽጣዊ ስላምካ ከይተረበሸ ጸርፊ ምቕባል`ዩ።</u>*** ጸርፊ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ካብ ምምላስ ዝቑጠቡ፣ ኮይኑ ግና ብውሽጦም ሕርር ዝብሉ ኣለዉ። ብናይ ሕርቃን ስምዒት ዉሽጦም ይምላእ ሕነ ክፈድዮ ውን ይደልዩ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ናብ ካልኣይ ደረጃ ለዋህነት ኣይበጽሑን። ነዚ ደረጃ`ዚ ዝበጽሑ ብዙሓት ኣብነታውያን ኣለዉና።

ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ብዝነበሮ ህይወት፣ ኩሉ ሰብ ይፈትዎ ስለ ዝነበረ ብዙሓት ቃሉ ክሰምዑ ናብኡ ይእከቡ ኔሮም። በዚ ነገር ዝቀንእ ካልእ መነኮስ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ህዝቢ *«ዮሐንስ ንስኻ ኣብ ቅድሚ ፈተውታ ኣካላት እተርኢ ኣመንዝራ ኢኻ»* ብምባል ንዮሐንስ ጸረፎ። ቅዱስ ዮሐንስ ከኣ «ኣታ ሓወይ ነዚ ግዳማዊ ትርኢተይ ርኢኻ ብዛዕባይ ከምዚ ካብ በልኻ፣ ውሽጠይ እንተ ትሪኦ ደኣ እንታይ ምበልካ?» ብምባል ብትሕትና ተዛረቦ። እቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ህዝቢ በቲ ነገር እናተገረሙ «እዚ ኩሉ ምስ ጸረፈካሲ ብውሽጥኻ ሓሪቕካዶ?» ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ዉን «ንዮሐንስ፣ እቲ ዉሽጡ ዘሎ ስምዒት፣ ልክዕ ከምቲ ብግዳም ዘሎ እዩ» ብምባል መለሰሎም። (ከምቲ ብግዳም ዘይሓረቕኩ፣ ብዉሽጠይ`ዉን ኣይሓረቕኩን ማለቱ እዩ።)

ኣብ ሶርያ ዝነበሩ መነኮሳት፣ ዝና ናይ ግብጻውያን መነኮሳት ሰሚዖም ናብ ገዳማት ግብጺ ይኸዱ ኔሮም። ግብጻውያን መነኮሳት ከኣ ኣጋይሸ ክመጽእዎም እንከለው፣ እቲ ናቶም ናይ ጾም ስርዓት ነቶም ኣጋይሸ ምእንቲ ክይከብዶም ብምባል፣ ምእንቲ ኣጋይሸ ኢሎም ቀልጢፎም ናይ ምብላዕ ስርዓት ኔሮም። ሶሪያውያን ኣጋይሸ ምስ መጽእዎም ከኣ፣ ከም ስርዓቶም ሰዓት 9:00 መኣዲ ቀሪቦም ክበልዑ ጀመሩ። ነዚ ዝረኣዩ ሶርያውያን ብሓሳቦም፣ "ግብጻውያን ንስርዓት ጾም ግዲ የብሎምን፣ ንሕና ክሳዕ ጸሓይ ትዓርብ ንጸውም፣ ንሳቶም ግን ሰዓት 9፡00 ይበልዑ ኣለዉ" ክብሉ ጀመሩ። ነዚ ዘስተብሃሉ ኣበምኔት ናይቲ ገዳም፣ ነቶም ኣጋይሸ ትምህርቲ ክምህርዎም ደለዩ። ብዕድመ ዝዓበየ መነኮስ ባኒ እናዓደለ ኣብቲ ኣበምኔት ምስ በጽሐ፣ እቲ ኣበምኔት ሃንደበት ነቲ መነኮስ ብሓይሊ ጸፍዖ። እቲ ዓቢ መነኮስ ግና ምስሊ ገጹ ከይቀየረ ኣቐዲሙ ብዝህቦ ዝነበረ ትርኢት ገጹ፣ ምዕዳል ባኒ ቀጸለ። እቶም ሶርያውያን ነዚ ምስ ተዓዘቡ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣበምኔት ብምስጋድ «ይቕረ በሉና ኣባ! ብዘይ መግቢ ጾይምና ነዊሕ ሰዓታት እኳ ክንጸንሕ እንተ ኽኣልና፣ ከምዚ ጌርና ስምዒትና ክንቆጻጸር ግና ፈጺምና ኣይንኽእልን» ብምባል ተዛረቡ።

እቲ ሳልሳይ ደረጃ ለዋህነት ከኣ፣ ሰባት ክጸርፍዎ ከለዉ፣ ንሓወይ (ንሓፍተይ) ሓጢኣት ንኽፍጽም ምኽንያት ኮይነዮ እናበለ ዝሓዝኑ እዮም።

## ምልምማድ ለዋህነት

ንኣባት ነፍስኻ ኣፍሊጥካ ፍቓድ ምስ ረኸብካ፣ ጐይታ ከምቲ ናቱ ለዋህ ምእንቲ ክገብረካ ጸልይ። *«ኦ ጐይታይ ንስኻ `ኣነ ለዋህ እየ ካባይ ተማሃሩ` ከምዝበልካና ንነፍሰይ ዕረፍቲ ምእንቲ ክትረኽብ፣ ለዋህነት መሃረኒ»* በሎ።

ነዚ ዝስዕብ ሞገተ (ስነሓሳብ)ኣብ ልቦናኻ(ሓንጎልካ) ከተሕድርን ከተሰርጽን ፈትን።

ሰላም ውህብቶ ጐይታ እዩ፣ ምኽንያቱ ባዕሉ ንሱ «ሰላመይ እሓድገልኩም ኣለኹ ሰላመይ ውን እህበኩም ኣለኹ» /ዮሃ 14፥27/ ኢሉና። ክትሓርቕ እንከሎኻ፣ ሰላምካ ትስእን ኣለኻ። ክርስቶስ ብውልቁ ዝሃበካ ፍሉይ ህያብ፣ ትድርብዮ ኣለኻ። ውህብቶ ክርስቶስ ተቐቢልካ ናብ ግዳም ከም ምድርባይ ማለት`ዩ። ሓደ ጳጳስ ህያብ እንተ

ዝህበካ ናብ ጽርግያ ምደርበኻያ`ዶ? ኣይፋል እንተ ኾይኑ መልስኻ፡ ውህበቶ ክርስቶስ ደኣ ክንደየናይ ኣብዚሓካ ክትዕቅቦ ዘይግበኣካ። ኩሉ ሳዕ ክትሓርቕ እንከለኻ ነዚ ብሉጽ ውህብቶ`ዚ ትድርብዮ ከም ዘለኻ ተረዳእ።

ብኸምዚ ርድኢት ገዛኣ ርእስኻ ምስ ኣእመንካ፡ ብቅዱስ ቲዮፋን ባህታዊ ዝተነግረ፡ እዚ ዝስዕብ መምርሒ ክትግብሮ ትኽእል። ንግሆ ተንሲእካ ጸሎት ምስ ገበርካ፡ ሰላምካ ከተጥፍእ ዝገበሩኻ ኩነታት መርምር። ኣብ ኣእምሮኻ ዝኸፍኣ ኹነታት ሕሰብ`ሞ ሽው ገዛእ ርእስኻ ዋላ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንተ ገጠመኒ፡ "ንውህብቶ ጐይታ ብኸንቱ ምድርባይ ቅኑዕ ድዩ?" ኢልካ ሕተታ። ነቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ መምርሒ እንተ ተግቢርካዮ መልስኻ ኣይፋል! እዩ ክኸውን። ብድሕሪ`ዚ ብውሽጥኻ፡ ዋላ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንተ ገጠመኒ፡ ናይ ውሽጠይ ሰላም ኣይከጥፍእን እየ! በል።

ፍቑራተይ! እዚ መምርሒ ዕውት ከም ዝኾነ ብእምነት ክምስክረልኩም። ኣብ ህይወትኩም ውን ለውጢ ከምጸኣልኩም እዩ። ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ዘይረአ ኩናት (unseen warfare) ትብል መጽሓፍ ዘንበብኩዋ መምርሒ ንብዙሓት ሰባት ከም መምርሒ ሂበዮም ነይረ። እቶም ብጽቡቅ ዝተኸታተልዎ ርኡይ ውጽኢት ረኺቦምሉ።

ኣደ ኣርባዕተ ቆልዑ ዝኮነት ሰበይቲ፡ ነቲ ዝተዋህባ መምርሒ ብእምነት ምስ ዛዘመት፡ በቲ ውጽኢት ብዙሕ ሰብ ተገሪሞም እዮም። ህድኣታን ሰላማን ዝረኣዩ ደቃ ከማን «ማማ እንታይ ኮይና እያ? ኣይጠዓየትን» ክሳዕ ዝብሉ እዮም ኮይኖም። የግዳስ ንሳ ተጸሊእዋ ኣይኰነትን፡ ነቲ መብዛሕቱና ብቀሊሉ ንድርብዮ ዘለና፣ ዉህብቶ ጐይታ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ ሰላም እያ፡ ኣብ ልባ ተስተማቕሮን ትዕቅቦን ዘላ።

እቲ ኣማናዊ ዝኾነ ውሽጣዊ ሰላም ዝርከብ፡ ግና ምእንቲ ጸላእትኻ ምስ እትጽልይ እዩ። *«ሰለቶም ዘጸርፍኹምን ዝሰግኹምን ጸልዩ»* /ማቴ 5፥44/። እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ እዩ። ስለቶም ዝሃስዩኻን ዝጸልኡኻን ምስ ትጽልይ ሰላም ክርስቶስ ይዓስለካ። ነዚ ትእዛዝ ብግቡእ ምስ እትፍጽሞ ድማ፡ ንጸላእትካ ክተፍቅር ዘኽእለካ መንፈሳዊ ደረጃ ክትበጽሕ ኢኻ። ሰላም እግዚኣብሔር`ውን ክተስተማቕር ትጅምር። ፈትን እሞ ሰናይ ምኻኑ ኣስተብህል።

ነዚ ነገር ብግቡእ ዝተግበሩ ሰባት ማንም ሰብ ካብኦም ክምንጥሎም ዘይክእል ውሽጣዊ ሰላም ረኺቦም እዮም። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ይኸውን ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል ናይ ሓላፊነት ጽፍሒ ዝነብሮ መንእሰይ ኔሩ። ግብጻዊ ክርስትያን ከኣ`ዩ። ኣብ ግብጺ ክርስትያን ምኺንን ብፍላይ ድማ ሓላፍነት እንተ ሃልዩካ ንህይወትካ ኣስጋኢ እዩ። ኣብቲ ንሱ ዝሰርሓሉ ትካል ንክርስትያናት ዝጸልእ ናይ ላዕሊ ሓላፊ ነበሮ። ነቲ ክርስትያን መንእሰይ ብዝተፈላለየ ገበናት ኣእሲሩ፡ ኣብ ክንድኡ ካልእ ሃይማኖት ዘለዎ ሰብ ከእቱ፣ ከም ዕላማ ሒዙ ይጽዕር ነበረ። ኩሉ ግዜ ውዲት ይኣልመሉ ነበረ። ፖሊስ ከምዚ ገይሩ ተባሂሎም ክምርምሩ ይመጹ`ሞ፡ ግን ዋላ ሓደ ጌጋ ክረኽበሉ ኣይከኣሉን። ነዚ ዝተገንዘቡ ሓለቓ ፖሊስ (ክርስትያን ዘይኮነ) ነቲ መንእሰይ «ኣብ ከባቢኻ ካብ ዘለዉ ሰባት ንዓኻ ክጎድእ ዝደሊ ኣሎ» ኢሉ ብግልጺ ሓበሮ።

ሓደ መዓልቲ ከእስሮ ሓሲቡ ስለ ዘይሰለጦ ክቐትሎ ውዲት ኣለመሉ። ሓደ ፖሊስ መጺኡ ግና፡ ሓደ ሰብ ንዕው ክቐትሎ ከም ዝተኸፈሎ ብምሕባር፣ መሬት ምስ ጸልመተ ካብ ገዝኡ ንከይወጽእ ኣጠንቀቖ። ኣብዚ ኩሉ ጸገም ግና እቲ ወዲ ብዘይካ ምጽላይን መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብን ካልእ ነገር ይገብር ኣይነበረን። መጽሓፍ ቅዱስ ከንብቦ ኢሉ ምስ ገንጸሎ ኸኣ ኹሉ ግዜ /ማቴ 5፥44/ ትጸንሖ ነይራ። «ኦ ጐይታ ብሓቂ ዲኻ ህይወተይ ክጽይቕን፡ ክቐትለኒ ንዝደሊ ሰብ ክጽልይ ትእዝዘኒ ዘለኻ?» ብምባል ይሓትት ነበረ። ቀጻሊ ዝረኽቦ መልሲ ኸኣ እወ ዝብል ነበረ።

እዚ ሓሳብ ቀጻሊ ምስ ተመላለሶ ግና፡ ነቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትእዛዝ ስቕ ኢሉ ብሃሰሰ ለባም ክፍጽሞ ወሰነ። ቅድም ብልቡ ዘይኮነስ ብከንፈሩ ምእንቲ ሓላፊኡ ክጽልይ ጀመረ። በዚ ጸኒዑ`ውን ንብዙሕ ግዜ ቀጸለ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ድማ ሰለቲ ሓላፊኡ ካብ ልቡ ክጽልይ ጀመረ። "ክርስትያን ኮይነ እንተ ዘይውለድ ኔረስ፣ እዚ ሰብኣይ ዝገብሮ ዘሎ ኩሉ ምገበርኩ ነይረ" እናበለ ብውሽጡ ክሓልየሉ ጀመረ። *«ዝቐትለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት የቕርበሉ ከምዘሎ ዝመስሎ ግዜ ክትመጽእ እያ»* /ዮሃ 16፥2/። እቲ መንእሰይ`ውን ብዛዕባ ሓላፊኡ ከምዚ ኢሉ ክጽሊ ጀመረ «ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ንቤተክርስትያን ብምቅዋም ንኣምላኽ ዘኽበሮ ዝመስሎ ዝነበረ እዚ ድኹም ሰብኣይ ውን ንዓይ ሕማቕ ነገር ብምግባር ንኣምላኽ ዘገልግል ዘሎ እዩ ዝመስሎ» ብምባል ይሓስብ ነበረ። «እግዚኣብሔር ናቱ ክኸውን ብምሕረቱ እንተዘይሓርየኒ ኔሩስ ኣነ ውን ከምኡ ምገበርኩ ነይረ» እናበለ ብምሕሳብ ንጐይታ ኣብ ክንዲ ኣሳዳዲ፣ ተሰዳዲ ስለዝገበሮ ከመስግን ጀመረ። ነቲ ሓላፊኡ (ኣሳዳዲ) ጽቡቕ ክገብር ጀመረ። ኣምላኽ ይቅረ ክብለሉ`ውን ብልቢ ይጽልይ ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ግና፣ ወናኒ ናይቲ ትካል ነቲ መንእሰይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጸዊዑ «እንታይ ሽግር ይገጥመካ ከም ዝነበረን፣ እቲ ሓላፊ ክሃስየካ እንታይ ይገብር ከም ዝነበረን ስለምንታይ ነዚ ይገብር ከምዝነበረ ፈሊጠ ኣለኹ። ስለዚ እየ ኸኣ ካብዚ ስራሕ እዚ ከም ዝሰጎግኩዎ ብቐዳምነት ንዓኻ ከፍልጠካ ዝደለኹ» ብምባል ተዛረቦ። እቲ መንእሰይ ነዚ ምስ ሰምዐ ብልቡ ኣይተሓጎሰን፣ እኳ ደኣ ካብ ስራሕ ስለ ዝተሶጎገ ኣዝዩ ሓዘነ። ኣቦኦም ካብ ስራሕ ስለ ዝተሶግገ፣ ዝሳቐዩ ደቁ ኣሕዘንዎ። ንስኻ`ውን ሓወይ ኣብ ልብኻ ዘይነቃንቕ ጽኑዕ ሰላም ክሕልወካ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብጥንቃቐ ተማሂርካ ብትግሃት ፈጽሞ።

# ምዕራፍ፡8-ንጽህና (ድንግልና)

ስለምንታይ እዩ፣ ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ኣንጻረ ጾታ ጌሩ ዝፈጠረ? ንክንፋረይ ጥራይ ድዩ?

ብጹእ ጳጳስ ኣባ ሙሳ ናይዚ ምኽንያት ብከምዚ መገዲ ይገልጽዎ፦

*«እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ጾታውነት (ኣንጻር ጾታ ኮይንና ናይ ጾታዊ ስምዒት ዘለና) ኣብ እንስሳታት ዝፈጠረ ንኽዋለዱ ጥራይ እዩ። ስለዚ`ዉን እዩ፣ እንስሳታት ኣብ ዓመት ንዝተወሰነ ግዜ ጥራይ ብጾታዊ ስምዒት ንቑሓት ዝኾኑ። እዚ ጾታዊ ስምዒት ዝረኣየሉ ወቕቲ`ዚ «ናይ ዋዒ ግዜ»* (the heat period) *ይበሃል። ኣብዚ ወቕቲ`ዚ እታ ኣንስተይቲ፣ ጾታዊ ስምዒት ናይቲ ተባዕታይ ዘለዓዕል ጨና ኣብ ስጋኣ ክተፍርይ ትጅምር። ኣብቲ ወቕቲ ምስ ተራኸቡ ብድሕሪኡ እንስሳታት ብጾታዊ ስምዒት ዘይንቑሓት ይኾኑ። ኣብ ደቂ ሰባት ግን ከምዚ ኣይኮነን። ሰብ ጥራይ እዩ፣ ሙሉእ ዓመት ኣብ «ናይ ዋዒ ግዜ» ዝህሉ። እዚ ስለምንታይ ኮነ?*

*እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነዚ ቅዱስ ጸጋ እዚ ዝዓደለና፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ዘሎ ቅዱስ ፍቕሪ ምእንቲ ከነስተማቕሮ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ «እዚ ምስጢር ዓቢ እዩ፣ ኣነ ግን ብናይ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን እብሎ ኣለኹ።»* /ኤፈ 5፥32/ *ብምባል ኣብ መንጎ ክልተ መጻምድቲ ዝህሉ ፍቕሪ፣ ልክዕ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስትያኑን ዘሎ ፍቕሪ ምዃኑ ገሊጽዎ እዩ። መርዓ፣ ከም ፍቕሪ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ኮይኑ፣ ዓቢ ምስጢራዊ ስርዓት እዩ። ኣብ ዝተቐደሰ ሓዳር ኸኣ ጾታዊ ርክብ ቅዱስ እዩ። ካብ መርዓ ወጻኢ ግና ፍንፉንን ርኹስን እዩ።»*

*ቅዱስ ጳውሎስ «መውስቦ (መርዓ) ኣብ ኲሉ ክቡር እዩ። እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን»* /እብ 13፥4/ *«ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዝገብሮ ሓጢኣት ካብ ስግኡ ወጻኢ እዩ፣ ዝምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ስጋኡ እዩ ሓጢኣት ዝገብር»* /1ይ ቆሮ 6፥18/ ይብለና። ኣብ ቃል ኪዳን ኮይንኻ ዝግበር ስጋዊ ርክብ ቅዱስን ፍሉይን እዩ ምክንያቱ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን መርዓቱን ዝኾነት ቤተክርስትያንን ዘሎ ፍቕሪ ስለ ዘርኢ። ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ዝግበር ጾታዊ ርክብ ግና ካብ ካልእ ሓጢኣት ዝተፈልየን፣ ፍጹም ፍንፉንን ርኹስን እዩ። ምክንያቱ ምስሊ እቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስቲያኑን ዘሎ ፍቅሪ፣ ስለ ዝጽይቕ።

*«እቲ ስጋኹም ኣካል ክርስቶስ ምዃኑ`ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምበኣርከስ ንኣካል ክርስቶስ ወሲደዶ ኣካል ኣመንዝራ ክገብሮ እየ? ያእ ኣይፋለይን»* /1ይ ቆሮ 6፥15/

ኣብ ሓዳርን ካብ ሓዳር ወጻኢን ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ ክምህር እንከሎ፣ ቅዱስ ኣትናትዮስ ዘእስክንድርያ ከምዚ ጌሩ ይምስሎ።

*«ሓደ ወታሃደር ናብ ኲናት ወፊሩ 20 ጸላእቲ እንድሕሪ ቀቲሉ፣ ከም ጅግና ተቖጺሩ ብዙሕ ስልማት ይወሃብ፣ ክብሪ ዉን ኣለዎ። ኣብ ግዜ ሰላም ግና፣ ናብ ከተማ ከይዱ ሓደ ንጹህ ሰብ እንድሕሪ ቀቲሉ፣ ብገበን ይፍረድ። ኣብ ሓዳር ውን ተመሳሳሊ እዩ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነት ዝተፈጸመ፣ ዝተፈላለየ ኣንጻራዊ ውጽኢት ዝህብ፣ ነገር እዩ።»*

እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝህሉ ፍቕሪ ብሩኽ ምዃኑ ክረድኣና እንከሎ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክስትያንን ዘሎ ፍቕሪ ገይሩ፣ ብምሳሌ ይጥቐም። ነዚ ዝምህር መጽሓፍ መሃልዪ መሃልይ ዉን ሂቡና (ሳልሰይቲ መጽሓፍ ናይ ንጉስ ሰሎሞን ኮይኑ፣ ኣብ መንጎ ክልተ ኣንጻር ጾታ ዝህሉ ፍቕሪ ዘረድእ እዩ) ። ገለ ሰባት ነዚ መጽሓፍ ንዝሙት ዝደፋፍእ ጌሮም ብጌጋ ስለዝርድእዎ፣ ነዚ መጽሓፍ የናሸውዎ። ኣብዚ መጽሓፍ ግን ዝሙታዊ ሓሳብ ኮነ ካልእ ኣጸያፊ ነገር የብሉን፣ እኳ ደኣ ኣብ መንጎ ተጻመድቲ (ሰብኣይን ሰበይትን) ቅዱስ ፍቕሪ ክህሉ ይምህር። ኣብ ውሽጢ ሓዳር ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ፣ ሓጢኣት ወይ ዝሙት ኣይኮነን እካ ደኣ ንፍቕሪ የነቓቕሖ እዩ።

*«ከምቲ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን ዘፍቀራ ኣንቱም ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቅሩ»* /ኤፌ 5፥25/። ኣብ መንጎ ዝሙትን (ብምዝማው ዝፍጸም ፋሉል ስጋዊ ርክብን) ኣብ ውሽጢ ሓዳር ምስ መጻመድትኻ ዝፍጸም ስጋዊ ርክብን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ዝሙት ገዛእ ፍትወትካ ምዕጋብ፣ ምውሳድ፣ ምምዝማዝ እዩ። ኣብ ሓዳር ዝግበር ስጋዊ ርክብ ግና ብምሃብ እዩ ዝፍጸም። ከምቲ ክርስቶስ ንርእሱ በጃ ብምሃብ ንቤተክርስቲያን ዘፍቐራ፣ ስጋዊ ርክብ ውን ብከምዚ መልኽዕ ክኸውን ይግባእ። ብምዉሳድ፣ ገዛእ ፍትወትካ ብምዕጋብ ዘይኮነስ፣ ብምሃብ ብምልጋስ ብመስዋእትነት ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኸኣ`ዩ ቅዱስ ዝገብሮ። ንክርስቶስ ስለዝመስል!

ቅዱስ ጳውሎስ «ካብ ዝሙት ርሓቑ» ኢሉ ኣዚዙና። ብዙሓት ሰባት ነዚ ቃል ካብ ክትፍጽሞ ክትዛረቦ ይቐልል ይብሉ። ብርግጽ ሓቶም እዮም። ንጽህናኻ ምሕላው እቲ ዝበርተዐ ቃልሲ እዩ። ንዝሙት ስዒረ ተቖጻጺረ ክትብል ትጸንሕ እሞ፡ ብዘይፈለጥካዮ ምኽንያት ከኣ ተመሊስካ ትወድቕ።

*መጽሓፍ ቅዱስ ሓደገኛነት ናይ ዝሙት ብኸምዚ መገዲ ገይሩ ይገልጸልና። «ኣይትስሓቱ ኣመንዝራታት ወይ መምለኽቲ ጣኦታት ዘመውቲ ወይ ሕንቁቓት ወይ ግብረ ሰዶም ዝገብሩ ሰረቕቲ ወይ ሱሱዓት ወይ ሰኸራማት ወይ ተጻረፍቲ ወይ ዘረፍቲ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይክወርስዎን እዮም»* /1ይ ቆሮ 6፥9-10/

ኣብዚ ቃል እዚ፣ *መጽሓፍ ቅዱስ ንኹሉ ዓይነት ዝሙት ክኹንኖ እንከሎ ንርእይ ኣለና። ኣመንዝራነት ቅድሚ ሓዳር ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ እዩ። ዝሙት ከኣ ካብ ሓዳርካ ወጻኢ ዝፍጸም እዩ። ኣመንዝራ፣ ኣንጻር ስጋኡን መዳቕስቱን/ወይ ኣንጻር ስጋኣን ኣንጻር መዳቕስታን/ እዩ እቲ ሓጢኣት ዝፍጸም። ዘመውቲ ግና፣ ኣንጻር ስጋኦም፡ ኣንጻር መዳቕስቶምን፡ ኣንጻር በዓል ቃል ኪዳኖምን እዮም ነቲ ሓጢኣት ዝፍጽምዎ።*

*ግብረ ሰዶም`ውን ፍንፉን ሓጢኣት እዩ። «ግብረ ሰዶም ዝገብሩ» ብምባል ወዲ ምስ ወዲ፡ ወይ ጓል ምስ ጓል ኣብ ተመሳሳሊ ጾታ ዝፍጸም ዝሙት ኩሉ ዓቢ ሓጢኣት ከምዝኾነ የረዳኣና። «ደቂ ኣንስትዮኦም ነቲ ናይ ባህርይ ተራክቦኤን ናብ ናይ ዘይባህርየን ለወጠኦ። እቶም ተባዕትዮ`ውን ከምኡ እቲ ናይ ባህርይ ምርኻቡ ጓል ኣንስተይቲ ሓዲጎም ኣብ ነንሕድሕዶም ብትምኒቶም ረሰኑ፡ ሰብኡት ኣብ ሰብኡት ነውሪ ገበሩ»* /ሮሜ 1፥26-27/ ብምብል ግብረ ሰዶም ኣጸያፊ ከምዝኾነ ብግልጺ ቅዱስ ጳውሎስ *ነጊሩና። ጐይታ ብወገኑ ኩሉ ዓይነት ፍትወት ሓጢኣት ምዃኑ ይነግረና። «ንሰበይቲ ክብህጋ ዝጥምታ ኩሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ»* /ማቴ 5፥28/። ናብ ኣንጻር ጾታ ብትምኒት ምብሃግ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናብ ተመሳሳሊ ጾታ ብፍትወት ምጥማት`ውን ሓጢኣት እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ዘበን፣ እቲ ናይ ሓጢኣት ዓይነት እናወሰኸ፡ ሓደስቲ ሓጢኣት ናብ ዝርዝር ኣስማት ይውሰኹ ኣለዉ። ኣጸያፊ ስእሊ ብዕልግና (pornography) ምርኣይ ኣብ ንኣሽቱ ህጻናትን መንእሰያትን ዓቢ ጸገም ኮይኑ ኣሎ። ኣጸያፊ ስእሊ ምርኣይ ናብ ስጋዊ ፍትወትን ግብረ ሕቡእን ይመርሓካ።

*መጽሓፍ ቅዱስ ብከምዚ መገዲ ኣገፊሑ ንኹሉ ዓይነት ዝሙት እናኾነኖ ክነሱ፡ ከመይ ጌርካ ክትቃለስ ከምእትኽእል ግና ኣይምህረናን። ስለዚ ካብ ተመኩሮ መነኮሳት ኣቦታትና ኣገደስቲ መምርሒታት ክንወስድ ኢና። ኣቦታት ሓደ ሰብ ኣቐዲሙ ክጥንቀቐሎም ዝግባኣ ነገር ከምዘሎ ይምህረና። ንሳተን ከኣ*

- ❖ **ኣመጋግባኻ ተቆጻጸር፦** ንብልዒ ሃርገፍገፍ ዝብል ሰብ ንዝሙት ክስዕር ኣይክእልን`ዩ። ከብዲ ኣመና ክትጸግብ እንከላ ስጋዊ ስምዒት ክምተለዓዓል፣ ኣቦታትና ይምህሩ። ሓደ ሰብ ናብ መግቢ ዘለዎ ስምዒት ክቆጻጸር ዘይክእል እንድሕሪ ኾይኑ፣ ከመይ ገይሩ`ኸ ነቲ ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ስምዒት ጾታዊ ርክብ ክቆጻጸር ይኽእል?!
- ❖ **ድቃስካ ተቆጻጸር፦** ኣመና ድቃስ ምብዛሕ ጾታዊ ስምዒት የለዓዕል እዩ። ኣብ ናይ ዝሙት ሓጢኣት ንከይትወድቅ ድቃስካ ክትቖጻጸር ይግባእ። ብዝሒ ድቃስ ጽቡቕ ኣይኮነን።*«ኣታ ሃካይ ክሳብ መዓስ ኢኻ በጥ እትብል? መኣስከ ኢኻ ካብ ድቃስ ትትንስእ?»* /ምሳ 6፥9/ *«ድኻ ምእንቲ ከይትኸውን ድቃስ ኣይትፍቶ»* /ምሳ 20፥13/።
- ❖ **ሕርቃንካ ተቖጻጸር፦** ሕርቃንና ክንቆጻጸር ዘይንኽእል እንተ ኾይንና ዝኾነ ስጋዊ ፍትወት ክንስዕር ከምዘይንኽእል ኣቦታትና ኣትሪሮም ይምህሩና። ንሕርቃንን፡ ዝሙትን «ብቐሊሉ ዝለዓዓል ሓጢኣት» ብምባል ኣብ ሓደ ክፍሊ ይምድብወን። ገለ ኣቦታት ዉን፡ ናይ ዝሙትን ናይ ሕርቃንን ጋኔን ሓደ ዓይነት እዮም ብምባል ይምህሩ። ብቀሊሉ ሕርቃኑ ክቆጻጸር ዘይክእል ሰብ፡ ንጽህንኡ ክሕሉ`ውን ኣይኽእልን።
*«ሓደ ሰብ ብባህሪኡ እናዘሓለን ትዕግስተኛ እናኾነን ክመጽእ እንከሎ ግና፣ ንጽሀና ስጋኡ ውን ክሕሉ ይክእል። ሕርቃን ፍጹም ክቆጻጸር ምስ ጀመረ ከኣ ድንግልንኡ ንዘለኣለም ክሕሉ ይኽእል።»*

ካብ ውልቃዊ ተመኩሮይ እዘን ክልተ ነጥብታት ክውስኸለን፦

- ❖ **መስተ፦** ኣልኮላዊ መስተ ስጋዊ ስምዒት የለዓዕል እዩ። ሼክስፒር ንመስተ «ድሌት የለዓዕል ኣፈጻድምኡ ውን ኣይሕብርን» ብምባል ይገልጾ። ምስታይ ኣልኮላዊ መስተ እንዳነከኻ ክትመጽእ እንከለኻ፡ ስጋዊ ስምዒት ናይ ምቑጽጻር ሓይሊ እንዳደለብካ ትኸይድ።

  ካህን ኮይነ ካብ ዘገልገልኩሉ ነዊሕ ዓመታት ብዙሕ ዘሕዝን *ታሪኽ* መንእሰያት ሰሚዐ እየ፡ እዛ *ታሪኽ ግን ፈጺማ* ካብ ሕሊናይ ክትጠፍእ ኣይክኣለትን። ጀርመናዊ መበቆል ዘለዋ ጓል 16 *ዓመት ሃይማኖታዊት መንእሰይ እያ፡ ንደቀይ መጽሓፍ ቅዱስ ተንብበሎም ስለዝነበረት ብጣዕሚ ንፈትዋ ኔርና። ሓደ እዋን ኣዲኣ «ዓለምኪ ዘይትርኢ ናብ እናገረቤት ዘሎ ጓይላ ኬድኪ ሳዕስዒ» ኢላ ምስ ተዛረበታ በቲ ሓሳብ ሰለ ዝተሰማመዐት ናብቲ ጓይላ (ፓርቲ)* ከደት። *ሓደ ወዲ መስተ ሂብዋ ክትሰቲ ሓደረት። በታ ለይቲ እቲኣ ድማ፣ ድንግልንኣ ኣፍሪሳ፡ ጥንሲ`ውን ሒዛ ተረፈት። እቲ ምስኣ ዝደቀሰ`ዉን በዓል ሓዳርን ኣቦ ቆልዑን ነበረ። ነቲ ጥንሲ ክትሰዶ እንተ ደለየት ኣዲኣ ከልከለታ። ንዕኣ ክትናቢ ድማ፡ ኣዲኣ ናብ ስራሕ ዓለም ተመለሰት። እቲ ዘሕዝን ግና ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ እታ ጓል ብሰንኪ ልቢ ድኻም ካብዚ ዓለም ተፈልየት።*

- ❖ **<u>ሳዕስዒት</u>፦** መብዛሕትኡ ዝምድናታት (ጾታዊ ዕርክነት) ብሳዕስዒት (ዳንስ) ይምስረት እዩ። ሕጂ`ውን ካብ ተዘክሮታተይ ከዕልለኩም። ኣብ ሰማንያታት እዩ፣ ናብ ሕ.መ.ኣሜርካ ከገልግል ኢለ ከይደ ነይረ። ቅዳሴ ተወዲኡ "እተው" ምስተባሃለ፡ ጓል 13 ዓመት ቆልዓ እናነበዐት ትቐርበኒ። ቀስ ኢለ ምስ ኣህዳእክዋ ነቲ ነገር ከተዕልለኒ ናብ ቤ/ጽ ወሰድክዋ። ድሕሪ ብዙሕ ንብዓት ከኣ ስጋዊ ርክብ ከም ዝፈጸመት ነገረትኒ። ናብ ናይ ሳዕስዒት ቦታ ከይዳ ምስ ሓደ ወዲ 15 ዓመት ክትስዕስዕ ድሕሪ ምምሳይ፣ በታ ለይቲ`ቲኣ ድንግልና ከምዘፍረሰት ነገረትኒ። «ዓሚጽኪ ድዩ?» ኢለ ሓተትክዋ። «ኣይፋል! ኣቦይ ቀሺ ምስቲ ዝነበረ ብርሃን፡ ደርፍን ሳዕስዒትን ኣካላትና ይላገብ ሰለ ዝነበረ ድሌታተይ ክቆጻጸር ኣይከኣልኩን፡ ከምቲ ንሱ ዝደለየኒ ኣነ`ውን ደልየዩ እየ።» ብምባል ብሰንኪ ሳዕስዒት ናብዚ ሓጢኣት ከምዝወደቐት ነገረትኒ።

ናብ ምህሮ ኣቦታትና ንመለስ፤

*መማህራን ኣቦታትና፣ ብልዒ፡ ድቃስን፡ ሕርቃንን ተቖጻጺርና ከነብቅዕ፡ ትሕትና እንተ ዘይብልና ንጽህናና ክንሕልው ከም ዘይንኽእል ይነግሩና። «ድንግልና ክትሕልው እንድሕሪ ደሊኻ ትሕትና ይሃሉኻ፡ ብዘይ ትሕትና ንጽህና ክህልወካ ኣይክእልን» ብምባል ይምህሩና።* ኣንጻር ስጋዊ ድሌት ኣብ ዝግበር ቃልሲ፣ እቲ ቀንዲ ጸገም ኣብ ርእስና ጥራይ ስለ እንምካሕ እዩ። «ኣነ ከምዚ ክገብር እየ፣ ኣነ ክዕወት`የ» ንብል።

ሓደ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ መምርሒ ክነግረኩም፤ «ኣነ» ኢሉ ዝጅምር ስራሕ፣ ኩሉ ግዜ ውድቀት`ዩ ዝገጥሞ። ኣብ ገዛእ ርእስና ጥራይ ንውክል እንተ ኮይንና ክንወድቕን መመሊስና ክንወድቕን ኢና። ብሰብኣዊ ሓይሉ ንስጋዊ ትምኒት ዝስዓረ ሰብ የለን። ኣቦታት ከምዚ ይብሉ፣

> *«ብሓይልናን ጻዕርናን ጥራይ ንጽህናና ክንሕሉ ኣይንኽእልን፤ ብቐጻሊ ክንቃለስ እንከለና ግና ብመለኮታዊ ጸጋ፡ ብኣምላካዊ ረድኤት ብዙሕ ትምህርቲ ክንረክብ ኢና። ስለዚ፣ ሓደ ሰብ ካብ ስጋዊ ትምኒትን ፍትወትን ሓራ ምእንቲ ክኸዉን ብዘይ ምቁራጽ ክጽዕር ኣለዎ። ብናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይሊ ንስጋዊ ንጽህና ምሕላው ከምዘይከኣል ኣቀዲምና ንፍለጥ። ኮይኑ ግና እቲ ንገብሮ ጻዕሪ፣ መለኮታዊ ሓይሊ የውህበና እዩ።»*

ብምሳሌ ከረደኣኩም፦

ኣብ ልዕሊ ጣውላ ዘላ መጻወቲት ከረክብ ደልዩ ዝጽዕር ቆልዓ ውሰዱ። ነቲ ጣውላ ክርክቦ ስለ ዘይክእል ናብ ላዕሊ እናነጠረ ክርክባ ይፍትን፣ ክርክባ ግና ኣይከኣለን። ኣብ ልዕሊ ዱኳ ተሰቂሉ ክርክባ ፈቲኑ ኣይከኣለን፣ መናብር ሰሪዑ`ውን ክርክባ ጽዒሩ፣ ግና እቲ መንበር ሸተት ስለዘበለቶ ከየርከባ ወደቐ። ስለዝተሃሰየ ኸኣ በኸየ። ክዕዘቦ ዝጸነሐ ኣቡኡ ድማ ነቲ መጻወቲ ኣውሪዱ ሃቦ። እቲ ቆልዓ ነቲ መጻወቲ ብጻዕሩ ኣይኮነን ዝረኸቦ፣ ኮይኑ ግን እቲ ዝገበሮ ጻዕሪ ሓገዝ ኣቡኡ ከምዝረክብ ጌርዎ፣ ብናይ ኣቡኡ ሓገዝ ድማ ነታ ዝደለያ መጻወቲት ረኸበ።

ኣባና ዘሎ ጸገም ውን ከምዚ እዩ። ንፍትን ንወድቕ፣ መመሊስና`ዉን ንፍትን፣ ኣመና ስለእንሓዝን ከኣ ንነብዕ፣ ኣምላክ ከኣ ስለቲ ዝገበርናዮ ቃልሲ ርእዩ ይሕግዘና።

እዚ ምስ ገበርና ግና፡ ሽዑ ንሽዑ ዲያብሎስ ብሓይልና ከም ዝተዓወትና ገይሩ፡ ከረድኣና ይፍትነና። ነዚ ሓሳብ እንተ ተቐቢልናዮ ድማ፣ ናብ ናይ ቀደም ምግባርና ተመሊስና ንወድቕ። እዚ ነገር ምድግጋሙ ኣዝዩ የገርም እዩ። ንሕና`ውን ስለምንታይ ከምዝወደቕና ከይመርመርና፣ ኣብቲ ናይ ውድቀት ዓንኬል ኮለል ንብል። ኣበምኔት ኬርሞን (Abot Chaermon) ከምዚ ይብሉ፦

*«ኣንጻር ናይ ዝሙት መንፈስ ክንቃለስ እንከለና ብዉልቃዊ ጻዕሪና ዓወት ከምዘይንረክብ ክንፈልጥ ይግባእ። ካብ ተመኩሮ`ዉን እንተ ኾነ እዚ ነገር ከቢድ እዩ። ገለ ሰባት ንጹህንኦም ዝሓለዉ ይመስሎም እሞ፡ ዉሽጣዊ ቅሳነት ይስምዖም፡ ብውሽጦም`ዉን ክዕበዩ ይጅምሩ። ነዚ ኹሉ ብናቶም ጻዕሪ ጥራይ ዝበጽሑ ይመስሎም። እቲ ብኣምላኻዊ ረዲኤት ዝዘሓለ ስጋዊ ስምዒት ምእንቲ ከሳቅዮም ከኣ፡ እቲ ሰማያዊ ጸጋ ካብዞም ሰባት ይርሕቕ። ብናታቶም ጻዕርን ሓይልን ንጽህንኦም ክዕቅቡ ከም ዘይክእሉ ብተመኩሮ ክሳዕ ዝርዱኡ`ውን፣ ዋላሓደ ሓገዝ ኣይረኽቡን እዮም። ምሕረት ኣምላኽ ብተደጋጋሚ ንጽህና ክዕድለና እንከሎ፡ ነቲ ብጸጋ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ረሲዕና፡ ብጻዕሪና ከም ዝበጻሕናዮ ጌርና ብምርኣይና፡ ኣብ መጻወድያ ድያብሎስ ንኣቱ። ብጸጋ ኣምላኽ ደኣ እምበር ብጻዕርና ንጽህናና ክንሕልዎ ከም ዘይንኽእል ክሳዕ ዝርድኣና እዚ መስርሕ ይቕጽል።»*

ኣብ ከምዚ ዓይነት መጻወድያ ምስ ዝወድቕ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧?

ቅድሚ ኩሉ እዚ ውድቀት እዚ ኣምላኽ ንጽቡ`ቕካ ኢሉ ከም ዝፈቀዶ ፍለጥ። ካልኣይ፣ ምኽንያት ውድቀትካ ትዕቢትካ ምኻኑ ኣሚንካ ኣምላኽ ጸግኡ ክህበካ ለምኖ። ኣበምኔት ኬርሞን፦

> *«ሓደ ሰብ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንጽህንኡ ክዕቅብ ይክእል`ሞ፣ ብድሕሪ`ዚ ዘይወድቕ ኮይኑ ስለዝስምዖ፡ ክዕበ ይጅምር። ትዕቢት ከርኢ ምስ ጀመረ ድማ፣ ጐይታ ምእንቲ ድሕነት ናይቲ*

*ሰብ`ቲ ኢሎ፣ ካብኡ ይፍለዮ። ጐይታ ካብኡ ምስ ረሓቀ (ጸጋ ኣምላኽ ምስ ገደፎ) ከኣ፣ እቲ ዝምክሓሉ ዝነበረ ደረጃ ንጽህና ክስእኖ ይጅምር። ነዚ ነገር ምስ ኣስተበሃለ ግን ቀልጢፉ፣ ናብታ ወሃቢ ጸጋ ኣምላኽ ክምለስ ኣለዎ። እዚ ናይ ነዉ ነጀዉ ወይ ከኣ ናይ ዕንኪላሎ ኣካይዳ፣ ኣብ ህይወትና ጠቓሚ ትምህርቲ እዩ። ኣምላኽ በዚ ከምዚ ዓይነት ናይ ዕንኪላሎ መስርሕ ኣቢሉ፣ ነቲ ብጸግኡ ዝርኸብ ኣማናዊ ንጽህና ክሳብ እንበጽሖን፣ ምስ በጻሕናዮ ዉን ኣኽቢርና ተጠንቂቕና ክንሕልዎን፣ ይገብረና። እዚ ኩሉ ዉን በቲ ናቱ ሓይሊ ስለዝበጻሕናዮ፣ ትዕቢት ካብ ህይወትና ኣርሒቕና፣ ብትሕትና ክንቃለስ ንጅምር»*

እዚ ኮለል`ዚ፣ ማለት ሓንሳብ ጽድቂ ሓንሳብ ከኣ ዉድቀት፣ ብዙሕ ግዜ ዋላ ዓመታት ውን ከይተረፈ ክወስድ ይኽእል። ኮይኑ ግና እዚ መስርሕ`ዚ ብዙሕ ተመኩሮ ስለዝምህረናን፣ ኣንጻር ትዕቢትን ከንቱ ውዳሴን ውን ክንቃለስ ስለዘኽእለና፣ ንዓና ሰናይ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት መጻወድያ ዉን ብተደጋጋሚ እንተ ወደቕካ ኣይትጨነቕ። ኣብ በረኻታት ኣስቀጢስ ብብሕትውና ፍልጥቲ ዝኾነት እሞሆይ ሳራ (Amma sarah) ን14 ዓመት ኣንጻር ዝሙት ከምዝተቓለሰትን ኣምላኽ ግና፣ ደሓር ሓራ ከምዘውጽኣ ገድላ ይነግረና። ሙሴ ጸሊም ውን ከምኡ።»

ቀጻሊ ክንወድቕ እንከለና፣ ዉልቃዊ ሓይሊናን ክእለትናን ካብዚ ኩናት ከድሕነና ከምዘይክእል ንእመን። ሽዑ`ዩ ኣምላኽ ካብ ሓልዮቱ ተበጊሱ ዕረፍቲ ዝህበና። ድሕሪኡ በቲ ዓቅሚ ዘይብሉ ክእለትና ስለዘዋረደና ብጣዕሚ ትሑታት ኮይንና ኣለና። ጸጋ ግና በዚሑልና፣ እቲ ኩናት ኣቋሪጹ፣ ፈተና ውን ኣየሸገረናን። ሽዑ ኣብ ልብና ሰላም ንረክብ። እቲ ዝረኸብናዩ ዕረፍቲ ፈጺሙ ምስ ጻዕሪና ዘይዛመድ እዩ፣  ግን ጸጋ  ኣምላኽ ዘምጽኦ ዓወት ምኳኑ ስለዝርድኣና፣ ባህ ይብለና።

## ንጽህና (ድንግልና) ንምሕላው ዝግበር ቃልሲ፣

ከምቲ ካልእ ስነ-ምግባር ሕጂውን ብጸሎት ጀምር። ኣምላኽ ናይ ከናፍር ምንቅስቓሳት ዘይኮነስ፣ ንጽህና ብልቢ ከምትደሊ ኣርእዮ። ንርክሰት (ዝሙት) ክትጸልእ ኣለካ፣ ምኽንያቱ ኣብ ልብኻ ናይ ሓጢኣት ድሌት እንከለካ፣ ኣምላኽ ንጽህና ክዕድለካ ምልማን፡ ዳርጋ ከተተዓሻሽዎ ምፍታን`ዩ።

ነዚ ደረጃ ክትበጽሖ ምስ ዘይትኽእል`ከ እንታይ ክትገብር ይግባኣካ? ማለት፣ ብዙሓት መንእሰያት ክናስሑ ይደልዩ፣ ግን ሓጢኣት ስለዘይጸልኡ ክናስሑ ኣይከኣሉን። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ብቐጥታ ነቲ ኩሉ ዝፈልጥ ኣምላኽ ምንጋር እዩ። ምስ ዘማራይ ዳዊት «ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ» በል።

ኣብ ንግሆ ዝቐርብ ጸሎት መባእ፤ «..ብዙሕን ዉሑድን ሕቡእን ግሁድን ዝኾነ ዘቕረቡ፣ ክህቡ እናደለዩ ዚህብዎ ንዘይብሎም ድልየቶም ተቐቢልካ ብጽሒቶም ክትከዉን ንኹሎም ዓስቢ በረኸት ሃቦም» ኢልና ንጽልይ ኢና። ነቶም ሞባእ ዝሃቡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ክህቡ ዝደልዩ ግና ስለዘይብሎም ዘይሃቡ፡ ከምዝሃቡ ተቖጺሩ ክባረኹ ቤተክርስትያን ትጽልይ እያ። ካብዚ ጸሎት ተበጊስካ ኣብ እግሪ መድሓኒዓለም ተደፊእካ ***«ኦ ጐይታ፡ ኣነ ሓደ ካብቶም እንዳደለዩ፡ ግን ብሰንኪ ስእነት ክህቡ ዘይከኣሉ እየ። እንተ ዝህልወንስ ንጽህናይ ምወፈኹልካ ግን ኣይከኣልኩን»*** በሎ። ቅዱስ ኣውግስጢኖስስ ሓደ ግዜ ኣብ ከምዚ ዓይነት ደረጃ ስለዝነበረ «ኦ እግዚኣብሔር ክናሳሕ ይደሊ ኣለኹ፣ ሕጂ ግና ኣይኮነን ክሳዕ ሕጂ ስምዒታተይ ኣይፈጸምኩን» ብምባል ጸልዩ እዩ። ኣምላኽ ጸሎቱ ስለዝተቐበሎ፡ ነቲ 30 ዓመት ሙሉእ ኣብ ዝሙት ዝነበረ ሓጥያተኛ፡ ጳጳስ ንክኸውን ኣብቅዖ።

ብዛዕባ ንጽህና ንኣምላኽ መብጽዓ ኣይትእተው። ዝኾነ ነገር ውን ኣይትመባጽዑ፣ ምኽንያቱ ክትቆጻጸርዎ (ክትመልኽዎ) ንዘይከኣልኩም ነገር መብጽዓ ኣይእተዉን እዩ።

ከምዚ ኢልካ ብጸሎት ምስ ተበገስካ፣ ኣስዒብካ ኣንጻር ዝሙት ሓቀኛ ጻዕርን ቃልስን ግበር። በዚ ኣጸያፊ ስእልታትን ፊልምታትን (Pornography) እናረኣኻን፡ ኣብ ኣእምሮኻ ክፉእ ሓሳባት እናሓሰብካን፡ በቲ ሓደ ግን ደው ኢልኻ ናብ ኣምላኽ ምጽላይ፣ ዓቢ ጌጋ እዩ።

ቅጽበታዊ ውጽኢት ጻዕርኻ ኣይትጸበ፡ ከምዚ ትገብር እንተ ኴንካ ንርእስኻ ተመጻድቕ ኣለኻ። ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዕብየትካ ዝፈልጦ። ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ውጽኢት ከይሓሰብካ፣ ብሙሉእ ዓቕምኻ ተቓለስ ኣምላኽ ጻዕርኻ እንበር ውጽኢትካ ኣይደልይን። ኣምላኽ ዋላ ኣብ መወዳእታ ውደቕ ብዘየገድስ፣ ትብዓት ቃልስኻ ጥራይ እዩ ዝደሊ።

ቅዱስ ቲዮፋን ባህታዊ ብምሳሌ ከምዚ ብምባል የረድኣና።

«ሓደ ወታሃደር ብጸላእቱ ተኸቢቡ ክነሱ ተስፋ ከይቆረጸ ክሳብ ናይ መወዳእታ ትንፋሱ ብኹሉ ዓቕሙ እንተ ተቃሊሱ፣ ከም ጅግና ተቖጺሩ ብዙሕ ማዕርግ ይወሃቦ እዩ። ኮይኑ ግና፡ ጸላእቱ ርእዩ ብምፍራሕ፣ ናይ ስዕረት ምልክት ጻዕዳ ባንዴራ ኣርእዩ እንተ ተማረኸ ግና፣ ከም ጠላም ከዳዕ እዩ ዝቑጸር። ስለዚ ንስኻ ውን ውጽኢት ጻዕርካ ከይተገደስካ ተቓለስ። ምናልባት ንስኻ ከም ውድቐት ትቆጽሮ ትኸውን፣ ኣምላኽ ግን ከም ዓወት እዩ ዝቖጽሮ።»

ዲያብሎስ ንቅዱስ እንጦንስ ርእሰ መነኮስት ብብዙሕ መንገዲ ፈቲንዎ እዩ። ሓንሳብ ብዘፈራርሑ ኣራዊት፡ ሓንሳብ ብጓል፡ ሓንሳብ ወርቂ ብምርኣዩ ተፈቲኑ። ኣብቲ ኩሉ ፈተና ግን እንጦንስ ተቓሊሱ። ኣብ መወዳእታ ግና ብክፋእ ኣራዊት ተመሲሉ ብምምጻእ ሃለዋቱ ክሳብ ዘጥፍእ ቀጥቀጦ። ወዲ መዝሙሩ ወዲቑ ምስ ረኸቦ ከኣ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝነበረት ቤተክርስቲያን ወሲዱ ከም ዝሕከም ገበረ። ቅዱስ እንጦንስ ሃለዋቱ ምስ ፈለጠ፣ ናብ ላዕሊ ጠመተ`ሞ፣ ናሕሲ ናይቲ ቤተክርስቲያን ተኸፊቱ፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዙፋኑ ኮፍ ኢሉ ረኣየ። ሽዑ ቅዱስ እንጦንስ እናሓዘነ *«ጐይታይ! ድያብሎስ ክሳዕ ክንደዚ ገይሩ ክቕጥቕጠኒ እንከሎ ኣበይ ኔርካ?»* ብምባል ተዛረቦ። ጐይታ ከኣ *«እንጦንስ፣ ኣነስ ኣብ ጥቓካ እየ ነይረ፣ ኮይኑ ግን ጽቡቕ ጌርካ ትቃለስ ስለዝነበርካ ዓስብኻ ምእንቲ ክይትስእን ኢለ፣ ጣልቃ ካብ ማእታው ተቘጠብኩ»* ብምባል መለሰሉ። ርኢኹም! እንጦንስ ብድያብሎስ ስለ ዝተቀጥቐጠ ከም ውድቀት ወሲድዎ፣ ጐይታ ግና ዓስቢ ዘውህብ ዓወት ገይሩ ገሊጽዎ። ካብዚ ታርኽ ንመሃሮ ነገር እንተ ሃልዩ፣ ውጽኢቱ ብዘየገድስ፣ ሱቕ ኢልካ ተቓለስ።

## ፈተናታት ዲያብሎስ

ክትቃለስ ከለኻ ዲያብሎስ ብብዙሕ መንገዲ ክፍትነካ እዩ። እዚኣን እተን ፍሉጣት ሜላታቱ እየን።

ንነዊሕ ግዜ ትቓለስ እሞ ሓደ መዓልቲ ግና ወዲቅካ ንበል። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ እንከለኻ፡ ድያብሎስ እቲ ቅድም ሕጂ ዝገበርካዮ ንብላሽ ምዃኑን ኩሉ ነገር ከም ዝኸሰርካን ኣምሲሉ ብምቕራብ፣ *«ኩሉ ጻዕርኻ ከንቱ ካብ ኮነስ ንቑሩብ ግዜ ስምዒትካ ኣርውዮ እሞ ደሓር ትቃለስ»* ዝብል ሓሳብ የቕርበልካ። ጌጋ! ብትብዓት ስለ ዝተቓለስካ ኩሉ ነገር ንከንቱ ኣይኮነን። ኩሉ ነገር ንብላሽ ኣይኮነን። ኣብ ኩናት ኢካ ተወጊእካ እምበር ኣይተስዓርካን። ብናይ ርኽሰት ሓሳብ ኣይትውሓጥ! *«ክዕወት ኣይክእልን እየ»* ኢልካ ናብ ዝሙት እንተ ተመሊስካ፡ እዚ ጥልመት እዩ። እናተቓለስካ እንከለኻ እንተ ወደቕካ፣ ዓስቢ ክትረክብ ኢኻ። ስለዚ *«ተሳዒረ እየ»* ፣ ኢልካ ናይ ስዕረት ባንዴራ ኣይትስቐል። ደው በል፣ ነቲ ዝጀመርካዮ ቃልሲ ቀጽሎ! ተቓለስ! ጽናዕ! እቲ ንፈተነታት ዝብድህ ጐይታ፡ ብርህራሄኡ ክሕግዘካ እዩ`ሞ ክትዕወት ከኣ ኢኻ።

እቲ ካልእ ሜላኡ ኸኣ፣ *«ደሓር ክትወድቕ ስለ ዝኾንካ ስለምንታይ ክትቃለስ ትፍትን»* ዝብል ሓሳብ የቕርበልካ። ሓደ እዋን፡ ሰይጣን ንሓደ መነኮስ ከምዚ ኢሉ ሓሳብ ምስ ኣቕረበሉ፣ እቲ መነኮስ «ሓንቲ ጉስጢ ንዓኻ ሓንቲ ጉስጢ ንዓይ» ዝብል መልሲ እዩ ሂብዎ። መንፈሳዊ ህይወት ልክዕ ከም መኸተ ጉስጢ እዩ። ኣብቲ ዓንኬል ቃልሲ መንፈሳዊ ህይወት ኣቲኻ፡ ኣንጻር ጸላኢኻ ካብቲ ዓንኬል ክይወጻእካ ክትጓስጥ ወይ ክትቃለስ ይግባእ። ክትዕወት እንድሕሪ ኴንካ ድማ፣ ጸላኢ ክንደይ ግዜ ከም ዝሃረመካ ምጽብጻብ ሓዲግካ፡ ነቲ መቀናቕንትኻ ብጉስጢ ክትሃርሞ ይግባእ። እቲ ውጽኢት ኣብ መወዳእታ እዩ ዝፍለጥ።

ካልእ ሓጢኣት ትፍጽም`ሞ በቲ ግብርኻ ተጣዒስካ ምሕረት ክትረክብ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ክትደሊ እንከለኻ፤ ዲያብሎስ *«ክንደይ ትደርቕ ኢኻ፣ ነዚ ኩሉ ኣበሳ ጌርካሲ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ኣይትሓፍርን»* ብምባል ይወቕሰካ። ጸኒሑ፣ «ክሳዕ እትነጽህ ቁሩብ ሰዓታት ወይ መዓልታት ጽናሕ`ሞ ድሕሪኡ ትጽልይ» ዝብል ሓሳብ የቕርበልካ።

ጌጋ! ናብ እግዚኣብሔር ከምታ ዘለኻያ ኢኻ ክትመጽእ ዝግባእ። ኣብነት ናይቲ ጥፉእ ወዲ ንዘክር /ሉቃ 15/። እቲ ጥፉእ ወዲ ናብ ኣቦኡ ክምለስ ምስ ደለየ፣ ብኡንቡኡ እዩ ተመሊሱ። ናይተን ሓሰማታት ርስሓት ኣብ ነብሱ ነበረ፣ ኮይኑ ግና ክሳብ ዝጸርይን ሓድሽ ክዳን ክሳዕ ዝኽደንን ኣይተጸበየን። ኣብኡ`ውን ንወዲ ፍጹም ብረስሓቱ ኣይተጸየፎን። ብፍቅሪ ናይቲ ሞይቱ ዝነበረ ግን ሕጂ ግና ህያው ዝኾነ ወዱ ስለ ዝተሸነፈ፡ ንወዱ ምስ ርስሓቱ እንከሎ ጎይዩ ሓቚፉ ሰዓሞ።

እቲ ብመንፈሳዊ ጽሑፋቱ ዝፍለጥ ኦርቶዶክሳዊ መነኮስ፣ ኣባ ለዌ ጊለት ከምዚ በለ፣ *«ሓደ ነገር ርጉጻት ኩኑ፣ እግዚኣብሔር ሓጢኣት እናፈጸምኩም ከለኹም`ውን የፍቅረኩም እዩ»* ። ድያብሎስ ኣንጻር ናይዚ ሓሳብ`ዚ እንተ ነገረካ ሓሳዊ ስለዝኾነ እዩ። ስለዚ እንድሕሪ ወዲቕካ ሽዑ ንሽዑ ብድድ ኢልኻ ናብ ኣቦኻ ኺድ። ኣብ ቅድሚኡ ተንበርኪኽካ *«ኦ ኣቦይ ኣብ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ። ደጊም ወድኻ ክበሃል ኣይበቅዕን`የ»* በሎ። እቲ ሰማያዊ ኣቦ ኸኣ ብቕጽበት ክሓቁፈካን ብፍቕሪ ገይሩ ክስዕመካን እዩ። ዘይውዳእ ሓልዮቱ ከኣ ክተስተማቅሮ ኢኻ። ደጊም ደልዲልካ ብምቛም ተቓለስ። ኣብዚ ግና ክትዝንግዖ ዘይብልካ ነገር ኣሎ፣ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ኣበ ነፍስኻ ቀሪብካ ሓጢኣትካ ተናዘዝ።

እቲ ካልእ ሜላታት ብተደጋጋሚ ትወድቕ ትናሳሕ። ሽዑ ዳያብሎስ *«ክንደይ ግዜ ኢኻ ከምዚ ትገብር ኩሉሳዕ ናብኡ ክትምለስ ኮለኻ ሱቕ ኢሉ ዝቕበለካ መሲሉካ?»* ብምባል ተስፋ ከቁርጸካ ይፍትን። እቲ መልሲ ግና፣ "እወ" እዩ። ጴጥሮስ ንሓወይ ክንደይ ግዜ ይቕረ ክብለሉ ኢሉ ምስ ሓተቶ ሸውዓት ግዜ ሰብዓ ብምባል`ዩ ጐይታ ዝመለሰሉ። ንዓና ሸውዓተ ግዜ ሰብዓ ይቕረ ክንብል ዝጽበየና ኣምላኽ፣ ክንደየናይ ንሱ ኣብዚሑ ይቕረ ዘይብለና። ብተደጋጋሚ ሓጢኣት እንተ ፈጸምካ ብድድ ኢልካ ናብ ኣምላኽ ኪድ። ፈጺሙ ዝባኑ ኣይህበካን`ዩ።

ሓደ እዋን ሓደ ኣብ ዓለም ዝነበር ናብ ገዳም ከይዱ፣ ንሓደ መነኮስ «ንስኻትኩም ካባና ካብቶም ኣብ ዓለም እንነብር ብምንታይ ትፍለዩ?» ኢሉ ሓተቶም። እቶም መነኮስ ከኣ ከምዚ ኢሎም መለሱሉ። «ንሕና ንወድቕ ንትንስእ፡ ንወድቕ ንትንስእ፡ ንወድቕ ንትንስእ» ርኢኹም ኩላትና ኣብ ሓንቲ ጃልባ ኢና ዘለና!

ብተደጋጋሚ እንተ ወደቕካ ኣይትጉሃይ፣ እዚ ናይ ትዕቢት ምልክት እዩ። እዚ ውድቐት ኣምላኽ ትሕትና ክምህረካ ደልዩ ዝሰደዶ ጌርካ ተረዳኣዮ። ሓደ ኣቦ «ካብ ዓወት ምስ ትዕቢት፡ ውድቐት ምስ ትሕትና ይበልጽ» ይብሉ። ቅዱስ ይስሃቅ ሶርያዊ *«ገለ ሰባት ንኣምላኽ ብሰነ-ምግባሮም የሐጉስዎ፣ ገሊኦም ከኣ ብስቡርን ትሑትን ልቢ የሐጉስዎ»* ይብለና። ስለዚ ዋላ ብሓጢኣት እንተ ወደቕካ ስቡርን ትሑትን ልቢ ኣርእይ። ብልብኻ ተጠዓስ፣ ኣምላኽ ከኣ ባህ ክብሎ`ዩ።

ገለ ሰባት ብዙሕ ጽዒሮም ዓወት ስለዘይረኸቡ፣ ተስፋ ይቖርጹ። ንኣበምኔት ኬርሞን፤ *«ሓደ ሰብ ንጽህንኡ ክዕቅቦ ክንደይ ግዜ ይወስደሉ?»* ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበሉ፡ ከምዚ ኢሉ መለሰ።

«ካብ ዘይጠቕም ዘረባ፡ ዋዛ ርሒቑ፡ ሕርቃኑ ተቆጻጺሩ ዓለምን ፍትወታን ንዒቑ ኣብዚሑ ከይበልዐ፡ ኣብዚሑ ከይደቀሰ፤ ነዚ ኩሉ እናገበረ` ውን ንጽህና ብናቱ ጻዕሪ ዘይኮነስ ብምሕረት ኣምላኽ ዝረኸቦ ምዃኑ ንዝኣምን ሰብ፣ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክዕወት ይኽእል።»

ከምዚ ዓይነት ንምግባር *መንፈሳዊ* ዓቕሚ ዝውሕዶ ሰብ`ከ ክንደይ ግዜ ክወስደሉ እዩ? ሽዱሽተ *ዓመት*? እምኔት ሳራ ዓሰርተ ኣርባዕተ *ዓመት* ከምዝወሰደላ ኣይትዘንግዕ።

ሓደ ሓደ እዋን ብከምዚ ዝስዕብ ሜላ ጌርና ንሰይጣን ክነታልሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ግዜ ጾም ቀልጢፋ ዝጠሚ ሓደ *መነኮስ* ነይሩ፣ ሰይጣን ከኣ ጾሙ ንኽቓርጽ ይፍትኖ። ብከምዚ ክፍተን እንከሎ ግን *«ክልተ ምዕራፍ ዳዊት ንጸልይ`ሞ ደሓር ክንበልዕ ኢና»* ይብሎ ነበረ። ጸኒሑ ድማ *«ሕጂ ከኣ ክልተ ዳዊት ንድገም`ሞ ክንበልዕ ኢና»* እናበለ ብኸምኡ ይቕጽል። ሃንደበት ከኣ እቲ ናይ ጥሜት ስምዒት ካብኡ ይርሕቀሉ፣ ምኽንያቱ ድያብሎስ ተስፋ ቆሪጹ ካብኡ ስለዝረሓቐ።

ንሕና`ውን *ተመሳሳሊ መገዲ* ክንኽተል ንኽእል ኢና። ንሓጢኣት ብቆጸራ እናኣናዋሕና፣ ተስፋ ከምዝቆርጽ ንገብሮ። ሰይጣን ክፍትነካ እንከሎ *«ሎሚ ንደቅስ እሞ ጽባሕ እንታይ ከምእንገብር ክንርኢ ኢና»* ብምባል ኣታልሎ። ከምዚ ብምግባርና ድማ፣ ነቲ ሓጢኣት ስዒርና ክሳዕ ነርሕቆ፣ ውድቀትና ክነናውሖ ንኽእል። ከምኡ`ውን፡ ሓጢኣት ናይ ምቅዋም ሓይልና ይውስኽ፣ ናይ ውድቐትና ብዝሒ`ውን ይንክይ።

ኣብ *መወዳእታ*፡ ኣምላኽ ንጽህና ምስ ዓደልካ እንታይ ክንገብር ይግባእ? ኣባ ኬርሞን ንስመዓዮ፦

«ንጽህና ዝተዓደሎ ሰብ በቲ ዝተወሃቦ ጸጋ ክሕጎስ ይግባእ። ነዚ ንጽህና ከኣ ብናቱ ጻዕርን ንቕሓትን ዘይኮነስ ጐይታ ስለ ዝሓለዎ ከምዝረኸቦ ይረዳእ። ስጋኡ ውን፣ ኣምላኽ ብምሕረት ክሳዕ ዝፈቐዶ ግዜ፡ ብንጽህና ከምትጸንሕ ይፍለጥ። ኣብ ኣካይድኡን ኣብ ምግባሩን ኣይመካሕ፣ «ገዛእ ርእሰይ ክገትእ ይኽእልየ» ኢሉ`ውን ብሓሶት ኣይታለል። *መለኮታዊ* ሓለዋ ንቑሩብ ግዜ እንድሕሪ ሓዲግዎ፣ *መሊሱ* ክወድቕ ከምዝኽእል ይዘክር። ነዚ ንጽህና ንዘለኣለም ኣምላኽ ክዕቅበሉ ድማ ብዘይምቁራጽ ብስቡርን ትሑትን ልቢ ይጸልይ።»

# ምዕራፍ.9 - ምልላይ ሓሳባትን ምናፍስትን

*መንፈሳዊ* ህይወት ኣብ ተግባር ክንነብሮ እንከለና፡ ምልላይ ሓሳባትን *መናፍስትን* ኣድላይ እዩ። ምልላይ *መናፍስቲ* ካብ ጸጋታት *መንፈስ* ቅዱስ ሓደ`ዩ /1ይ ቆሮ 12፥10/። *መጽሓፍ* ቅዱስ *«እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ ምዃኖም መርምሩ እምበር ንመንፈስ ዘበለ ኩሉ ኣይትእመንዎ»* /1ይ ዮሃ 4፥1/ ይብለና። ንጉስ ስለሞን እግዚኣብሔር ንክህቦ ዝለመኖ ውን ነዚ ጸጋ`ዚ እዩ። *«እምበኣርሲ ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን ፈልየ ንህዝቡ ምእንቲ ክፈርድ`ሲ፣ ንባርያኻ ኣስተውዓሊ ልቢ ሃቦ።»* /1ይ ነገ 3፥9/። ቅዱስ እንጦንስ፡ ንምልላይ ሓሳባት ከም ቀንዲ ረቋሒ *መንፈሳዊ* ህይወት ገይሩ ይሰርዖ፣ ምኽንያቱ ብዘይምልላይ ሓሳባት፣ ኣየናይ ስነምግባር`ዩ ንኣምላኽ ዘሐጉሶ፣ ፈሊና ክንፈልጥ ስለ ዘይንኽእል።

## ምልላይ ሓሳባት

ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰባት፡ *መዓልታዊ* ዝመላለስ ሓሳባት ኣለዋ። እዘን ሓሳባት ካብ ሰለስተ ነገር ይምንጭዋ፦

1. **ካብ ገዛእ ርእስና**፣ *«እግዚኣብሔር ንሓሳባት ሰብ ከንቱ ምዃኑ ይፈልጦ እዩ»* /መዝ 94፥11/ ከምዝብለና፣ ሓሳባት ካብ ሰብ ባዕሉ ይብገስ`ዩ።
2. **ካብ እግዚኣብሔር** (ካብቲ ምሳና ዝሓደረ *መንፈስ* ቅዱስ) ሓሳባት ይምንጭው *«ኣሕሊፎም ክህቡኹም ከለዉ እንታይ ከምትዛረቡ በታ ግዜ እቲኣ ክወሃበኩም እዩ ከመይ ወይስ እንታይ ከምትዛረቡ ኣይትጨነቑ።»* /ማቴ 10፥19-20/

3. **ካብ ዲያብሎስ** *«ክድረሩ ከለዉ ኸኣ ድያብሎስ ናብ ልቢ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን ከትሕዞ ቅድም ሓሳብ ኣእትዩ ነበረ»* /ዮሃ 13፥2/። *«ጴጥሮስ ከኣ በል እንሆ ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ካብ ዋጋ እቲ ምድሪ መቐልካ ክትሓብእሲ ስለምንታይ ንልብኻ ሰይጣን መልኦ»* /ግብ 5፥3/።

ምንጪ ናይ ሓሳባት ከተለልዮ፡ ማለት ናይቲ ትሓስቦ ሓሳብ ምንጩ ፈሊኻ ክተፈልጦ ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ እዋን ቅድም ካብ ኣምላኽ ዝተበገሰ ሓሳብ ይመጽእ እሞ፣ ጸኒሑ ድማ መሊሱ  ካብ ሰይጣን ክመጸካ ይኽእል። ኣብ /ማቴ 16/ ነዚ ይምህረና። *«ስምኦን ጴጥሮስ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፣ ሰምኦን ወዲ ዮና እዚ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ እምበር ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እዩ`ሞ ብጹእ ኢኻ።* /ማቴ 16፥16-17/ *«ካብ ሽዑ ኢየሱስ ንደቐ መዛሙርቱ ናብ እየሩሳሌም ክድይብ ብዓበይትን ብሊቃውንት ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ክጸግብ ክቕተል ብሳልሳይቲ መዓልቲ ውን ክትንስእ ከምዝግብኦ ክገልጸሎም ጀመረ። ጴጥሮስ ከኣ ንበይኑ ገይሩ "ይባህልካ እባ ደኣ ጐይታይ እዝስ ኣይብጻሕካ" ኢሉ ክገንሖ ጀመረ። ኢየሱስ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ "ካባይ ረሓቕ ሰይጣን ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ ንዓይ መዐንቀፊ ኢኻ" በሎ»* /ማቴ 16፥21-23/።

ኣብዚ ጽሑፍ`ዚ ከምንርድኦ፣ ኣብ ኣእምሮ ቅዱስ ጴጥሮስ ቅድም ካብ እግዚኣብሔር ዝመንጨወ ሓሳብ ተቀቢሉ ከብቅዕ፣ መሊሱ ግና ብኡንብኡ ሓሳብ ሰይጣን ስዒብዎ። ቅዱስ ጺጥሮስ፡ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘይተቐበለ ሓሳብት ኮነ መናፍስቲ ከልልይ ኣይከኣለን። መጽሓፍ ቅዱስ *«መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ ምኻኖም መርምሩ»* ኢሉ የጠንቅቐና እምበር መናፍስቲ ከምይ ጌርና ክነለሊ ከምንኽእል እቲ ልክዕ መምርሒ ኣይነገረናን። ስለዚ ሕጂ`ውን ናብ ተመኩሮ ገዳማውያን ኣቦታትና ክንምለስ ኢና። ሕጽር ብዝበለ ከኣ፦

1. እቲ ሓሳብ ፍርሃት እግዚኣብሔር ኣለዎ ድዩ የብሉን?
2. ንኹሉ ሰብ ጽቡቕ ድዩ?
3. ምስ ትምህርቲን ስነምግባር(ኣካይዳ) ጐይታን ሓዋርያትን ዝሳነይ ድዩ?
4. እቲ ሓሳብ ሰላምን ህድኣትን የለዓዕል ድዩ? ዋላስ ሕርቃን፡ ህውከትን ረብሻን እዩ?

ውሽጣዊ ሰላምካ ዝዘርግ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ሓሳብ ብዙሕ ኣይትእመኖ። ገለ ገለ እዋን ናይ ሕርቃን፡ ምኹናን፡ ፍርዲን ምፍልላይን ዘለዎ ሓሳብ ክለዓዕለልና እንከሎ፡ ገሌና ነዚ ሓሳብ`ዚ ተቀቢልና ብቕንኢ ኣምላኽ ዝተመራሕና ይመስለና። እግዚኣብሔር ከመይ ኢሉ ከምዝዛረብ ኣብ ታሪኽ ኤልያስ ነጊሩና እዩ።

እግዚኣብሔር ንኤልያስ ክዛረቦ ምስ ደለየ *«እግዚኣብሔር ሓለፈ ቀቅድሚ እግዚኣብሔር ከኣ ብርቱዕ ንፋስ ኣኽራን ሰንጠቐ፣ ኣኻውሕ ድማ ሰባበረ፣ ድሕሪ እቲ ንፋስ ከኣ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኮነ እግዚኣብሔር ግና ኣብቲ ምንቅጥቃጥ ኣይነበረን፡ ድሕሪ እቲ ምንቅጥቃጥ ድማ ሓዊ ነበረ፣ እግዚኣብሔር ግን ኣብቲ ሓዊ ኣይነበረን ድሕሪ እቲ ሓዊ ከኣ ህዱእ ቅሩብ ደሃይ መጸ።»* /1ይ ነገ 19፥11-12/

ድምጺ ኣምላኽ ኣኽራን ዝስንጥቕ ወይ ሓዊ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝገብር ብርቱዕ ኣይኮነን። ቅንኢ ምፍልላይ ጭንቀት ዝተመልአ ሓሳብ ካብ ኣምላኽ ከምዘይከዉን ንረዳእ። ህድኣት፡ ስላምን፡ ትሕትናን ዝመልኦ ግና ሓሳብ እግዚኣብሔር እዩ።

5. እቲ ሓሳብ ክብገስ ከሎ ናይ ታህዋኽ መንፈስ ኣለዎ ድዩ፣ ቀልጢፍካ ክትገብሮ ይህውኸካ`ዶ? ከምዚ እንድሕሪ ኮይኑ ካብቲ ፈታኒ ድያብሎስ እዩ ዝኸውን። መንፈስ ቅዱስ ቀስ ኢሉ ብህድኣትን ብስቕታን`ዩ ዝዓዩ። ሓደ እዋን ቅዱስ መቃርዮስ ዓቢ፣ ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ባሕታውያን ንክርኢ፣ ዘለዓዕል ሓሳብ ምስ መጾ እቲ ሓሳብ ካብ ድያብሎስ ከይከውን ብምባል ንክልተ ዓመት ዝኣኽል ነቲ ሓሳብ መርመሮ።

ኣድላይ ዝበሃል ጥንቃቐታት ጌርካ ክነስኻ ድያብሎስ ግን ከሽክዓካ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ጉዳይ ማለት ሓሳብካ ኣብ ምምርማር እቲ ዝበለጸ መገዲ፡ ንኣባት ነፍስኻ ምንጋር እዩ። ቅዱሳን ኣቦታትና ምንጪ እቲ ዝመላለሶም ሓሳብት ምእንቲ ከለልዩ፣ ነዚ ሜላ`ዚ እዚ ከም ቀንዲ ይጥቀሙሉ እዮም። ንኣብነት ቅዱስ መቃርዮስ ንእመምኔት ሳራ ኩሉ ሓሳቡ የካፍላ ኔሩ። ቅዱስ ሙሴ ጸሊም መንፈስ ቅዱስ ንዝመልኦ 18 ዝዓመቱ ንኣባ ዘካርያስ ሓሳብ ይገልጸሉ ነይሩ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኹም ሓሳብ ኣይትመርኮሱ ብፍላይ ኣብ ወሰንቲ ጉዳያት ንመንፈሳዉያን ኣቦታት ነማኽር። ኣነ ብውልቀይ ተማሂረሉ እዩ።

ቅድሚ ብዙሕ ዓመት ይገብር፣ ኣብ ናይ መጀመርያ ዓመት ናይ ክህነት ኣገልግሎተይ እዩ። ኣብ ቤተክርስቲያን ሓድሽ መደብ(ፕሮጀክት) ምስ ኣመምና፣ ኣብ ጉባኤ ብዙሕ ምፍሕፋሕ ተፈጢሩ። ገለ ኣባላት ናይቲ ጉባኤ ውን ካብ ቤተክርስትያን ክርሕቁ ይጅምሩ። ክልተ ሰሙን ቅድሚ ምጅማር እቲ ፕሮጀክት ኣብ ኣኣምሮይ "ካብዚ ፕሮጅክት`ዚ ፍቕርን ሓድነትን ይበልጽ" ዝብል ሓሳብ ክመላለሰኒ ጀመረ። ነቲ ፕሮጅክት ኣቋሪጸ ነቶም ህዝቢ ከተዓርቐም ከምዝግባእ ዝነግር መልእኽቲ`ዉን ካብ ኣምላኽ ዝተላእከኒ ኮይኑ ይስመዓኒ ነበረ። ሽዑ ነቲ ዝሓሰብክዎ ንኣባላት ሰበኻ ጉባኤ ይነግሮም። ሓደ ካብኦም ግና *«ኣቦና፣ ኲሉሳዕ ሓሳብና ንኣበ ነፍስና ክናካፍል ከምዝግባኣና ኢኹም ትመኽሩና ኔርኩም፣ ንስኹም`ከ ሓሳብኩም ንኣበ ነፍስኹም ኣካፊልኩም ዲኹም?»* ብምባል ተዛረበኒ።

ነዚ ዘረባ ምስ ሰማዕኩ ብጣዕሚ ሓፊረ። ንኣበነፍሰይ ደዊለ ኸኣ ኣዛረብክዎም ንሶም ከኣ ናይ ድያብሎስ ምኺኑ ነገሩኒ። ኣስዒቦም ውን ብጹእ ጳጳስ ናብቲ ከተማ ከምዝመጹ`ሞ፡ ንዕዖም ብዛዕባ መደባተይ ከማክሮም ነገሩኒ። እቶም ጳጳስ`ውን፡ እቲ ዝተመላለሰኒ ሓሳብ ካብ ድያብሎስ ምኺኑ ደጊሞም ነገሩኒ። ብጣዕሚ ሓፊረ! «ኣነ ክፈልዮ ዘይከኣልኩ ንስኹም ከመይ ጌርኩም ክትፈልይዎ ክኢልኩም?» ብምባል ሓተትኩዎም እቶም ጳጳስ ከኣ፡ «ብዙሕ ስለ ዝተሞከርና ኢና» ብምባል መለሱለይ። ቀጺሎም ድያብሎስ ነቲ መደብ ክዕንቅፍ ሰለዝደለየ ቅድም ናዕቢ ከም ዝለዓል ገበረ። ደሓር ነቲ ጉዳይ ፍቕርን ሰላምን ይሓይሽ ብዝብል ምስምስ ነቲ መደብ ከትርፎ ሓሲቡ እዩ። ስለዚ ሕጂ ሱቕ ኢልካ ነቲ መደብ ቀጽሎ። እቲ መደብ ተሳሊጡ ምስ ረኣይዎ እቶም ዝቃወሙ ዝነበሩ ሰባት ክሃዳኡ እዮም" በሉኒ።

## ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ፣

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ውሳኔ ክንህበሉ ዘይንኽእል ኩነታት ምስ ዝፍጠር እንታይ ክንገብር ይሓይሽ? ንኣብነት ክልተ ዩኒቨርሲታት ተቐቢለናካ ንበል። እታ ሓንቲ ኣብ ዓድኻ ትርከብ፣ እታ ካልኣይቲ ኸኣ ኣብ ካልእ ከተማ ኮይና ግና ፍልጥቲ ዮኒቨርስቲ እያ። ወይ ከኣ ስራሕ እንከለካ ኣብ ካልእ ዓዲ ብዝሓሸ ደሞዝ ናይ ስራሕ ዕድል ረኺብካ ንበል። ሕጂ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ውሳኔ ክትህብ ስለትሸገር «ኣብዚ ጉዳይ ፍቓድ እግዚኣብሔር እንታይ እዩ?» ኢልና ክንሓትት ኣሎና።

ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ብዙሕ ከቢድ እዩ። ብቕኑዕ መምርሒ ኣቦታት እንድሕሪ ከይድና ግና ቀሊል እዩ። ቅድሚ ነዚ ሕቶ ምምላስና ግና ኣቐዲምና ክንሓስበሉ ዝግበኣና ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ «ስለምንታይ ንዓይ ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ኣድለየ?»

ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝነግረና ፍቓድ ኣምላኽ ሰናይ፡ ባህ ዘብልን ፍጹምን እዩ/ሮሜ 12፥2/። ፍቓድ ኣምላኽ ፍጹም እዩ፣ ዋላሓደ ኣይጎድሎን። መንፈሳዊ፡ ስነ-ልቦናዊን፡ ስምዒታዊን ዕግበት ዝህብ፡ ሰናይን፡ ባህ ዘብልን እዩ። እግዚኣብሔር ናይ መጻኢ ኩነት ስለዝፈልጥ ኣብ መጻኢ ህይወት ንጽቡቕ ዝኸውን ዝሓሸ ነገር ይፈልጥ እዩ።

ናተይ ፍቓደይ ግን ፍጹም ኣይኮነን። ናይ መጻኢ ህይወት ከይተረዳእኩ ንግዚያዊ ጥቕሚ ጥራይ እየ ዝሓስብ። ዋላ`ውን ክፈልጥ እንተ ደለኹ ዓቕሚ የብለይን። ኣይኮነን ናይ መጻኢ ህይወት፣ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን እንታይ ከም ንኸውን ኣይንፈልጥን። ስለዚ`ዩ እቲ ጥበበኛ ሰብ ኣብ ኩሉ ዝገብሮ ነገር ፍቓድ ኣምላኽ ይሓትት እዩ።

ከመይ ጌርና ፍቓድ ኣምላኽ ክንፈልጥ ንኽእል?

ቅዱስ ቲዮፋን ባህታዊ፣ «ኣምላኽ እቲ ሰናይን ፍጹም ዝኾነ ፍቓዱ ክገልጸልና እንተ ኾይኑ ናትና ፍቓድ ክንገድፎን ክንንዕቆን ይግባእ» ይብለና፣ ማለት ብሓቂ ፍቓዱ ክንፈልጥ ከምእንደሊ ንእግዚኣብሔር ክነርእዮ ይግባእ።

ገለ እዋን ብውሽጥና ወሲንና ክነስና ፍቓድ ኣምላኽ ንሓትት ሰባት ኣለና። ገለ እዋን ከኣ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ምሳና ዝሰማማዕ እንተ ኮይኑ ጥራይ ንቕበሎ፣ ካልእ እንድሕሪ ኮይኑ ግና ኣይንቕበሎን። ብከምዚ መገዲ ንቀርቦ እንተ ኼንና ኣምላኽ ፍቃዱ ኣይገልጸልናን።

ቅዱስ ቲዮፋን ባሕታዊ በዚ ምስላ ገይሩ የረድኣና፤

መጺጽ ነገር ዝመልአ ጥርሙዝ ኣላ ንበል። ነዛ ጥርሙዝ መዓር ክንመልኣ እንድሕሪ ኾይንና፣ ቅድም ነቲ ጥርሙዝ ኣጽሪና ንሓጽቦ`ሞ፣ እቲ ጨንኡ መታን ከልግስ ንፋስ ክነህርሞ ኣለና። ብድሕሪ`ዚ ነቲ መዓር ንመልኦ። እቲ መጺጽ ዝበሃል ናትና ድሌትን ፍቓድን እዩ። ፍቓድናን ድሌትናን፡ ፈታዊ ርእሱ፡ ስጋዊ፡ ንሓጺር ግዜ ዝጥምት እዩ። ከምቲ ሰናይ፡ ባህ ዘብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኾነን። እቲ መዓር ግና ሰናይን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ እቲ ናይ ውልቃዊ ሓሳብናን ፍቓድናን ካብ ኣእምሮና ከየልገስና፣ ኣምላኽ ፈጺሙ ፍቓድ ኣይገልጸልናን። ብውሽጥና ወሲንና እንከለና ፍቓድ ኣምላኽ ምሕታት ዳርጋ ኣብ ኣምላኽ ምልጋጽ እዩ።

ስለዚ ከመይ ገይረ ነዚ ነገር ክገብሮ ይኽእል?

ኣተሓሳስባና ሚዛናዊ ብምግባር። ዝኾነ ሓድሽ ነገር ክትሰምዕ እንከለኻ፡ በቲ መጀመርያ ዝሰማዕካዮ ነገር ተመሪሕካ ዘይሚዛናዊ ኣረኣእያ ከተማዕብል ግድን እዩ። ንኣብነት ኣነ ሰራሕተኛ`የ ንበል፣ ኣብ ካልእ ዓዲ ብዝሓሸ ደሞዝ ናይ ስራሕ ዕድል ተዋሂቡኒ። ናይቲ ሓድሽ ስራሕ ብዝሒ ወሰኽ ደሞዝ ንኣተሓሳስባይ ስለ ዝጸልወኒ፣ ነቲ ናይዚ ዕድል ኣሉታዊ ጎንታቱ ከምዘየስተውዕሎ ይገብረኒ። ኣነ ናይቲ ብዝሒ ገንዘብ ጥራይ ክሓስብ እንከለኹ፡ ከስተዉዕሎ ዘይከኣልኩ ነገር ኣሎ። ምናልባት፡ ኣብቲ ሓድሽ ስራሕ ዘይፈትዎ ነገር ክሰርሕ ይግደድ ይኸውን፣ ወይ እቲ ስራሕ ብዙሕ ባህ ዘየብል ይኸውን። ሓንቲ ጽብቕቲ ጎኒ ጥራይ እዩ ዝረኣየኒ። ብዝሒ ደሞዝ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ነገራት ክንፍትሽ እንከለና፣ እቲ ሓደ ወገን ናይታ ሳንቲም ገልቢጥና ክንሪኣ ይግባእ። ወይ ከኣ ኣንጻር ናይቲ ጦብላሕታና ክንሓስብ ኣድላይ እዩ።

ኣብነት ንርአ፤ ኣብ ክልተ ዮኒቨርስቲ ተቐባልነት ረኺበ ንበል። እታ ሓንቲ ኣብ ዓደይ ኮይና ጽቡቕ ዩኒቨርስቲ እያ። እታ ሓንቲ ከኣ ኣብ ካልእ ከተማ እያ። ካብ ስድራ ምስ እትፍለ፣ ነጻነት ስለዝህልወካ፡ እቲ «ድሌትካ ናይ

ምግባር ነጻነት» ናይ ምርካብ ድሌት፣ ካብ ስድራኻ ተፈሊኻ ኣብ ካልእ ዓዲ ኳንካ ክትመሃር እንከለኻ ዘሎ፡ ኣሉታዊ ጎንታት ከም ዘይተስተውዕሎን ከም ዘይትምርምሮን ይገብረካ። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ`ዚ፣ እቲ ሰናይ ባህ ዘብልን ፍጹምን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ እንተ ደሊኻ፡ ኣተሓሳስባኻ ሚዛናዊ ክትገብሮ ይግበኣካ። ኮነ ኢልካ ብዕላማ ነቲ ኣሉታዊ ጎንታት ክትፍትሽ ይግባእ። ካብ ከተማ ወጻኢ ክከይድ እንከለኹ ካብ ስድራይን ኣዕሩኽተይን ክፍለ፣ በይነይ ክኸውን እየ። ዘይፈልጦምን ሓደሽቲ ሰባትን እየ ክረክብ፡ ኣብቲ ከባቢ ዩኒቨርስቲ`ዉን ቤተክርስቲያን ኣይርከብን ይኸዉን ወይ ዉን ቤተክርስቲያን ክረክብ ብዙሕ ሰዓታት ክጓዓዝ የድልየኒ ይኸዉን፣ ካብ ኣበ ነፍሰይ ክርሕቕ እየ፣..... ወዘተ እናበልካ ብንጹር ፍለጦ። ብርግጽ እዚ ኣሉታዊ ጎንታት ሓቂ እዩ። ግን እቲ «ናጻ ናይ ምዃን» ድሌት ከም ዘይነስተውዕለን ይገብረና። ነዚ ነገር ጽቡቕ ጌርና ምስ ኣመዛዚንዮ ነፍሲ ወከፍ ምርጫ ርእሱ ዝኸኣለ (ጽቡቕን ሕማቕን) ኣወንታዊን ኣሉታዊን ጎንታት ክረኣየና እዩ።

እዚ ሜላ እዚ፡ ዋላ ኣብቲ ናይ ስራሕ ዕድላት፣ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ካብቲ ሒዝናዮ ዘለና ስራሕ፡ ናይ ሽሕ ናቕፋ ወሰኽ ደሞዝ ተጌሩልና ኣብ ካልእ ዓዲ ናይ ስራሕ ዕድል ክወሃበና እንከሎ፡ ንደቅና ካብ ቤት ትምህርቶምን ኣዕሩኽቶምን ከም ዝፍለዩ፣ ንሕና`ዉን ካብ ቤት ሰንበት፡ ቤተክርስቲያንን ኣበ ነፍስን ንፍለይ ከም ዘለና ክነመዛዝን ይግባእ።

ሓሳብካ ሚዛናዊ ክትገብር ከለኻ ብቀዳምነት፡ ነቲ ኣሉታዊ ጎንታት ማዕረ ኣወንታዊ ጎንታት ሚዛን ሃቦ። ብድሕሪ`ዚ ኣምላኽ እቲ ፍጹምን ሰናይን ባህ ዘብልን ፍቓድ ክገልጽ ብጸሎት ሕተቶ። ንኣበ ነፍስኻ ውን፣ ኣምላኽ ፍቓዱ ምእንቲ ክገልጸልካ ክጽልዩልካ ንገሮም። እዚ መርኣያ ትሕትናኻን ድልውነትካን እዩ። ምናልባት፡ ነቲ ዝደለኽዎ ነገር ክመርጽየ፣ ኢልካ ትፈርሕ እንተ ኮይንካ፣ ኣተሓሳስባኻ ሚዛናዊ ኣይገበርካን ማለት`ዩ። ንኣባት ነፍስኻ ንኽጽልዩልካ ሓቲትካ ክተብቕዕ`ዉን፡ ብሕልናካ ግን እግዚአብሔር ነቲ ሓደ ፍቓድ ክመርጽ ትምነይ እንተ ኮይንካ፣ ሕጂ`ውን ገና ዕዮ ገዛኻ ኣይወዳእካን ማለት እዩ። እግዚኣብሔር ንዓኻ ዝሓሸ ነገር ከምዝመርጽ ኣይትዘንግዕ። ስለዚ ንሱ ክመርጽ ፍቐደሉ።

ምናልባት፣ ኣምላኽ ንኣተሓሳስባኻ ሚዛናዊ ከይገበርካ እንከለኻ፣ እቲ ዝመረጽካዮ ሓሳብ ክገልጸልካ ይኽእል`ዩ። ንኣብነት ኣብ ግብጺ እንከለኹ ዝፈልጦ ሓደ መንእሰይ ነይሩ። ስድራኡ ብምሉኦም ኣብ ካናዳ ዝነብሩ ክነሶም፣ ንሱ ግና ክሰልጦ ኣይከኣለን። ናይ ካናዳ ኢምባሲ ፍቓድ ቪዛ ብቀጻሊ ይኸልእዎ ነይሮም። በዚ ዝተላዕለ ከኣ ናባይ ዘማርር ደብዳቤ ጸሓፈለይ። ኣነ ኸኣ ብወገነይ፣ ምናልባት ኣምላኽ ዘይፈቐዶ ክኸውን ከምዝኽእል ብምሕባር፡ ኣተሓሳስብኡ ሚዛናዊ ገይሩ ፍቓድ ኣምላኽ ክሓትት ነገርክዎ። እቲ ወዲ`ውን ምኽረይ ሰሚዑ ናብ ካናዳ ዘይምኻዱ ብጽቡቕ ጎኑ ክምርምሮን ክቅበሎን ጀመረ። ንበዓልቲ ቤቱ`ውን፡ "ኣብ ግብጺ እንተ ኳንና፣ ስድራይ ኣብ ግብጺ ክመጹ እንከለዉ፣ ኣብ ገዛና ከዓርፍ እዮም። ናብ ካናዳ ኬድና ሓድሽ ስራሕ ምድላይ ከጸግመና`ዩ፣ ኣብዚ ግና ስራሕ ኣለና። ከድልየና እንከሎ ውን ናብ ካናዳ ኬድና ስድራና ክንበጽሖም ንኽእል ኢና" ብምባል ኣረድኣ። ክልቲኦም በዚ ተሰማሚዖም ኣተሓሳስብኦም ሚዛናዊ ጌሮም ክነብሩ ጀመሩ። ኣብ ግብጺ ምትራፎም ዉን ከም ረብሓ ወሰድዎ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ምዃኑ ዉን እምነት ሓደሮም። ኣብ ከምዚ ሓሳብ እንከለዉ ድማ፡ ናይ ዕድል ኮይኑ ናይ ካናዳ ኢምባሲ፡ ኩሉ ነገር ከም ዝተሳለጠሎምን ሕክምናዊ መርመራታት ክጻፍፉን ብቴሌፎን ዝሓበርዎም።

ጽባቐ ናይዚ ሜላ`ዚ ኣብ ምንታዩ ይመስለኩም?

ተመሳሳሊ ኾነታት ክፍጠር እንከሎ፡ ብተደጋጋሚ በዚ መስርሕ`ዚ ክትፈትሖ ይከኣል`ዩ። እንታይ ክገብር ኢልካ ምሕሳብ ኣየድልየካን`ዩ። ኣተሓሳስባኻ ሚዛናዊ ብምግባር፡ ፍቓድካ ንዒቕካ ኣምላኽ እቲ ሰናይ ባህ ዘብልን ፍጹም ዝኾነ ፍቓዱ ክገልጸልካ ምጽባይ ጥራይ እዩ ዘድሊ። ኣብዚ ግና ኣዚና ክንጥንቀቕ ይግበኣና። ንኣምላኽ ከነታልሎ ኣይንፈትን። ሓደ ሓደ መዓልቲ ፍቓድ ኣምላኽ ንሓትት እሞ፡ ፍቓዱ ምስ ገለጸልና ንጸልኦ። ገለ ሰባት ከማን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ዝቕየር መሲልዎም፣ ኣበ ነፍሲ ካህናት ዝቕይሩ ኣለዉ።

እቲ ካልእ ጸገም ከኣ ፍቓድ ኣምላኽ ረሲዕና ጥራይ እቲ ዝደለናዮ ክህበና ምድላይ እዩ። እዚ ዓቢ ጌጋ እዩ። ብፍላይ ኣብ ሓዳር። ናብ ጳጳስ ኣባ ጰይሞን ቀጻሊ እናመጸ ብዛዕባ ሓዳሩ ዘማርር ሓደ ሰብኣይ ነይሩ።

"ከምዚ ኮይነ፡ ከምዚ ጌራትኒ" እናበለ ምምራር ምስ ኣብዘሐ፣ «ንምዃኑ ነዛ ጓል ቅድሚ ምምርዓውካ ጸሎት ጌርካ`ዶ?» ኢሎም ሓተትዎ። «እወ ብዘይ ምቁራጽ ሸዱሽተ ወርሒ ጸሊየ`የ» ኢሉ መለሰሎም። «እሞ እንታይ ኢልካ ጸሎት ኣቕሪብካ?» ኢሎም ደጊሞም ሓተትዎ። እቲ ሰብኣይ ከኣ «ኦ ኣምላኽ ነዛ ጓል ከምዝምርዓዋ ግበረኒ» ኢለ`የ ጸሎት ዘቕረብኩ ብምባል መለሰሎም።

ብዙሓት ምንእሰያት ኣብ መስርሕ ሓደር ፍቓድ ኣምላኽ ኣይሓቱን። ሓደ እዋን ሓንቲ ጓል «እንትርፎ ኣብ መርዓ ኣብ ካልእ ጉዳይ ፍቓድ ኣምላኽ ክቕበል`የ፣ ኣብ ሓዳር ግና ኣይደልይን» በለትኒ። ኣነ ከኣ እቲ ምኽንያት ሓተትክዋ። እዛ ጓል ድማ «ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ቤ/ት/ ሰንበት ዝምህር ሱቕ ዝብል፡ መሰላቸዊ ዲያቆን ክምርዓው እዩ፡ ዝደልየኒ። ኣነ ኸኣ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓዳር ክኣቱ ኣይደልይን» ። ብምባልያ መሊሳትለይ። ብወገነይ «መን ይፈልጥ ምናልባት ኣምላኽ መምህር ቤ/ት/ሰንበት ዝኾነ ሕጉስ ዲያቆን እንተሃበኪ`ኸ» ኢለ መሊሰላ።

ሓደ ወዲ`ውን «ኣብ ጉዳይ ሓዳር ባዕለይ ክሓሪ`የ ዝደሊ» ብምባል ክዛረብ እንከሎ፣ «መጻመድቲ ክትመርጽ እንከለኻ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይትሓትት እንተ ኾይንካ፣ መገዲ ጥፍኣትካ ባዕልኻ ትሓሪ ከምዘለኻ ኣይትረስዕ።» ብምባል መለስኩሉ።

ህይወትና ብኽልተ ሰባት እትምራሕ ጃልባ እያ። እቲ ሓደ ይጀልብ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኣንፈት ይቐጻጸር። ጥበበኛ ሰብ እቲ ናይ ኣንፈት መቖጻጸሪ፡ «ኦ ጐይታ ንስኻ ኣንፈተይ ሓልው» ኣነ ግና ክጅልብ እየ፡ ብምባል ንጐይታ ኣንፈቱ (ህይወቱ) ክመርሓ የረክቦ። መብዛሕቱና ግና ኣምላኽ ክጅልብ፡ ንሕና ኣንፈት ክንቆጻጸር ኢና ንደሊ።

ፍቓድ ኣምላኽ ምሕታትን ኲሉ ነገር ብጸጋ ምቕባልን ጽቡቕ እዩ። ዝተከስተ ኹነታት ብዘየገድስ ኣይትፈርሕን ኢኻ ምኽንያቱ ፍቓድ ኣምላኽ እንተኮይኑ ሰናይ፡ ባህ ዘብልን፡ ፍጹምን እዩ። ዋላ ንግዚኡ ቀጨውጨው እንተ በለና ንዘልኣለም ሰላም ዝህብ እዩ።

ሰብሃት ለእግዚኣብሔር፣

ወለወላዲቱ ድንግል፣

ወለመስቀሉ ክቡር ኣሜን!